# ትንተና ፖሊሲ ኢትዮጵያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ




**ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ**
**ትርጉም፤ ዑቕባስላሰ መሓሪ**

**ኣብዚ መጨረሽታ እዋን፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ርእሲ'ቲ ሰራዊት ብምኽታት ወደብ ዓሰብ ኤርትራ ብሓይሊ ክሕዞ'የ እናበለ ዝፈራርሓሉ ዘሎ ግዜ፡ ዝኽተሎ ዘሎ ተጻባኢን ኣስፋሕፋሒን ፖሊሲ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ወጥሪ እናዛየደ ይኸይድ ኣሎ። እቲ ሓዊ እንተ ድኣ ተባሪዑ፡ ሃልሃልታኡ ኣብ'ዚ ብመሰረቱ ዝልብለብ ዘሎ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክልሕም ምኳኑ ድማ ዘማትእ ኣይኮነን። ከምኡ'ውን ኣብቲ "ዓረባዊ ጽድያ" ኣብ 2011 ኣብ የመን ካብ ዝኣተወሉን ንስርዓት ፕረዚደንት ዓሊ ዓብደላ ሳልሕ ብምግላፍ ኣብ የመንን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን መጻብቦ ባብ ኤልመንደብን ብቐጥታን ተዘዋዋሪን ናይ ዞባውን ኣህጉራውን ሓይልታት ምትእትታው ኣፍደገ ዝኸፈተሉ እዋን ኣትሒዙ፡ ሽግራት ዘተኣናግድ ዘሎ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ግምት ዘይተገብረሉ ከቢድ ሳዕቤን ክወርዶ ይኽእል እዩ።**

**ከም መእተዊ ናይ'ዚ መጽናዕት'ዚ፡ ኣገዳሲ ሓበሬታ፡**

1- ብ18 **መጋቢት** 2025 **ሚኒስትሪ ጕዳያት ወጻኢ፡ ምስ ኣብ ኣስመራ ዝመደበሮም ዲፕሎማሰኛታትን ወኪላት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዘካየዶ ኣኼባ፡**

2- ብ26 **ሰነ** 2025 **ብመንግስቲ ኤርትራ ዝወጸ ጋዜጣዊ መግለጺ፡**

3- ከምኡ'ውን ብ16 መስከረም 2025 ብመራኸቢ ብዙሃን መንግስቲ ኤርትራ "ንሰላም፡ ንዞባውን ኣህጉራዊ ሕግን ንሓደጋ ዘቃልዕ ዕንደራ !" ብዝብል ኣርእስቲ ዝተሓበረ ፖለቲካዊ ሰነድ ክቐርብ'ዩ።

**ሀ - ኣኼባ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ምስ ዲፕሎማሰኛታት ኣብ ኤርትራ ንዝመበሮምን ወኪላትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ብ18 መጋቢት 2025**



ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመገዲ ማእከላት መጽናዕቲ፡ ክፍልታት ስለያን ማዕከናት ዜናን ሓሶታት ብምዝርጋሕ ኲናት ንምውላዕ ዝደልዩ ሓይልታት መንግስቲ ኤርትራ ዕድል ከሊኡዎም እዩ። ገለ ካብኡ ወግዓዊ መግለጺታት ኢትዮጵያ ክጥቐስ ይከኣል። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ኩነታት ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ግርጭታትን ሽግራትን ንምእላይ፡ ንናይ ሓሶት ክሲታት ንምቅላዕ፡ ንዝተማህዘ ሓሶታት ንምኽሳሕን ንድሙቕ ሓቂታት ንምኹላዕን ብ18 መጋቢት 2025፡ ኣብ ኤርትራ ንዝርከቡ ኣምባሳደራትን ኣባላት ማሕበረሰብ ዲፕሎማሲን ሓለፍቲን ወኪላትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣብ ኤርትራ ኣኼባ ብምክያድ ብዛዕባ'ቲ ሰለስተ ክሲታት ብኸምዚ ዝስዕብ ገሊጹ።

1- "ኤርትራ ኣንጻር ኢትዮጵያ ኲናት ንምክያድ ተዳልያ ኣላ ዝብል ክሲ »

2 « ስምምዕ ፕሪቶርያ »

3 « ኣፍ-ደገ ባሕሪ ንምርካብ ዘሎ ናይ ኢትዮጵያ ጽላለን ምስኡ ዝሰዓበ ዲፕሎማስያዊ ዘመተታትን ወተሃደራዊ ፈኸራታትን። »

ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ሓቂታት ብኸምዚ ዝስዕብ ኣብሪሁ።

1-ኣብ ሕዳር 2022 ኲናት ደው ምስ በለ፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ'ቲ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘለዎ ዶባቱ ብቐጥታ ተመሊሶ እዮ። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ገና ኣብ መሬት ኢትዮጵያ ኣሎ እናተባህለ ዝፍኖ ዘረባታት ግን ንውሽጣዊ ሽግራት ኢትዮጵያ ንኤርትራ ሓላፍነት ንምስካም እዩ። 2- "መንግስቲ

ኤርትራ ንስምምዕ ፕሪቶርያ ከም ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ስለዝርእዮ ኣብኡ ክኣቱ ኣይደልን እዩ።"
3"መንግስቲ ኤርትራ ኣብቲ ኣብ መንጎ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዝቅጽል ዘሎ ውሽጣዊ ቁርቁስ ዝኾነ ይኹን ተራ የብሉን። ካብዚ ወጻኢ ንዝቐርብ ክሲ ኸኣ ብትሪ ይነጽጎ።"
4"ኤርትራ በቲ ኢትዮጵያ ናብ ባሕሪ ንምብጻሕን መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ንምምስራትን ዘለዋ ኣደናጋሪን ብሉይን ጥሙሕ ኣዝያ'ያ ትግረም" ነዚ ኸኣ "ብዲፕሎማሲ ወይ ብሓይሊ" በዚ መዳይ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ዝምልከቶም ኣካላቱን ኢትዮጵያ ሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ናይ ጐረባብታ ሃገራት ንኽተኽብር ጸቕጢታት ክገብሩላ ኤርትራ ትጽውዕ። [1]

**ለ- ጋዜጣዊ መግለጺ**

**መንግስቲ ኤርትራ ብ26 ሰነ 2025 ነዘን ዝስዕባ ኣርባዕተ ነጥብታት ዝሓዘ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣውጺኡ፣**

1- « ኣብ ዝሓለፈ ሒደት መዓልታት፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ጽዑቕ ዲፕሎማስያዊ ዘመተ ተጸሚዱ ቀንዩ ኣሎ። እዚ ዘመተ'ዚ፡ ናብ ዋና-ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራትን ሓያሎ መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን መልእኽቲ ምስዳድ ዘጠቓለለ እዩ። ትሕዝቶ ናይ'ቲ መልእኽቲ፡ ንኤርትራ ብ"ተደጋጋሚ ምትኹታኹን ጥሕሰት ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን" ብሓሶት ዝጥቅንን ዝኸስስን እዩ። »

2 - « እቲ ሓቂ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ሰልፊ ብልጽግና፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት፡ ብቓላቱ "እንተተኻኢሉ ብሕጋዊ መገዲ፡ ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ብሓይሊ" ወደባት ኤርትራ ንምሓዝ ዝዓለመ፡ ዓንዳሪን ዘይምኽኑይን ጽዑቕ መርዛም ዘመተን ተኹታኹ ተግባራትን ከካይድ ጸኒሑ'ዩ። እዚ ስርዓት'ዚ፡ ክንዮ ቃላት ብምኻድ'ውን፡ ኣብ ዕድጊ ኣጽዋርን እልቢ ዘይብሉ ኣነዓዓቢ ተግባራትን ተጸሚዱ'ዩ ሓግዩ። »

3 — « እዚ ተኹታኹ ተግባራት'ዚ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ከምኡ'ውን ንዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ከቢድ ናይ ሓደጋ ደወል'ኳ እንተኾነ፡ ኤርትራ ልዑል ነፍሰ-ግትኣት ክትክተል'ያ መሪጻ። ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ናይ ኵናት ኣጀንዳኡ ምስ ኣወጀ'ውን እንተኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ ብ16 ጥቅምቲ

2023 ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ነቲ ኩነታት ብኣርምሞ ብምግንዛብ፡ “ከም ወትሩ — ኣብ ከም’ዚ ዝኣመሰለ ጕደናታትን መኣዲታትን ከምዘይዕደም እናረጋገጸ፡ ንዅሎም ግዱሳት ከይትንኰዩ” ምምሕጻኑ ዝዝከር’ዩ። »

4 — « እዚ ዘየድሊ ወጥሪ’ዚ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ልኡላዊ መሬትን ባሕራዊ ግዝኣትን ጕረቤት ሃገሩ ንምጉባጥ ካብ ዘለዎ ዘይሕጋውን እዉጅን ጥሙሕ ዝመንጨወ’ዩ።እዚ ናይ ምስፍሕፋሕ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዝተሓጽረ ዘይኮነስ፡ ንዅለን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓደ ደረጃ ወይ ብኻልእ ደረጃ ዘጠቓለለ እዩ። ሓድሽ ተርእዮ ዘይኮነስ፡ ካብ መወዳእታ ካልኣይ ኲናት ዓለም ጀሚሮም፡ ካብ መስፍናዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ክሳብ ዓሌታዊ  ስርዓት ኣቢይ ኣሕመድ፡ ከምኡውን ወተሃደራዊ ስርዓት ደርጊ፡ ብሄራዊ ስርዓታት መለስ ዜናዊን ሃይለ ማርያም ደሳለኝ ዝጸንሑ ፖሊሲ እዩ። » (2)

**ሐ - ፖለቲካዊ ሰነድ**

**ኣብዚ ፖለቲካዊ ሰነድ ዝተሓዙ ሽዱሽተ ቀንዲ ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፣**

1-« ኣብ’ዚ ቀረባ መዓልታት - ምስ ምምራቕ ሓጽቢ ሕዳሰ ተተሓሒዙ ከኣ፡ “ሕልሚ ሽሕ ዓመት ፈለግ ኒል መዕለቢ ረኺቡ’ሎ፡ ጉዳይ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ናይ ግዜ ሕቶ ጥራይ’ዩ” ፡ “ቀይሕ ባሕሪ ቅድሚ ሰላሳ ዓመታት ኣካል ኢትዮጵያ’ዩ ነይሩ። ናይ ትማሊ ጌጋ ኽኣ ጽባሕ ክእረም’ዩ።”፡ ከምኡ’ውን “ኢትዮጵያ ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ዋንነት ወደብ ዓሰብን ታሪኻዊ መሰል ኣለዋ” ክብሉ ተሰሚዖም። »

2 — «  እዞም ቅንጣብ ሕንከት ዘይብሎም ሰበ-ስልጣን፡ ንዝፈጠርዎ ጽዋ/ትረኻ ንምርጓድ፡ ነቲ ዝጸልመተ ምዕራፋት ዘመናዊ ታሪኽ ናይዚ ዞባ ዝኾነ እዋን ምልሓቕ (annexation) ክጠቕሱ ይስምዑ እዮም። ነዚ ዘይሕጋዊ ተግባርን ግናይ ሕሉፍን ብምግናን’ውን፡ ታሪኽ ክጥምዝዙ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቲ ዓንድታት ዞባዊ ምርግጋእ ዝኾነ መትከላት ልኡላውነትን ኣህጉራዊ ሕግን ንምጉዕጻጽ ክመጣጠሩ ይርኣዩ። ነቲ ዘይሕጋዊ ተግባራት ምልሓቕ ዝግበር ወደሳ ድማ፡ ካብ ምርኻስ ፖለቲካ ሓሊፉ፡ ካልእ ትርጉም ክወሃቦ ዝከኣል ኣይኮነን። ንቅሉዕ ወራር ሕጋውነት ንምልባስ ዝደናደን፡ ንኢትዮጵያን ጎረባብታን ከቢድ ሳዕቤናት ዘለዎ - ክስገር ዘይብሉ ቀይሕ መብራህቲ’ዩ። »

3- « ኣብዚ ደጊምካ ክንጸር ዘለዎ፡ ኤርትራ ምስ ጎረባብታ ሃገራት ክትተሓባበር ጸገም ከምዘይብላ፡ ብኣንጻሩ - ኣብ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝተሰረተ፡ ብግሉጽነት

ዝዝተየሉን ብግቡእ ቅጥዕታት ዝትግበርን ስምምዓት ንኽህሉ፡ ብዘይ ምስልካይ ክትሰርሕ ጸኒሓ'ላ። ይኹን'ምበር፡ ሓቀኛ ምትሕግጋዝ - ብበይናዊ ዕንደራን ዘይሕጋዊ ተግባራትን ዘይኮነ፡ ብምክብባር፡ ሕጋዊ ንጹርነትን ሓባራዊ መብጽዓ ንምርግጋጽን ጥራይ'ዩ ክረጋገጽ ዝኽእል። »

4- « ኢትዮጵያ ትኽተሎ ዘላ "ብሓይሊ ዘይናትካ ክትውንን" ናይ ምድላይ ስትራተጂ፡ ክንዮ ዶባታ ዝኸይድ ሓደገኛ ክስተት'ዩ። ብቕልውላዋት ክሕመስ ንዝጸንሐ ተነቃፊ ዞባ ንካልእ ሓደጋ ዘቃልዕ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት'ዚ ዞባ ዘይምትእምማን ዘስፍን፡ ከምኡ'ውን ዕድላት ምትሕግጋዝ ዘማህምን'ዩ። »

5 - « እዚ ብቐንዱ ናብ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዘነጻጸረ ሓደገኛን ዘይሓላፍነታውን ስግኣታት፡ ን"ሃናጺ ውዕል ኣፍሪቃዊ ሕብረት"፡ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ከምኡ'ውን ንቐንዲ መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሕስ'ዩ።"

6 - « ህልው ኩነታትን ክውንነትን ኢትዮጵያ ኣብ ግምት ምስ ዝኣቱ፡ ዕንደራ ሰበ-ስልጣን ብልጽግና ዝያዳ ኣተሓሳሳቢ ይኸውን። ቁጠባ'ታ ሃገር ብዘይ ግዳማዊ ትኳቦ ወይ መግደፍ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ፡ ዓለማዊ ባንክን ካልኦትን ጠጠው ክብል ዘይክእል ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ክብሪ መነባብሮ ድማ ብደረጃ ዓለም ካብቶም ዝለዓሉ'ዩ። » (3)

ናይ ምስፍሕፋሕን ምዕማጽን ፖሊሲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ጥራይ ዝተተግበረ ዘይኮነስ፡ ንኹለን ሃገራት ቀርኒ ኣፍርቃ ዘረኻኸበለን ፖሊሲ እዩ። እዚ ሓድሽ ተርእዮ ዘይኮነ፡ ካብ መወዳእታ ካልኣይ ኲናት ዓለም ጀሚሩ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ስልጣን ዝደየቡን ዝተተኻኸኡን ስርዓታት፡ ብመስፍናዊ ስርዓት ሃይለ ስላሴ፡ ወተሃደራዊ መንግስቲ ደርግ፡ ኣብ ብሄራዊ ፍልልይ ዝተሰረተ ስርዓት መለስ ዜናዊን ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር ሃይለ ማርያም ደሳለኝን ዓሌታዊ መንግስቲ ኣብዪ ኣሕመድን ክቕጽል ዝጸንሐ ፖሊሲ'ዩ።

ኣብዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ'ዚ፡ ንታሪኻውን ፖለቲካውን ሓቂታት ቅኑዕ መኣዝን ንምትሓዝ፡ ነቶም ንኣረጊትን ሓድሽን ኣጀንዳታቶም ንምዕዋት ክብሉ ኣብዚን ኣብትን ብስሩዕ ንታሪኻዊ ሓቂታት ዝጥምዝዙ ፖለቲከኛታት ኢትዮጵያን ገለ ሓይልታትን ክኢላታት ቀርኒ-ኣፍሪቃ ኢና ዝብሉ ገለ ጽሓፍትን ደረስቲን ጋዜጠኛታትን ዕድል ንምኽላእ፡ ንቀንዲን መሰረታውን መለለይታታት ወጻኢ ፖሊስታት ኢትዮጵያን ኣብ ዞባ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ክነቕርብ ኢና።

# ቀንዲ መለለይታታት ፖሊሲ ኢትዮጵያ
# ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ 1930-2025

ፖሊሲ ኢትዮጵያ ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ኣብ ዝሓለፈ 95 ዓመታት ኣብ ሓደ ጥሙር መጽናዕታዊ ጽሑፍ ብዘይምድላዉ፡ ሕጂ ነቲ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተጋህደ ቀንዲ ታሪኻውን ፖለቲካውን ማዕርፎታትን ድሙቕ ኣርእስቲታትን ጥራይ ኢና ክንርኢ። ኣብ ፖሊስታት ኢትዮጵያ ካብ እዋን ናብ እዋን ገለ ገለ ንኣሽቱ ግምት ዘይውሃቦም ፍልልያት ዝርአዩ'ኳ እንተኾኑ ምስ'ቲ ኩሉ ከም ነፋሒቶ ተለዋዋጢ ባህርያቱ ግን ኣብ ሕመረት ትሕዝቶኡ ፍጹም ፍልልይ የብሉን። ንኣተሃናንጻ ኣተሓሳስባን ኣእምሮን ፖለቲካዊ ባህሪን ናይቶም ኣብዚ ኣካል ኣህጉር ኣፍሪቃ ዝኾነ ዞባ'ዚ ስልጣን ዝተቆጻጸሩ ካብ መስፍናዊ ስርዓት ተፈሪ መኮነን ክሳብ ዓሌታዊ ኣቢ ኣሕመድን ምልካዊ መንግስቱ ሃይለማርያምን ዓሌታዊ መለስ ዜናውን ዝተኸስቱ ተኸታተልቲ ፖለቲካውያን መራሕቲ ኢትዮጵያ ንምፍላጥ ነቲ ሓቂ ዘብርሃልካ ዓሚቍ ግብራዊ መጽናዕቲ ዝሓትት እዩ።
ብመጀመርያ ኢትዮጵያ፡ ነዚ ናይ ሕጂ መልክዓ ኣብ 1954 ማለት እንግሊዝ ንዞባ ኦጋዴን ናብ ኢትዮጵያ ምስ ሓወሶ ከይሓዘት ከላ፡ እንኮ ሃገር ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ብወተሃደራዊ ወራራት መስፍናውያን መራሕታ ዝተመስረተት ምዃና ምጥቃስ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ናይቶም ኣብ ውሽጢ ኣስታት ሓደ ክፍለ ዘመን ምሉእ ካብ 1930 ክሳብ ሕጂ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ስልጣን ዝተወራረሱ ኣርባዕተ ስርዓታት ኢትዮጵያ ምስ ኩሉ ናይ ኣቓውማኦም ፍልልያት ባህሊን ኣእምራዊ ኣተሓሳስባን ኣብ ምቅራጽ ኣገዳሲ ተራ ነይሩዎ። ንሳቶም ከኣ፦
1-መስፍናዊ ስርዓት ተፈሪ መኮነን ካብ 1930 -1974
2-ወተሃደራዊ ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም ካብ 1974-1991
3-ብሄራዊ ስርዓት መለስ ዜናዊ ካብ 1991-2012
4-ብሄራዊ መሰጋገሪ ስርዓት ሃይለማርያም ደሳለኝ ካብ 2012-2018
5-ዓሌታዊ ስርዓት ኣቢ ኣሕመድ ካብ 2018- -----

ከምዚ ኣብ ላዕሊ በሪሁ ዘሎ፡ እዞም ኣብ ውሽጢ ሓደ ክፍለ ዘመን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ስልጣን ዝተወራረሱ ሓሙሽተ ፖለቲካውያን ስርዓታት ኢትዮጵያ ፍልልያቶም ኣብ ፖለቲካዊ ትርኢቶም ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ኣገባብ ኣገዛዝእኦምን ዝምርኮስሉ ማሕበራዊ ቀጸላታትን'ውን ኣይራኸቡን እዮም። ናይ ሓባር ረቛሒኦም እቲ ኣብዚ መጽናዕቲ'ዚ ዘገድስና ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ ሽውዓተ መለለይታታት እዩ። ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ብውሽጢ ስልጣኑ ንምውሓስን ኣስፋሕፊሒ ዞባዊ ኣጀንዳታቱ ንምትግባርን ምእንቲ ክኸእል ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡

ሎጂስቲካዊ፡ ፋይናንሳውን ዜናውን ሓገዛት ንምርካብ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ኣጀንዳ ኣብ ምግልጋል ዝተጸምደ እዩ። መሰረት ናይዚ ፖሊሲ'ዚ ከኣ ካብ ናይ ትግራይን ሻዋን መሳፍንቲ ብፍላይ ከኣ የውሃንስ ራብዓይን (1837-1889) ምንሊክ ካልኣይን (1844-1913) እዩ ዝብገስ። እዞም መሳፍንቲ እዚኣቶም ኣጽዋር ንምርካብን ብዋጋ ካልኦት ህዝብታት መሬት ንምግባትን ንምዕራባውያን መግዛእታውያን ሓይልታት ፖርቱጋል፡ ብሪጣንያን ፈረንሳን የገልግሉ ነይሮም። ስልጣኖም ኣብ ኢትዮጵያ ንምውሓስን ኣስፋሕፋሒ ፖሊስታቶም ኣብ ኣፍሪቃ ንምትግባርን ናይ ወጻኢ ኣጀንዳ ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ዝትግብሩ ተኸታተልቲ ሓሙሽተ ስርዓታት ኢትዮጵያ ማለት መስፍናዊ ስርዓት ተፈሪ መኮንን፡ ወተሃደራዊ ስርዓት ደርግ፡ ዓሌታዊ ስርዓት ወያነ፡ ዓሌታዊ መሰጋገሪ ስርዓት ሃይለማርያም ደሳለኝን ዓሌታዊ ስርዓት ኣቢ ኣሕመድን ዘተኮረ'ዩ ክኸውን። ካብዚ ቀጺልና እምበኣር ነዚ ሳሕቲ እንተ ዘይኮይኑ ዘይተገልጸ ዕምቆት ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ሓጺር መብርሂ ክንህብ ኢና።

## 1-መስፍናዊ ስርዓት ተፈሪ መኮንን "ሃይለ ስላሰ" 1930-1974



ተፈሪ መኮንን ኣብ ሰለስተ ዓንዲታት መሳፍንቲን ሃይማኖታዊ ስልጣንን ወተሃደራዊ ትካልን ብምምርኳስ ኣብ 1930 ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ተቆጻጺሩ። ኣብ 1935 ፋሽስታዊት ኢጣልያ ምስ ጐበጠታ ግን ንድሕሪት ገዲፉዋ ሃዲሙ። ብሪጣንያ ድሕሪ ሽዱሽተ ዓመት ብፍላይ ከኣ ኣብ 1941 ፋሽስታዊት ኢጣልያ ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ምስ ተሳዕረት ንካልኣይ ግዜ ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ስልጣን ተመሊሳቶ። ስርዓት ተፈሪ መኮንን ድማ ነቲ ምስ መግዛእታዊ ሓይልታት ብሪጣንያ ዝነበሮ ጽቡቕ ዝምድና ብምምዝማዝ፡ ብዋጋ ህዝብታት ዞባና ማለት ሱዳን፡ ኤርትራ፡ ሶማልን ጂቡቲን ንኣስፋሕፋሒ ባህሪ ገዛእቲ ኢትዮዕጵያ ንምዕዋት ፈተነታት ኣካይዱ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ጂቡቲ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ፈረንሳ'ያ

ነይራ። እንተኾነ ግን ንሱዳን፡ ሶማል ፈረንሳ፡ ሶማል ብሪጣንያን ሶማል ኢጣልያን ንምጉባጥ ዝገበሮ ፈተነታት እኳ እንተ ፈሸለ፡ ኣብ 1950 ግን ብሓገዝ ኣሜሪካን ብሪጣንያን ንኤርትራ ብመገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምስ መስፍናዊ ስርዓት ብፌደረሽን ከም ትትኣሳሰር ኣብ ምግባር ተዓድዊቱ እዩ። እዚ ግን ስለዝፌተውዎ ወይ ኢትዮጵያ ንምጥቓም ኢሎም ዘይኮኑስ፡ ንረብሓ ጂኦ-እስትራተጂ ኣሜሪካ ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕሪን ክብሉ ዝፈጸምዎ እዩ። ነዚ ኸኣ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኣሜሪካ ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳላስ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዘይምውልዋል ብንጹር ኣብሪሁዎ እዩ። ንሱ ኣብ'ቲ ሽዑ ዘስምዖ መደረ፡ "ብሕጋዊ መዳይ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ነይሩዎ፡ እንተኾነ ግን እስትራተጂያዊ ረብሓ ኣሜሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ምስ መሓዛና ኢትዮጵያ ከነተኣሳስራ ኣገዲዱና" ክብል ገሊጹ። እዚ ታሪኻውን ፖለቲካውን ሓቂታት'ዚ፡ ብሓደ ወገን ኤርትራ ብናጻ ድሌታን ፍቓዳን ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ከም ዘይተኣሳሰረት፡ በቲ ካልእ ድማ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ብፌደረሽን ምስኣ ከምዘይቀረነታ፡ የግዳስ ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ እዋን ፕረዚደንት ሃሪ ትሩማን ምስ ምጅማር ዝሑል ኲናት ኣብ መንጎ ክልቲኡ ደምበታት ምዕራብን ምብራቕን ብመሪሕነት ዋሽንግቶንን ሞስኮን ንውልቃዊ ረብሓኡ ክብል ዝፈጸሞ ምዃኑ'ዩ ዘረጋግጸልና።

ፌደራላዊ ሓድነት ኣብ ተግባር ካብ ዝኣቱ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት (1952-1962)፡ ስርዓት ተፈሪ መኮነን ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ብውሳነ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝቆመ ፌደረሽን ኣፍሪሱዎ። እቲ ፌደረሽን ብመንግስቲ ኤርትራን መንግስቲ ኢትዮጵያን ክኽበር ዘውሕስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት እኳ እንተነበረ፡ ንተደጋጋሚ ጥርዓናት ህዝቢ ኤርትራ ዝስምዕ እዝኒ ግን ኣይነበሮን።
ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ መንነቱ ንምዕቃብን ሉኣላውነት መሬቱ ንምሕላውን ዘቕረቦ ተደጋጋሚ ሰላማዊ መጸዋዕታ ሰማዒ እዝኒ ምስ ሰኣነ፡ ናጻ መጻኢ ሂወቱ ንምክልኻልን ነታ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ መስፍናዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝወደቐት ሃገሩ ንምድሓንን ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ዕጥቃዊ ሰውራ ክእውጅ ተገዲዱ። እታ ብኣጻብዕቲ ዝቑጸሩ ውሑዳት ተባዓት ተጋደልቲ ዝወልዕዋ ቁልዒ ሰውራ ኤርትራ ኸኣ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ዞባ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ናብ እሳተ-ጎመራ ተለዊጣ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ መግዛእታዊ ሰራዊት ከበድቲ ክሳራታት ስለዘውረደት፡ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ብፋይናንሳውን ወተሃደራውን ሓገዝ ኣሜሪካን እስራኤልን ኣብ ኤርትራ ናይ ዝባደመ መሬት ፖሊሲ ክትግብር ወሲኑ። ዓዲታት ኣንዲዱ፡ እንስሳታት ኣጽኒቱ፡ ናይ ማይ ዒላታት ሰሚሙ፡ ጫካታት ኣብሪሱ፡ ኢትዮጵያ ዘገድሳ ህዝቢ ኤርትራ ዘይኮነስ መሬቱ ስለዝኾነ ከኣ፡ ሰውራ

ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት ጃምላዊ ህልቂትን ማእሰርቲን ፈጺሙ። ስለዚ ኸኣ ሰውራ ኤርትራ ንምጥፋእ ህዝቢ ኤርትራ ምጽናት ተተሓሒዞ። ዓሳ ንምጥፋእ ባሕሪ ምንጻፍ ኮይኑ ነገሩ። ስርዓት ኢትዮጵያ ነቶም ሽፋቱ ዝብሎም ዝነበረ ኤርትራውያን ተጋደልቲ ባህጊታትን ዕላማታትን ህዝቦም ዝትግብሩ ምዃኖም ክኣምን ተቀሲቡ። ስለዚ ኸኣ ከም ዓሳ ኣብ ባሕሪ ዘሎ ገይሩ ምግላጹ ዘገርም ኣይኮነን። መስፍናዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ንኤርትራ ከም ሓንቲ ኣውራጃታት ኢትዮጵያ'ኳ እንተ ገበራ፡ እዚ ውሳነ'ዚ ግን ንስርዓት ኢትዮጵያ ናብ ታሪኻውን ፖለቲካውን ወተሃደራውን ስዕረት ስለዘእተዎ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ተቀጥቂጡ፡ ኣብ መጨረሽታ ከኣ ኣብ 1974 ናብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ከም ዝደርበዮ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ።

## መስፍናዊ ስርዓት ተፈሪ መኮንን ናይ ወጻኢ ኪዳናቱን

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ መስፍናዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ 1935 ፋሽስታዊት ኢጣልያ ንኢትዮጵያ ወሪራ ንሸዱሽተ ዓመታት ምስ ገዝኣታ ፈሪሱ እዩ። እንተኾነ ግን ሰራዊት ኪዳን ሓይልታት ብመሪሕነት ብሪጣንያ ንኢጣልያ ካብ ኢትዮጵያ ምስ ጸረጋ፡ ብሪጣንያ ንረብሓታታ ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ንምሕላው ክትብል ንተፈሪ መኮንን ናብ ኢትዮጵያ መሊሳቶ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ከኣ ደቡብ የመን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ብሪጣንያ ነይራ። ኢትዮጵያ ንመግዛእቲ ብሪጣንያ ኣገልግሎት ብምሃባ ኣምሰያኡ ኣብ 1954 ብብሪጣንያ ዞባ ኦጋዴን ተዋሂቡዋ። እንተኾነ ግን ንመላእ ሶማል ምስ ኢትዮጵያ ንምጽንባር ዝነበሮ ድሌት ኣይተዓወተን። እዚ ሶማል ብዝምልከት ዝነበረ ናይ ኢትዮጵያ ምስፍሕፋሕ ክኸውን ከሎ፡ እታ ኢጣልያ ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ምስ ተሳዕረት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ ዝወደቐት ኤርትራ ብዝምልከት ከኣ፡ ክልቲኦም ወገናት ብሪጣንያን ኢትዮጵያን ንሓባራዊ ረብሓኦም ዝረጋግጽ ህዝቢ ኤርትራ ከም ኩለን ግዝኣታት ኢጣልያ ኣብ ኣፍሪቃ ዕድሉ ንምውሳን መሰሉ ከም ዘይጥቐም ምግባርን ከም ሓድጊ መግዛእቲ ዘይምርኣይን ኣብ ዝብል ተሰማሚዖም። ስለዚ ከኣ ኤርትራ በቲ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ሰሜናዊ ኣፍ-ደገ መጻብቦ ባብ ኤልመንደብ እትውንኖ እስትራተጂያዊ ቦታ ኩሉ መሰላታ ተነፊጋ። በዚ መሰረት ከኣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ምምሕዳር እንግሊዝ ብምውህሃድ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ቍጠባውን ሃዋሁው ኤርትራ ንምዝራግ ግብረሽበራውያን ባእታታት "ሽፋቱ" ናብ ኤርትራ ልኢኹ። ብሪጣንያ ብወገና ቅድሚ ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ንምምቅል ምፍታና፡ ኣብ መንጐ ኤርትራውያን ኣብ

ሃይማኖታዊ እምነት ዝተመርኮሰ ግጭት ንምውላዕ ትሰርሕ ነይራ። እንተኾነ ግን ህዝቢ ኤርትራ "ኣይንፋላለን" ብምባል ንኩሉ ናይ ውዲት መንገዲታት ዓጸወሎም።

ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ከኣ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ እዋን ፕረዚደንት ፍራንክሊን ሩዝቨልትን ሃሪ ቱሩማንን ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ውኒስቶን ቸርችል ብምውህሃድ ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳይ ኤርትራ ብምእታው ኤርትራ ብ14 ሕዳር 1962 ምሉእ ብምሉእ ምስ ኢትዮጵያ ክሳብ ትጽንበር፡ ከም ቀዳማይ ስጉምቲ ፌደራላዊ ሓድነት ክትገብር ኣገዲዶምዋ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ምምሕዳር ኣሜሪካ ፌደራላዊ ሕብረት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ተግባር ካብ ዝኣቱ ድሕሪ ሸሞንተ ኣዋርሕ ብ22 ግንቦት 1953 ምስ ኢትዮጵያ ን25 ዓመታት ዝጸንሕ ወተሃደራዊ ስምምዕ ኸቲማ። ብመሰረት'ዚ ስምምዕ'ዚ ኸኣ ዋሽንግቶን ኣብ ኣስመራ "ቃኘው ስቴሽን" ዝተሰምየ ናይ መራኸቢታት መደበር ከፊታ። ዕማም ናይ'ቲ ወተሃደራዊ መደበር ናይ ኲናት መራኸብን ወተሃደራዊ ሳብማሪንን ምምእዛን ክኸውን ከሎ፡ ኣቐማምጣ ኣስመር ምቹእ ስለዝኾነ ከኣ ካብ ናብ ክረምሊን ዝመሓላለፍ መልእኽቲታት ትጠልፍ ነይራ። ኣብ ኩሉ ገማግም ባሕሪን ደሴታትን ኤርትራ ከኣ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ተካይድ ነይራ። ምምሕዳር ኣሜሪካ ብወገኑ፡ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ከሰልጥንን ከዕጥቕን ከሎ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ዝተወልዐ ሰውራ ኤርትራ ብዝምልከት ከኣ ንስርዓት ኢትዮጵያ ሓበሬታ የስንቆ ነይሩ። ዋሽንግቶንን ኣዲስ ኣበባን ሰውራ ኤርትራ ንሓባራዊ ረብሓታቶም ኣብ ኤርትራን ዞባ ቀርኒ-ኣፍሪቃን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ሓደገኛ ምኳኑ ይርድኡ ነይሮም። እቲ ጉዳይ ግን በዚ ደው ኣይበለን። ኣብ ሓምሳታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ብፍላይ ከኣ ድሕሪ ሰውራ ሓምለ 1952፡ ምስሪ ኣብ 1954 ዲጋ ክትሃንጽ ወሲና። ኣህጉራዊ ባንክ'ውን ብመትከል ተሰማሚዑሉ።

ኣሜሪካን ብሪጣንያን ግን ብመሰረት ረብሓታቶም ኣብ ልዕሊ ምስሪ ዝገብርዎ ፖለቲካዊ ጸቕጢታት ክትቕበል ቅድመ-ኩነት ኣቐሚጠሙላ። እንተኾነ ፕረዚደንት ጀማል ዓብደልናስር ሓደገኛነቱ ስለዝተረድኦ ኣብ ልዕሊ ናጻ ፖለቲካዊ ውሳነ ምስሪ ዝኾነ ይኹን ቅድመ-ኩነት ከም ዘይቕበል ኣፍሊጡ። በዚ ኸኣ ለንደንን ዋሽንግቶንን ብመገዲ ኣህጉራዊ ባንክ ንፕሮጀክት ህንጸት ዲጋ ምስሪ ንምምዋል ዝነበሮም መደብ ኣቛሪጾምዎ። ምስሪ ብወገና ንምዕራባዊ ደምበ ሕቘኣ ብምሃብ ናብ ምብራቓዊ ደምበ ኣምሪሓ። ብ27 ታሕሳስ 1958 ከኣ ምስ ሶቬት ሕብረት ስምምዕ ብምኽታም ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ምህናጽ ዲጋ ምስሪ 500 ሚልዮን ሮበል፡ ኣብ ካልኣይ መድረኽ ከኣ ተወሳኺ 500 ሚልዮን ሮበል ለቓሕ ረኺባ። ብተወሳኺ ኣብ ምህናጽ'ቲ ዲጋ 400 ክኢላታት ሶቬት ሕብረት ተሳቲፎም። እቲ

ስራሕ ብዓወት ተዛዚሙ፡ ብ15 ጥሪ 1971 ከኣ ተመሪቁ። በዚ ጉዳይ'ዚ ዝምልከት ምምሕዳር ኣሜሪካ ምስሪ ንምቕጻዕ ናብ ዲጋ ምስሪ ዝኸይድ ማይ ንምዕጋት ኣብ ኢትዮጵያ ዲጋ ክሃንጽ ፈቲኑ። እስራኤል ብወገና ድሕሪ'ቲ ኣብ 1956 ኣብ ልዕሊ ምስሪ ዝተኻየደ ስሉሳዊ ተጻብኦ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳን እስራኤልን በቲ ፕሮጀክት ክትግደስ ጀሚራ። ንባዕሉ ምህናጽ ፕሮጀክት "ዲጋ ህዳሰ" ኢትዮጵያ ካብዚ ወሳኒ ፖለቲካዊ ታሪኽ ምስሪ'ዩ ዝብገስ። እስራኤል ብወገና፡ ነቲ ተፈሪ መኮነን ካብ ነገደ ይሁዳ ዘርኢ ንጉስ ሰለሙንን ንግስቲ ሳባን እየ ዝብሎ ጽውጽዋይን ኣብ ኢትዮጵያ ኣይሁድ ፍላሻ ብምህላዎምን ብመገዲ'ታ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝነበረት ኤርትራ ኣቢላ ንእስትረተጂያዊ ረብሓኣ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዘገልግል ድልዱል ዝምድና ምስ ኢትዮጵያ ሃኒጻ። ኣብ ሱሳታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን እስራኤል ሓይሊ ኮማንዶስ ኢትዮጵያ ብምስልጣን ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ዘመናዊ ኣጽዋር ኣዕጢቓቶም። ከምኡ'ውን ፍርያቱ ናብ እስራኤል ዝለኣኽ ናይ ሕርሻን ምርባሕ ከብቲን ፕሮጀክቲታት ኣብ ኤርትራ ኣቚማ። ድሕሪ'ቲ ኣብ ጥቅምቲ 1973 ኣብ መንጎ እስራኤልን ምስሪን ዝተኻየደ ኲናትን ሓይሊ ባሕሪ ምስሪ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ማያዊ ከበባ ምግባሩን ንመጻብቦ ባብ ኤልመንደብ ምዕጻዉን ኣቃልቦ እስራኤል ኣብ ኢትዮጵያ እናዛየደ ከይዱ።

## 2-ምልካዊ ወተሃደራዊ ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም
## -ደርግ - 1974 - 1991



ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ተፍሪ ሞከነን፡ ግዝያዊ ወተሃደራዊ ምምሕዳራዊ ባይቶ "ደርጊ" ስልጣን ሒዙ። ብኣንጻር ናይ'ቲ ዝወደቐ መስፍናዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝተኸተሎ መስመር፡ ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ምስ ባህሪ ትምክሕታዊ ወተሃደራዊ ስርዓት ፍጹም ምትእስሳር ዘይብሉ ማርክሳውን ለኒናውን ጭርሖታት

ተሓንጊጡ'ተበጊሱ። ስርዓት ደርግ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት መንግስቱ ሃይለማርያም ኣብ ኢትዮጵያ ብሓውን ዓረርን'ዩ ስልጣኑ ኣውሒሱ። ኣብ ኢትዮጵያ ከኣ ፖሊሲ "ቀይሕ ራዕዲ" ተግቢሩ። ምስ ሶቬት ሕብረት ነበርን ካልኦት ኣብ መስመር ሞስኮ ዝጉዓዛ ሃገራት ከምኒ ምብራቕ ጀርመን ነበርን ኩባን ደቡብ የመን ነበርን ፖለቲካውን ወተሃደራውን ኪዳናት ኣቖሙ። ብዋጋ ናይ'ተን ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝርከባ ሰለስተ ሃገራት ሶማል፡ ጂቡቲን ኤርትራን ነቲ ዝተዋህቦ ሓገዛት ኢትዮጵያ ንምስፋሕ ተጠቒምሉ። እቲ ዕላማ ከኣ፦

1-ኢትዮጵያ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ምእንቲ ክትበጽሕ ገለ ክፋል ደቡብ ሶማል ምውሳድ።

2-ኢትዮጵያ ንደቡባዊ መእተዊ መጻብቦ ባብ ኤልመንደብ ንምቁጽጻር ገለ ክፋል መሬት ሶማሊ-ላንድ ክትቆጻጸር።

3-ባብ ኤልመንደብ ንምሓዝ ገለ ክፋል ጂቡቲ ምሓዝ።

4-ንሰሜናዊ መእተዊ ባብ ኤልመንደብ ንምቁጽጻር ኸኣ ንደቡባዊ ምብራቕ ኤርትራ ናብ ዞባ ኣውሳ ኢትዮጵያ ምጽንባር ዝብል እዩ።

ኢትዮጵያ ብዝኾነ ይኹን ኣገባብ ወይ ዋጋ ናብ ገምገም ባሕሪ ክትበጽሕ ኣለዋ ዝብል ኣእምሮ ዝሰሓተ ጽላለ ብኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም'ዩ ጀሚሩ። እንተኾነ ግን ብዘይካ'ቶም ኣብ ክሊ እስትራተጂኦም ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ዞባ ቀርኒ-ኣፍሪቃን ከም ፓፓጋሎ ዝተጠቅምሉ እንተ ዘይኮይኖም ዋላ ሓደ ቅኑዕ ኣሎ ኢሉ ዝሰዓቦ የለን። ንሱ ኣብ ሓደ ዘካየዶ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ "ኢትዮጵያ ናብ ቀይሕ ባሕሪ ንምብጻሕ ዋላ ብደም ኢትዮጵያውያን ዝያዳ እንተ ቀይሐ ደው ኣይክትብልን'ያ" ክብል ገሊጹ። (4)

እንተኾነ ግን እዚ ክውለድ ከሎ ዝሞተ ፕሮጀክት'ዚ፡ ብዝተፈላለየ ወድዓዊ ምኽንያታት፡ ሓደ ድሩትነት ዓቕሚ ኢትዮጵያ፡ በቲ ካልእ ድማ እተን ንደርግ ዝሕግዛ ሃገራት ንዳይናሚካዊ ጉዑዞኡ ኣብ ዘይቆጻጸርኦ ጉዳይ ክኣትዋ ከም ዘይደልያ ብምግላጸን፡ ኣብ ልዕሊኦንን ኢትዮጵያን ዝህልዎ ኣሉታዊ ሳዕቤን ብምስትብሃል ገዲፎምዎ። ብድሕሪ'ዚ ወተሃደራዊ እስትራተጂ ደርግ ኣንጻር ሶማል ኣብ ግንባር ኦጋዴን ኣንጻር ኤርትራን ዕጥቃዊ ሰውራኡን ኣተኩሩ። ብዝተፈላለየ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ጂኦ-እስትራተጂያውን ረቛሕታትን ሓሳባትን ከኣ ሶማል ንኩናት ኦጋዴን (1977-1978) ከሲራቶ።

ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ግንባር ኦጋዴን ኣንጻር ሶማልያ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ወተሃደራዊ ስትራተጂ፡ ን13 ዓመታት ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ ወሲኑ።

1-ኣብ መጀመርታ ደርግን መሓዙቱን ካልኣዊ ግርጭታት ሰውራ ኤርትራ ንምምዝማዝ ኣብ መንጎ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ዘይምትእምማን ንምፍጣር'ዮም ጽዒሮም። ንነፍሲ ወከፍ ውድብ ንበይኑ እናረኸቡ ጉዳይ ኤርትራ ብሰላማዊ ኣገባብ ንምፍታሕ ዝከኣለሉ መገዲ ክመያየጡ ጀሚሮም። እንተኾነ ግን እዚ ሜላ'ዚ'ውን ፈሺሉ። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ 1981 ካብ ሜዳ ኤርትራ ምስ ወጸት ከኣ ታሪኽ ኮይኑ ተሪፉ።

2-ደርግ ሃገራዊ ሓድነት ኤርትራ ንምዝራግ ንኤርትራ ብመሰረት ቆላን ከበሳን ንምምቃል ፕሮጀክት ኣውጺኡ። እንተኾነ ግን እዚ ፕሮጀክት'ዚ ምስ ተወልደ ብቐጥታ'ዩ ሞይቱ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝነጸጎም ዘይሃገራውያን ባእታታት'ዩ ተወሲኑ።

3-ደርግ ኣብ ኣፈናዊ ዘተ በርሊን ብመንጎኝነት ምብራቕ ጀርመን ኣቢሉ ናብ ህዝባዊ ግንባር ናይ ውሽጣዊ ምምሕዳር እማመ ኣብ 1978ኣቕሪቡ። ኣብ'ቲ ዘተ ማሕበርነታዊ ሰልፊ ጀርመን ውሳነ ናጽነት ኤርትራ ንምቁጻይ ድርግ ናጽነት ኤርትራ ክቕበል ድልዊ እዩ። እንተኾነ ግን ህልዊ ኩነታት ዘፍቅድ ኣይኮነን ብምባል ከደናግር ፈቲኑ። እዚ ቅሉዕ ፖለቲካዊ ምድንጋር'ዚ ግን ነቲ ካብ 19 ክፍለ ዘመን መግዛእቲ ኢጣልያን ድሕሪኡ ብዝተፈላለየ ጉልባብ ዝሰዓቡ መግዛእታውያን ሓይልታትን ዝሓለፈ ታሪኻውን ፖለቲካውን ተመኩሮ ኤርትራ ዘትብዖ ፖለቲካዊ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ዘደናግር ኣይነበረን። ህዝባዊ ግንባር ነቲ ብሃገራት ዋርሶ ዝድገፍ ፕሮጀክት ኢትዮጵያ ነጺጉዎ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ሕዳር 1980 ሽውዓተ ነጥቢታት ዝሓዘ ዝተማልአ እማመ ረፈረንደም ኣቕሪቡ። በዚ መሰረት ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ቲ ዝቐርበሉ ሰለስተ ፖለቲካዊ ኣማራጺታት ሓደ ክመርጽ ዕድል ዝህብ ነበረ። ንሱ ከኣ፦

ሀ- ምሉእ ናጽነት

ለ- ፌደረሽን

ሐ- ዞባዊ ርእሰ ምምሕዳር

እቲ ረፈረንደም ከኣ ኣብ ትሕቲ ኣህጉራዊ ኣመራርሓ ክካየድ ዝብል እዩ። በዚ ኸኣ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ንኹሎም'ቶም ብዕድል ህዝቢ ኤርትራ ክጻወቱ ዝፈተኑ ወገናት በቲ ዘጥረዮ ዲፕሎማስያውን ፖለቲካውን ዓቕሚ መገዲ ዓጽዩሎም።

4-ደርግ ንሰውራ ኤርትራ ብመገዲ እማመ ውሽጣዊ ምምሕዳር ንምቁጽጻር ዝገበሮ ፈተነ ምስ ፈሸለን ወተሃደራዊ መሪሕነት ኢትዮጵያ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ንምቁጻይ ዘካየዶ ጻዕሪ ምስ በርዓነን፡ ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ሰውራ ኤርትራ ብምድኻም ፖለቲካዊ ኣጀንዳኡ ንምስግዳድ ወተሃደራዊ ወራር ክካይድ

ወሲኑ። እንተኾነ ግን ዓወት ከረጋግጽ ይትረፍስ፡ ዘሕፍር ዓቢ ወተሃደራዊ ስዕረት'ዩ ወሪዱዎ። ገዚፍ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ከኣ ተሰኪሙ። ሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምጥፋእ ከኣ "ቀይሕ ኮኾብ" ዝተሰምየ ካብ ለካቲት ክሳብ ግንቦት 1982 ሻዱሻይ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ወራር ኣካይዱ። ኩሉ ዓይነታት ኣጽዋር ታንኪታት፡ ድሩዓት መካይን፡ ሮኬታት፡ ከበድቲን ማእከላይን ናይ ነዊሕ ርሕቐት መዳፍዓት ዝዓጠቐ ገዚፍ ሰራዊትን ሓይሊ ኣየርን መካናይዝድ ክፍለ ሰራዊትን ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ወተሃደራዊ ክኢላታት ሶቬት ሕብረትን ምብራቕ ጀርመንን ደቡብ የመንን ብፋይናንሳዊ ሓገዝ ሊብያን ኣሰሊፉ። እንተኾነ ግን እዚ ወራር'ዚ እውን ከም ኩሎም ዝሓለፉ ካልኦት ወራራት ብሳላ'ቶም ምእንቲ ፍትሓዊ ጉዳይ ህዝቦም ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈሉ ጅግንነታዊ ጽንዓትን ሓጺናዊ መኸተን ሰውራውያን ኤርትራውያን ፈሺሉ። ህዝቢ ኤርትራ'ውን ኣብ ጉኒ ሰውራውያን ደቁ ደው ብምባል ክቡር ዋጋ ከፊሉ እዩ።

ስርዓት ደርግ ኣብ ኤርትራ "ገበናት ኲናት" ፈጺሙ እዩ። ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ዓዲታት ብምንዳድ፡ ከም ናቕፋን ምጽዋዕን ዝኣመሰላ ከተማታት ብምዕናው፡ ጃምላዊ ህልቂት ፈጺሙ እዩ። ሰፊሕ ናይ ቅንጸላታት መስርሕ'ውን ኣካይዱ። ሰፊሕ ናይ ምእሳር ዘመተን ኣንጻር ንጹሃት ዜጋታት ኩሉ ዓይነት ግፍዒ ናይ ምክያድን መስርሕ ተግቢሩ። ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ግንባር ናደው እዝ ብምፍራስ ንከተማ ኣፍዓበት ሓራ ምስ ገበረን ንመጀመርታ ግዜ ስታሊን ኦርጋን፡ ብርክት ዝበላ ድሩዓት መካይንን ናይ ነዊሕ ርሕቐት ከበድቲ መዳፍዓትን ምስ መንዝዐን ሰለስተ ሶቬታውያን መኮንናት ምስ ማረኸን ሕነ ቀራናት ንጓዕማማት ከም ዝበሃል ጸላኢ ብ1988 ኣብ ሽዕብ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ዜጋታት ዘሰካሕክሕ ኣረሜናዊ ህልቂት ፈጺሙ።

ኣብ መወዳእታ ትንታነ ደርግ ካብ 1978 ክሳብ 1986 ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ዓሰርተ ወተሃደራዊ ወፍርታት ኣካይዱ።፡ ይኹን'ምበር ፈተነታት ጸላኢ ንናይ ምግባር ዓቕሚን ሞራልን ኤርትራውያን ተጋደልቲ ኣበሪኹ'ምበር ፋይዳ ኣየምጽኣሉን። ተጋደልቲ ኤርትራ ኣብ ቐድሚ'ቲ ኣብ ደቡብ ሳህራ ኣፍሪቃ ዝዓበየ ሰራዊት ብጽንዓት ደው ኢሎም ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዓወት ብምምዝጋብ ንመግዛእታዊ ህላወ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ኣብ ምድምሳስ ልዑል ተራ ዝተጻወተ ዘመናውን ምዕቡልን ኣጽዋር መንዚዖም። ብ24 ግንቦት 1991 ዋና ከተማ ኣስመራ ኣብ ኢድ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ወዲቓ። ፕረዚደንት ኢትዮጵያ መንግስቱ ሃይለማርያም መርከብ ስርዓቱ ኣብ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ፡ እንኮላይ ኣብ ኢትዮጵያ ትጥሕል ከም ዘላ ምስ ተረድአ ከኣ፡ ካብ ኣዲስ ኣበባ

ናብ ዝንባብወ ሃዲሙ። ስርዓት ደርግ ፈሪሱ። ኢትዮጵያ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ይኹን ወሽመጥ ዓደን ዋላ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብላ ዕጽውቲ ሳንዱቕ ኮይና። እዚ ፍጻመ'ዚ ንዝርዳእ ብዙሕ ትምህርቲ ኣለዎ። ንዘሕዝን ፍሹል ተመኩሮ ደርግ ከም ዘለዎ ክደግም ዝደሊ እንተ ሃልዩ ከኣ ዕጫኡ ከም ዝሓለፉ ስርዓታት ኢትዮጵያ እዩ።

## ስርዓት "ደርግን" ናይ ወጻኢ ኪዳናቱን

መስፍናዊ ስርዓት ተፈሪ መኮንን፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ንሰራዊቱ ብዝወረዶ ተኸታታሊ ስዕረትን ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ብዝተወልዐ ህዝባዊ ተቓውሞን ክፈርስ ምስ ጀመረ፡ ወተሃደራዊ ጉጅለ ኢትዮጵያ ነቲ ኩነታት ብምምዝማዝ ስልጣን ተቆጻጺሩ። ትሕዝቶ ዘይብሉ ጸጋማዊ ጭርሖታት ብምልዓል ከኣ፡ ንኹሎም ተቓወምቲ ኢትዮጵያ ቀንጺሉ። ኣብ 1976 ምስ ሶቬት ሕብረት ወተሃደራዊ ስምምዕ ኸቲሙ። ኣብ ኣስመራ ዝነበረ ናይ ኣሜሪካ መደበር "ቃኘው ስቴሽን" ከኣ ብ1977 ዓጽዩዎ። ንኩሉ'ቲ ሓይሊ ባሕሪ ኣሜሪካ ኣብ ገማግም ኤርትራ ዝረኸቦ ዝነበረ ሓለፋታት'ውን ሰሪዙዎ። ኣብ 1977 ሶቬት ሕብረት ኣብ ኤርትራ ደሴት ዳህላክ ወተሃደራዊ መደበር ሓይሊ ባሕሪ ከተቅውም ፈቒዱ። ሶቬት ሕብረት ብወገና፡ ካብ 1978 ክሳብ 1988 ልዕሊ 10 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ወተሃደራዊ ሓገዝ ንደርግ ሂባ።

ከምኡ'ውን ኣብ ኢትዮጵያ 1500 ክኢላታት ሶቬት፡ 2000 ክኢላታት ምብራቕ ጀርመን ነይሮም። ብተወሳኺ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ጸጥታ ንምስፋንን ኣብ'ቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ 1977-1978 ኣብ ኦጋዴን ዘካየዶ ኲናት ንምሕጋዙን ካብ'ቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ካብ 1978 ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ዘካይዶ ዝነበረ ክሳብ ውድቀቱን ምህዳም መንግስቱ ሃይለማርያም ናብ ሞስኮ ዘይኮነስ ናብ ሃራሪን ውሽጣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ንምውሓስን ከኣ ኩባ 15 ሽሕ ሰራዊት ናብ ኢትዮጵያ ልኢኻ። መንግስቱ ሃይለማርያም ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክድምስሶ'የ፡ ክሳብ'ታ ናይ መጨረሽታ ጥይት ክዋጋእ'የ፡ ይብል ከም ዘይነበረ ግን ኣብ'ቲ ወሳኒ ግዜ ዋላ ሓንቲ ጥይት ከይተኮሰ ጸላም ተጐልቢቡ ብ17 ግንቦት 1991 ሃዲሙ። ወተሃደራዊ ስርዓት ደርግ ነዚ ኣብ ታሕቲ እንዝርዝሮ ዕላማታት ንምዕዋት ምስ ሶቬት ሕብረት ወተሃደራዊ ስምምዓት ኸቲሙ።

1-ብመገዲ ቀይሕ ራዕዲ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ወተሃደራዊ ጽልዋ ምስፋን።
2-ጐበጣ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ከም ዝቅጽል ምግባር።
3-ብዋጋ ሃገራዊ ሉኣላውነት ሶማልን ጂቡቲን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምስፍሕፋሕ።

4-ሶቬት ሕብረት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ብመገዲ ደሴት ዳህላክን ወደባት ምጽዋዕን ዓሰብን ካልኦት ኣብ ማእከልን ደቡብን ቀይሕ ባሕሪ እስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ዘለወን ደሴታትን ወተሃደራዊ ህላወ ክህልዋ ኣፍቒዱ።
በዚ ኸኣ እቲ ርጉእን ጸጥታዊ ውሕስነትን ዝነበሮ ኣህጉራዊ ማያዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ምብራቕን ምዕራብን ደምበታት ማእከል ህልኽ ኮይኑ፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን መዳይ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣኸቲሉ።
5-ሶቬት ሕብረት ብመገዲ'ብ19 ነሓሰ 1981 ብመሪሕነት ሞስኮ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያ፡ ደቡብ የመንን ሊብያን ዝተመስረተ ኪዳን "ዓደንን" ብሓገዝ ኢትዮጵያን ምስ ደቡብ የመን ነበር ብምውህሃድን ንመጻብቦ ባብ ኤልመንደብን ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ንኸትቆጻጸሮ ባይታ ምፍጣር።

## 3- ብሄራዊ ስርዓት መለስ ዜናዊ 1991-2012




ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ካብ'ቲ ዝተመስረተሉ 1975 ጀሚሩ ኣተሃናንጻኡ ዓሌታዊ እዩ። ኣብ 1991 ናብ ስልጣን ቅድሚ ምምጽኡ ከኣ፡ ኣብ 1988 ምስ ገለ ኣብ መስመሩ ዝጉዓዙ ተቓወምቲ ዕጡቓት ውድባት ኢትዮጵያ ህዝባዊ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር መስሪቱ። ኣብ 1994 ዘጽደቆ ሓድሽ ቅዋም ኢትዮጵያ ኣብ ዓንቀጽ 39 ንብሄራት ኢትዮጵያ መሰል ርእሰ ውሳነ ክሳብ ምንጻል ዝፍቕድ እዩ። ስርዓት ወያነ ደጀኑን መበገሲኡን ብፖለቲካውን ክለሳ-ሓሳባውን መዳይ ከኣ ዕላማኡ ክልል ትግራይ እዩ። እንተኾነ ግን ብግብራዊ መዳይ ህዝቢ

ትግራይ ኣይተጠቕመን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብኣንጻሩ በዚ ፖሊሲ'ዚ ዝያዳ ተጎዲኡ እዩ።
2-3-1፦ ንህዝቢ ትግራይ ናብ መወዳእታ ዘይብሉ መቐለ፡ ዓድዋ፡ ኣኽሱም፡ ሽረን ዓዲ-ግራትን ዝብል ናይ ኣውራጃውን ወገናውን ቁርቁሳት ኣእትዮምዎ።
2-3-2፦ እቲ ኣብ ብሄር ዝተመስረተ ፈደራዊ ስርዓት፡ ንኢትዮጵያ ብምግምማዕ፡ ኣብ ኣፍ እሳተጎሞራ ሸሚሙዋ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ ትኩ ብማዕዶ ክበንን ይረአ ኣሎ።

2-3-3፦ ወያነ ኣብ 1997 ዘውጽኦ ሓድሽ ኣስፋሕፋሒ ካርታ ክልል ትግራይ ገለ ክፋል መሬት ካብ ክልላት ኣምሓራን ዓፋርን ኣብ ውሽጡ ዘእተወ እዩ።
2-3-4፦ ኣብ ሓምለ 1997 ሓይልታት ኢትዮጵያ ንዓዲ ምሩግ ወሪሮም ብምሓዝ ነቲ ኣብኡ ዝጸንሑም ምምሕዳር ኤርትራ ኣፍሪሶም። ንነበርቲ ናይ'ቲ ዓዲ ንብረቶም ዘሚቶም ድሕሪ ምስጓጎም ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሮም ኣእትዮምዋ። ኣብ ጥቅምቲ 1997 ዘውጽእዎ ሓድሽ ካርታ ከኣ ንገለ ክፋል መሬት ኤርትራ እንኮላይ ባድመ ኣብ ውሽጡ ዘእተወ'ዩ ነይሩ። እቲ ጉዳይ በዚ ደው ከይበለ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብመገዲ'ቲ ናይ ይምሰል ፓርላማኡ ኣቢሉ ብ13 ግንቦት 1998 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣጠቓላሊ ኲናት ኣዊጁ። ንኩሉ ቍጠባዊ ጽላታት ኤርትራ፡ ማዕርፎ ነፈርቲ፡ ወደባት፡ መመንጨዊ ኤለክትሪክን ታሪኻዊ ቅርሲታት በለው ከለውን ወተሃደራዊ ዒላማታት ብምግባር ንምዕናው ዝከኣሎ ሰሪሑ። ካብዚ ሓሊፉ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢታት ዶብ ዝርከብ መቓብር ሓርበኛታት ብምኹዓት ኣስከሬን ሓርበኛታት በቲኖምዎ። ብዘይካ'ዚ ከኣ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብሩ 80 ሽሕ ኤርትራውያን ዜጋታት ንብረቶም ዘሪፎም ፈንጂ ብዝተዘርኦ ዘይውሑስ ከባቢታት ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ሰጒጎምዎም። ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር መለስ ዜናዊ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣብ ሓምለ 1998 “ዝኾነ ሰብ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብር ሕብሪ ዓይኑ ባህ ዘይብለና ክንሰጎ ኢና” ክብል ገሊጹ።

## ምኽታል ፖሊሲ ዕብለላን ምስፍሕፋሕን ሽግር ምፍጣርን

ብ18 ሰነ 2000 ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድሕሪ ምኽታሙ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብ7 ጥቅምቲ 2000 “መቆሚታት ሰላምን ጸጥታን ንኢትዮጵያ ድሕሪ ኲናት” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ፖለቲካዊ ሰነድ ኣስሊኹ። ብ7 ሰነ'ዩ ብመገዲ ጋዜጣ “ሪፖርተር” ዘርጊሑዎ።
መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብዚ ሰነድ'ዚ ናብ ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ጂቡቲ፡ ሶማል፡ ኬንያ፡ ዓበይቲ ቀላያትን ምስሪን ዝኽተሎ ፖሊሲ ብዝርዝር ገሊጹ ኣሎ። ሓቀኛ

ዳይናሚካዊ መስርሕ ናይ'ቲ ፖሊሲን ኣብ መላእ ዞባ ዘውርዶ ጉድኣትን ንምንጻር ከኣ ንቀንዲ ነጥቢታት ናይ'ቲ ሰነድ ከነቅርብ ኢና።

## ቀዳማይ፦ ኤርትራ

1-"ሕጂ ንኢትዮጵያ ዓቢ ክሳራ ኣውሪዱላ ዘሎ ሽግር ቀንዲ ሱሩ ናይ'ዚ ሕጂ ዘሎ መሪሕነት ኤርትራ ናይ ዕብለላን ወተሃደራውን ጥሙሕ እዩ። ስለዚ ከኣ ኤርትራ ንሰላምን ርግኣትን ኢትዮጵያን ዞባን እተስግእ ሃገር ክትከውን የብላን።
2-"ሰራዊት ኤርትራ ብዝለዓለ መጠን ክጎድል ኣለዎ። ከምኡውን ሰራዊት ኤርትራ ከበድቲ ኣጽዋር ክዓጥቅ የብሉን። ኣብ መጻኢ ዘይምዕሩይ ሰራዊት ክትሃንጽ ምፍታን ክፍቐድ ዘይክኣል ናይ ተጻብኦ ስራሕ ምዃኑ ግድን ኣስመራ ክትርድኦ ኣለዋ።
3- "ብዝኾነ ካብ ዞባ ወጻኢ ብናይ ደገ ሓይሊ ዝሕገዝ ህላወ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ቀጻልነት ስግኣት ዝፈጥር እዩ።
4-"ፖለቲካዊ ዕላማ ኢትዮጵያ ኣብ መሬት ምስፍሕፋሕ ዘይኮነስ፡ ዲሞክራሲ ክኸውን ኣለዎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ነዚ ዕላማ'ዚ ምርግጋጽ ግን ቀሊል ኣይኮነን። ስለዚ ከኣ ካልእ ብዙሕ ኣመራጺታት ግድን ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ። ምናልባት'ውን ንኤርትራ ብመልክዕ ብሄራት ምምቃል ዝያዳ ምቹእ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣሃዳዊ ዕብለላ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝቓወሙ ብዙሓት ብሄራት'ውን ኣለዉ። በዚ መዳይ'ዚ ብሄራት (ኩናማ፡ ዓፋርን ጉጅለታት ቆላታትን) ናታቶም ውሽጣዊ ስርዓት ምምሕዳር ክቐውም ይድግፉ እዮም።
5-"ወደብ ዓሰብ ግድን ፍሉይ ኣቃልቦ ክወሃቦ ኣለዎ። ኢትዮጵያ ናጽነት ኤርትራ ክትድግፍ ከላ፡ ገማግም ባሕሪ ዘይብላ ሃገር ከም ምዃና መጠን ናብ ባሕሪ ናይ ምብጻሕ መሰላ ከም ዘይትኸልከል እምነት ነይሩዋ። እዚ ናይ መጨረሽታ ኩናት ከኣ 62 ሚልዮን ኢትዮጵያውያን ብመገዲ ኣህጉራዊ ስምምዕ ብዘይቀይዲ ናብ ባሕሪ ክበጽሑ መሰል ከም ዘለዎም'ዩ ዘብርህ። እዚ ድማ ኣብ ክልል ቀይሕ ባሕሪ ዓፋር ስርዓት ውሽጣዊ ምምሕዳር ብምቛም ክትግበር ይከኣል እዩ።
6-"ኢትዮጵያ ንሰላምን ጸጥታን ዞባ ኣብ ምሕጋዝ እስትራተጂያዊ መሓዛ ክትከውን ብቅዓት ኣለዋ። ምስ ሓንቲ 10 ዓመት ዕድሚኣ (ኤርትራ) ብምዕራብ ከም ኣኺስ (Rogue State) እትግለጽ ሃገር ብማዕረ ክትርአ የብላን።

## ካልኣይ፦ ሱዳን

1-“ሱዳን በቲ ስርዓት ኻርቱም ጸጥታ ኢትዮጵያ ንምህዋኽ ዝኸተሎ ፖሊሲ፡ ኣቐዲሙ ንኢትዮጵያ ዓንቃፊት ምኳና ብሩህ ስለዝነበረ፡ ኢትዮጵያ ብዲፕሎማስያውን ወተሃደራውን መዳይ መኪታቶ እያ። ሱዳን ብማሕበረሰብ ሃገራት ዞባ ቅብልቲ ኣባል ክትከውን ከኣ፡ ካብ ናይ ኩነታት ኤርትራ ወጺኣ፡ ደሞክራስያዊት ክትከውን ኣለዋ። እዚ ኸኣ ግድን ንመሰል ርእሰ ውሳነ ደቡብ ምቕባል፡ ኣብ ሰሜን ደሞክራስያዊ መስርሕ ምክያድ፡ ናይ ሓደ ጉጅለ ወተሃደራዊ ዕብለላ ምጉዳል፡ ልፍንታዊ መንግስቲ ምቛምን ኲናት ሓድሕድ ደው ብምባል መሰል ርእሰ ውሳነ ደቡብ ምርግጋጽን ኣብ ኻርቱም ብሃገራዊ ስምምዕ መንግስቲ ምቛምን እዩ።

2-“ህልዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ሱዳን ደሞክራስያዊ መስርሕ ንምክያድ ዘፍቕድ እዩ። ኢትዮጵያ ድማ ኣብ ክሊ ሓንቲ ሱዳን ሽግር ደቡብ ሱዳን ብረፈረንደም ምፍታሕ ዝብል ፖሊሲ ኣብ ምሕጋዝ ክትቕጽል ኣለዋ። መንግስቲ ኻርቱም ከኣ ስሓቢ እማመ ከቕርብ ኣለዎ። ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን ብወገኖም ሃገራዊ ርግኣትን ዕርቕን ዘረጋግጽ ናይ ነዊሕ እስትራተጂ ንምዕዋት ዕግበት ክህልዎም ይግባእ።

## ሳልሳይ፦ ጂቡቲ

1-“ጂቡቲ ንኢትዮጵያ ፍጹም ወተሃደራዊ ስግኣት ኣይኮነትን።

2-“ጂቡቲ ካብ ፍሉይ ረብሓኣ ተበጊሳ፡ ከም መተካእታ ወደብ ዓሰብ ንወደባ ክትጥቀም ንኢትዮጵያ ኣፍቒዳ። እዚ ድማ ረብሓ ጂቡቲ ኣበይ ምኳኑ ብንጹር ዘብርህ እዩ።

3-“ጂቡቲ ምስ ኢትዮጵያ ንዘለዋ ዝምድና መተካእታ ዝኸውን ናይ ወጻኢ የብላን።

3-“ሓድሽ ፕረዚደንት ጂቡቲ (እስማዒል ገለ) ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ዘይምእታው ዝብል መርገጺ ጂቡቲ ዘዓቀበ'ዩ ዝመስል። ንኢትዮጵያ ብዘይ ቀይዲ ናብ ባሕሪ ክትበጽሕ ስለዘፍቐደ ከኣ፡ ምስ ጂቡቲ ድልዱል ዝምድና ንምምዕባል ዕድል ሂቡ።

4-“ጂቡቲ በቲ ናይ ኢትዮጵያ ጽቡቕ ድሌትን ንክልቲኦም ወገናት ጠቓሚ ዝኾነ ዝምድና ምህላዉን ቅስንቲ እያ።

## ራብዓይ፦ ሶማል

1-"ሶማል ኣብ ቀረባ እዋን ቅቡል ዝኾነ ማእከላይ መንግስቲ ከተቅውም ኣይትኽእልን እያ። ምኽንያቱ ካብ ስርዓት ስያድ ባረ ዝተወርሰ ዓሚቍ ናይ ምብትታን ኩነታት ስለዘሎ። ምቛም ትካላዊ ማእከላይ መንግስቲ ናይ ውሑዳት ጉጅለ ድሌት ዘይኮነስ፡ የግዳስ ናይ ኩሎም ሶማላውያን ድሌት እዩ።

2-"ኣብ ትሕቲ'ዚ ሕጂ ዘሎ መሪሕነት፡ ማእከላይ መንግስቲ ዳግማይ ንምምላስ ዝግበር ፈተነ ተስፋ ዘባኽን'ዩ። ብዋጋ ህዝቢ ሶማል ድሌቱ ንምርዋይ ድማ'ዩ ክኸውን።

3-"ሶማላውያን ዝተፈላለየን ብዙሕን ኣጀንዳ ከም ዘለዎም ከኣ ሕጂ ክረጋገጽ ኣለዎ። ስለዚ ምእንቲ ሰላምን ጸጥታን ዞባና፡ ሶማል ምንጪ ሕጋውነት ዝኾኑ ጉጅለታት ናይ ስልጣን ማእከላት ከም ዘለዋ ኣሚንካ ምስኣታቶም ምውሳእ የድሊ።

4-"ማእከላይ መንግስቲ ሶማል ዳግም ምምስራት ድሕሪ ምብቅዑ፡ ኣብ መጻኢ ምናልባት ክመጽእ ዝኽእል ሶማላውያን ክብለጽሉ ዘለዎም ናይ መጨረሽታ እንኮ ምርጫ ምህናጽ ኮንፈደረሽን ወይ ፈደረሽን እዩ። እቲ ዝኸፍአ ኩነታት ከኣ ህልዊ ምዕባለታት ከም ዘለዎ ምቕጻል እዩ።

5-"ኢትዮጵያ ናይ ግድን ነዚ ዘየሕጉስ ሓሳብ'ዚ ክትቅበሎ ኣለዋ። ሃገራዊ ረብሓኣ ኣብ ሶማል ብውሽጢ ይኹን ኣብ ዝመጽእ ማእከላይ ግዜ፡ በዚ ዝስዕብ ኣጀንዳ እንተ ዘይኮይኑ ከተዓውቶ ኣይትኽእልን እያ።

5-1፦ "ሶማል ኢትዮጵያ ናይ ሶማል ፍልልያትን ቁርቁሳትን ሜዳ ምእንቲ ከይትኸውን መንግስቲ ኢትዮጵያ ውሕስነት ክፈጥር ኣለዎ። እዚ ድማ ብመገዲ ክልላዊ ስርዓትን ደሞክራስያዊ መስርሕን ክረጋገጽ ይኽእል። ኢትዮጵያውያን ሶማላውያን ንብሄራዊ ኣቓውማ ሶማል ስለዘንጸባርቑ ኣብ ክልል ሶማል ኢትዮጵያ ብዙሕነት ባህሊን ሃይማኖትን ዘለዎ ከም ምኳኑ መጠን ኣብኡ ምቹእ ስርዓተ መንግስቲ ምቛም፡ ኣብ መጻኢ ሶማል ብኸመይ ይመሓደር ኣብነት ክኸውን ይኽእል እዩ።

5-2፦ "ቐዳምነታት ፖሊሲ ኢትዮጵያ ኣብ ሶማል ከምዚ ዝስዕብ እዩ።

5-2-1፦ **ሶማሊ-ላንድ**

"ኢትዮጵያ ንሶማሊ-ላንድ ከም ናጻ ሃገር ብወግዒ ከይፈለጠታ፡ ርግኣት ምእንቲ ክትረክብ ቍጠባዊ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓገዛት ክትገብረላ ኣለዋ። ከምኡውን ኢትዮጵያ ኣብ በርበራ ጽዑቕ ኣጠቓቕማኣ ወደብ ክትጥቀም ኣለዋ። ምኽንያቱ ንክልል ሶማል ኢትዮጵያ ባህርያውን ያታውን ወደብ ስለዝኾነ። ምናልባት'ውን ንኢትዮጵያ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ክኸውን ዝኽእል እዩ። ወደብ በርበራ

እንተ ድኣ ተገልጊልናሉ ንክልተና ጠቓሚ እዩ። ንክልተኣዊ ዝምድናታት ሶማሊ-ላንድን ኢትዮጵያን ዘደልድል'ውን እዩ።

5-2-2፦ **ፑንት-ላንድ**

"ርግኣት ምስ ኢትዮጵያ እትዳወብ ፑንትላንድ ብእስትራተጂያዊ መዳይ ንዓና ኣገዳሲ እዩ። በዚ መሰረት ኢትዮጵያ ዝምድናኣ ምስ ፑንትላንድ እንኮላይ ቀጠባዊ ከተሓይሎ ኣለዋ። ርእሰ ምምሕዳር ዘለዎ ንኽሽውን ከኣ ክተተባብዕ ኣለዋ።

5-2-3፦ **በናድር-ላንድ**

"ኣብ ማእከል ሶማል ዝነብሩ ቀቢላ ሃውያ ኣብ ሃገራዊ ጸጥታ ኢትዮጵያ ዝገብርዎ ጽልዋን ኣገባብ ቅኑዕ ኣፈታትሓኡን ፍሉይ ተገዳስነት ክውሃቦም ኣለዎ። ከም ዝፍለጥ ጕይቶት ኲናት እንዳታት ሃውያ (ጀነራል ዓይዲድ፡ መሓመድ ፈራሕ፡ ነቦኡ ዝተክአ ሕሴን ዓይዲድን) ማልሻታቶምን ካብ 1991 ጀሚሩ ሶማል ርግኣት ከይትረክብን ኲናት ንኽቅጽልን ቀንዲ ጠንቂ'ዮም ነይሮም። በዚ ሒዞሞ ዘለዉ ኣገባብ ክቅጽሉ ድማ ልዑል ግምት ኣሎ። ዘይርጉእ ኩነታት ምቕጻሉ ኸኣ ኣብ ኩሉ'ቲ ምስ ማእከልን ደቡብን ሶማል ዝዳወብ ከባቢታት ኢትዮጵያ ጸጥታዊ ሽግራት ኣብ ምፍጣር ኣበርክቶ ክህልዎ እዩ። ብሰንኪ ቀጻሊ ዝምድና ዓይዲድ ምስ ኤርትራን ምስሪን ኣብ ኢትዮጵያ ዘይርጉእ ኩነታት ንምፍጣር ብዘለዎም እስትራተጂያዊ ረብሓ ከኣ እቲ ኩነታት እናኸፍአ ከይዱ። ንቀቢላ ሃበር-ቐደር ሓንቲ እንዳ ካብ ቀቢላ ኣልሃውያ ዝኾነት ዝተቆጻጸሩ ጕይቶት ኲናት ንኽቅጽሉ ካብ ተፈቒደሎም፡ እቲ ሽግር ክቕጽል ልዑል ግምት ኣሎ። ስልጣኖም ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምዕናው ከኣ፡ ዝተጸንዐ ስራሕ ምክያድ ኣገዳሲ እዩ።

5-2-4፦ **ረሓናውዪን፡**

ኢትዮጵያ ነዞም ብሕርሻን መጓሰን ዝናበሩ ዝበዝሑ ቀቢላ ሶማል ዝኾኑ ረሓናውዪን ፍሉይ ተገዳስነት ክትገብረሎም ኣለዋ። ንሳቶም ካብቶም ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ብቀጻሊ ዘስግእዎም ካልኦት ሰበኽ-ሳግም ቀቢላታት ሶማል ብዙሕ ይፈላለዩ እዮም። ርግኣት ዞባታት ርሓነውዪን ድማ ኣብ ጸጥታ ከባቢታት ዶብ ኢትዮጵያ ኣበርክቶ ክህልዎ እዩ። ናይ ገዛእ ርእሶም ሕጋዊ መንግስቲ ንምቛም ከኣ ሓገዝ የድልዮም እዩ። ነዚ ዕላማ'ዚ ንምርግጋጽ ሓደ ኣገባብ ከኣ፡ ንመሪሕነት ዕጡቓት ተቓወምቲ ርሓነውዪን ብዛዕባ ኣገዳስነት ምቛም ሲቭላዊ መሪሕነት ምዕጋቦም እዩ። እንተ ተኻኢሉ ነቶም ናይ ሕጋውነት ባይታ ዝነበሮም ኣባላት ዞባዊ ባይቶ ነበር ምምላስ እዩ። ሶማል ክትበታተን ንኢትዮጵያ ዘሐጉስ ኣይኮነን።

ኣብ ዝተናውሐ ረብሓ ኢትዮጵያ ፌደራላዊ ወይ ኮንፌደራላዊ መንግስቲ ኣብ ምቛም ንጻዕሪታት ሶማል ምሕጋዝ እዩ።

## ሓሙሻይ፦ ኬንያ

1-"ኬንያ ኩሉ ግዜ ብኣንጻር ናይ'ቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘሎ ቀጻሊ ቁርቁሳት ከም ደሴት ርግኣት ኮይና ስለእትርአ ብሓደ ወገን፡ በቲ ካልእ ድማ በቲ ኣብቲ ዞባ ሰፊኑ ዘሎ ኩነታት ተረባሒት ብምዃና፡ ስሓቢት ኮይና ክትርአ ገይሩዋ እዩ።

2-" ኬንያ ካብ'ቲ ናብኣ ዝውሕዝ ብዝሒ ስደተኛታትን ዝውሃብ ናይ ወጻኢ ሰብኣዊ ሓገዛት ቀጥጠባዊ ረብሓ'ኳ እንተ ሃለዋ፡ ሕብረተሰብ ኬንያ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ቀጻሊ ህልኽ ዝርከብ ፈኮስቲ ኣጽዋር ዝተዘርግሑ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ስለዝኾነ ግን ስሕበታ ንቱሪስትን ወፍሪን ዝተሓተ እዩ።

3-"ኣብ መንጐ ኬንያን ኢትዮጵያን ዘሎ ጉዳያት ንምፍታሕ ትካላዊ ምድላዋት ኣሎ። ገለ ካብኡ፡ ናብ ካልኦት ሃገራት'ቲ ዞባ ክዝርጋሕ ዝኽእል ኮምሽን ዶብ ክጥቀስ ይከኣል።

## ሻዱሻይ፦ ዓበይቲ ቀላያት

1-"ኣብ'ቲ ኣብ ዞባ ዓበይቲ ቀላያትን ቀርኒ-ኣፍሪቃን ጠፊኡ ዘሎ ሰላምን ርግኣትን ብዝምልከት ዳግመ ርእይቶ ምግባር ግድን ኮይኑ ኣሎ።

2-"ዓበይቲ ቀላያት ከም ኣካል ፈለግ ናይል ንኢትዮጵያ ሕጋዊ ዞባዊ ረብሓን ሓባራዊ ሻቅሎትን ኣለዎ።

3-"ኣብ ሃገራት ዓበይቲ ቀላያት ብሰንኪ ኣብ ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ሓቀኛን ትምኒታውን ረብሓታት ብዝተኸስተ ቅልውላውን ሓደገኛነት ጃምላዊ ህልቂትን ኢትዮጵያ ከም ዞባዊ ሓይሊን ኣንጻር ጃምላዊ ህልቂት ብዘለዋ ጽኑዕ መርገጺን ኣብ'ቲ ዞባ ኣጀንዳ ሰላምን ጸጥታን ኣብ ምምዕባል ክትሳትፍ ግድን እዩ።

## ሻውዓይ፦ ምስሪ

1-"ምስሪ ካብ'ቲ ጉዳይ ፈለግ ናይል ናይ ምብሓትን ካልእን ጉዳያት ተበጊሳ ኣብ መጻኢ ቀንዲ ጸላኢ ኢትዮጵያ ትሕሰብ ሃገር እያ።

2-"ምንጪታት ፈለግ ናይል ንኸትጥቀም ጠለባት ኢትዮጵያ እናዛየደ ምስ ምምጽኡ ምስሪ እዚ ንኸይዕወት ኣበርቲዓ'ያ ትሰርሕ።

3-"ምስሪ ኣንጻር ኢትዮጵያ ጠንቃም ኣጀንዳ ከም ዘለዋ ከኣ ኢትዮጵያ ግድን ክትርዳእ ኣለዋ። እዚ ድማ ኣብ ፖሊሲ ምስሪ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጽልዋ ኣለዎ።

4-“ምስሪ ንኢትዮጵያ ኣብ ዞባና ናይ ዕብለላ ተራ ትጻወት ከምዘላ ገይራ ሰለእትጥምታ ንምድኻማ’ያ ትሰርሕ። ንጸጥታ ናብ ስግኣት ብዘውድቕ መገዲ ንማይ ፈለግ ናይል ብልዑል መጠን ክትጥቀመሉ’ያ ዝብል እምነት’ውን ኣለዋ። ስለዚ ኣካል ናይ’ቲ ኢትዮጵያ ንምዝራግ ዝካየድ መስርሕ ክትከውን ድልውቲ እያ።
5-“ምስሪ ኢትዮጵያ ንምቁጻይ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ቁርቁስ ንምምዝማዝ ንናጻ ኤርትራ ትጥቀመላ ኣላ።
6-“ሶማል ብዝምልከት ከኣ ምስሪ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያን ዞባ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን እትኽተሎ ፖሊሲ ንምዕዋት ንሕሴን ዓይዲድ ትጥቀመሉ እያ።
7-“ምስሪ ነቲ ኢትዮጵያ እትኽተሎ ኣጀንዳ መሰል ርእሰ ውሳነ ጽልዋኣ ንምስፋን እትጥቀመሉ ኣገባብ ጥራሕ ስለዝኾነ ብትሪ’ያ ትምክቶ።
8-“ኢትዮጵያ ብጉዳይ ኣጠቓቕማ ማይ ፈለግ ናይል ግድን ምስ ምስሪ ክትዛተ ኣለዋ። እዚ ጉዳይ’ዚ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት ተወሲኑ ዝተርፍ ዘይኮነስ፡ ንኩለን ሃገራት ገማግም ፈለግ ናይል ከጠቓልል ኣለዎ። እዚ ኸኣ ኣብ ዝምድና ኢትዮጵያን ምስሪን እምነ-ኩርናዕ እዩ። ኢትዮጵያ እዚ ጉዳይ’ዚ ኣብ ሕጋዊ ረብሓታታ ዋጋ ዕዳጋ ብዘይብሉ ብርትዓዊ መገዲ ክፍታሕ’ያ ትደሊ። ብተመሳሳሊ ኢትዮጵያ ከምዚ ሕጂ ኣብ ኤርትራን ሶማልን ዘሎ ኩነታት ንጸጥታኣን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዝህውኽ ዕላማታታ ንኸይትቅጽሎ ኣፍደገ ክትዓጽወላ ኣለዋ።
9-“ምስሪ ንክልተ መለክዒታት ዘለዎ ፖሊስታታ ብክልተ መለክዒታት ተራ ንኽትጻወት ኢትዮጵያ ተፍቅደለይ ኢያ ዝብል እምነት ንኣዕናዊ ፖሊስታት ንምትግባር ጸኒዓ እንተ ቀጺላ ኢትዮጵያ ክትምክታ ኣለዋ። ኣብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ (ሕጂ ሕብረት ኣፍሪቃ) ሓደ ተራ ክትጻወት ከላ፡ ኣብ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ከኣ ኣዝዩ ዝተፈልየ ካልእ ተራ ትጻወት። ስለዚ ኢትዮጵያ ነቲ ምስሪ ኣብ ኣፍሪቃ ክትመጽእ ከላ እትጻወቶ ድርብ መለክዒታት ዘለዎ ተራ ደው ከተብሎ ኣለዋ። ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ምስሪ ምስ ኣፍሪቃ ዝህልዋ ናይ መጻኢ ቊጠባዊ ዝምድናታት ብዝምልከት ግድን ተጠንቂቓ ክትሰርሕ ኣለዋ።
10-“ኣፍሪቃ ንኢትዮጵያ ኣገዳሲት ምኳና ከነስምረሉ ኣሎና። ኣፍሪቃ ከኣ ኣብ ሕብረት ፖሊስኣ’ያ ዘላ። ምኽንያቱ ሓንቲ ካብ መሰረቲ ሃገራት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ስለዝኾነትን ቤት ጽሕፈት’ቲ ውድብ ኣብ ኢትዮጵያ ብምህላዉን እዩ።
11-“ኢትዮጵያ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ጽልዋኣ ከተሕይል የድልያ እዩ። ብፍላይ ከኣ ምስ’ተን ኣብ ፈለግ ናይል ምስኣ ናይ ሓባር ረብሓ፡ ምስ ምስሪ ከኣ ዝስተፈልየ ረብሓ ዘለወን ሃገራት።

# ወያነ ብክልቲኡ ስምምዓት ኣልጀርስ ኣይምእዘዝን'ዩ

ስርዓት ወያነ ብሓሶት ምህዞ ንኤርትራዊት ባድመ ሉኣላዊ መሬተይ'ዩ ብምባል ብ13 ግንቦት 1998 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣጠቓላሊ ኲናት ኣዊጁ። ኣብ'ቲ ብሓገዝ ኣሜሪካን እስራኤልን ንኤርትራ ዳግማይ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ንምእታው ወይ ካብ ሃሱሳት ሃገራውያን ስርዓት ንምትካል ንክልተ ዓመትን ፈረቓን ዘካየዶ ኲናት ከኣ ኣብ ሰለስቲኡ ደቡባዊ፡ ምዕራባውን ምብራቓውን ግንባራት ሰለስተ መጠነ ሰፊሕ ወራራት ኣካይዱ። እቲ ዘካየዶ ሰለስተ ወራራት ምስ በርዓነ ከኣ፡ ተቀሲቡ ብ18 ሰነ 2000 "ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት" ብ12 ታሕሳስ 2000 ድማ "ስምምዕ ሰላም" ኸቲሙ። ነዚ ኸኣ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ (ሕጂ ሕብረት ኣፍሪቃ) ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኤውሮጳን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኣብ ዝተሳተፍዎን ዝኸተምሉን ፕረዚደንት ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቶ መለስ ዜናውን ኽታሞም ኣንቢሮምሉ። ኣብ ርእሲ'ዚ ኸኣ ክልቲኦም ወገናት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ነቲ ስምምዕ ብመሰረት ዓንቀጽ 102(1) ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጠቕላሊ ሰክረታርያ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኽመዝግቦ ንዋና ጽሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወኪሎምዎ። ካብዚ ቀጺልና ድማ ትርጉም ናይ'ቲ ዓንቐጽ ነቕርብ።



1-"ኹሉ ኣህጉራዊ ስምምዕ ወይ ውዕል ዝኾነ ኣባል ካብ ኣባላት "ውድብ ሕቡራት ሃገራት"ዝኸተሞ፡ ኣብ ስራሕ ድሕሪ ምውዓሉ ኣብ መዝገብ ሰክረታርያ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክምዝገብን ብዝቀልጠፈ ክዝርጋሕን ኣለዎ።
2-"ዝኾነ ናይ'ቲ ኣህጉራዊ ውዕል ወይ ስምምዕ ወገን፡ ብመሰረት ቀዳማይ ሕጥቦ ናይ'ቲ ዓንቀጽ ዘይተመዝገበ ምስ ዝኸውን ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ጨንፈር ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ጨንፈራት ክማጎተሉ ወይ ብእኡ ክጸንዕ ኣይክእልን እዩ።

ዓንቀጽ 18 (ሀ) ካብ "ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት" ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ'ቲ ብስምምዕ ኣልጀርስ ዘይምእዘዝ ወገን፡ ኣድላዪ ዲፕሎማስያዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቊጠባውን ወተሃደራውን ስጉምቲታት ክወስድ ስልጣን ኣለዎ'ዩ ዝብል። ቁጽሪ 15 ናይ ዓንቀጽ 4 "ስምምዕ ሰላም" ብወገኑ፡ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን "ናይ መጨረሽታን ቀያዲን" እዩ ዝብል። እዚ ኸኣ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ንውሳነ ኮምሽን ዶብ ዝሕሉን ዘውሕስን ሕጋዊ ኣህጉራዊ ሓላፍነት ኣለዎ ማለት እዩ።

ብመሰረት ስምምዕ ሰላም ከኣ ኣካል ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዝኾነ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ቆይሙ። ንዶብ ክልቲኦን ሃገራት ብመሰረት ዶብ ክልቲኦን ሃገራት ዝተሓንጸጸሉ ኣህጉራዊ ውዕላትን ምስኡ ዝተኣሳሰር ኣህጉራዊ ሕጊን ዶብ ክሕንጸጽ ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ደገፍን ስምምዕን ረኺቡ። ብልክዕ ከኣ እቲ ኮምሽን ዝተሰከሞ ዕማም ብምፍጻም ብ13 ሚያዝያ 2002 ውሳነኡ ኣዊጁ። እቲ ውሳነ ምስ ተገልጸ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብቐጥታ ደገፉን ሓጐሱን ገሊጹ። እንተኾነ ግን ከይደንጎየ ካብ መርገጺኡ ብምስሓብ ሓላፍነትን ሕልናን ብዝጎደሎ መልክዕ ነቲ ኣብ ኣልጀርስ ምስ ሃገረ ኤርትራ ዝኸተመሉን ሓደ ካብ ሰነዳት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ኮይኑ ዘሎ ኣህጉራዊ ስምምዕ ብወግዒ ግሂሱዎ። ነዚ ድማ ኣብ'ቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ ብ19 መስከረም 2003 ናብ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ ኮፊ ዓናን ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ገሊጹዎ።
ሀ- "ኢትዮጵያ ንውሳነ ኮምሽን ዶብ ከም ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን ዘይሓላፍነታውን ትቆጽሮ።
ለ- "ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝሓለፈ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ናይ ርግኣት ሃዋሁው ዝፈጥር ዘይኮነስ፡ ሓድሽ ግጭት ዝውልዕ እዩ።
ሐ- "ዕማም ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክምለሰሉ ኣብ ዘይኽእል ናይ መጨረሽታ ዕምሩ በጺሑ ኣሎ።
መ- "ብመሰረት'ዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ሓቂታት እምበኣር፡ ባይቶ ጸጥታ መተካእታ ኮምሽን ምምልካት ዶብ ካልእ መካኒዝም ከቕውም ኣለዎ።

ምምልካት ዶብ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ብመገዲ ኣሃዱ ካርታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሕዳር 2003 ክፍጸም ነይሩዎ። እንተኾነ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ንውሳነ ኮምሽን ዶብን ነቲ ምስ ኤርትራ ኣብ ኣልጀርስ ዝኸተሞ ክልተ ስምምዓትን ከም ዘየኽብሮ ኣፍሊጡ። እቶም ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም ዝፈረሙ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ባይቶ ጸጥታን

ሕብረት ኣፍሪቃን ከኣ ኣስቂጦም እዮም። እታ ብመገዲ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያታ ማድሊን ኦልብራይት ኣቢላ ኣብ'ቲ ስምምዕ ሰላም ዝኸተመት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ'ውን ኣብ ኩሉ ኣህጉራዊ መጋባእያታትን ባይቶ ጸጥታን ንኢትዮጵያ'ያ ትሕግዝ። በዚ ደው ከይበለት ከኣ ኣብ'ቲ ንጻዕሪታት ኢትዮጵያ እትገብሮ ሓገዝ መተካእታ ኮምሽን ዶብ ዝኾነ መካኒዝም ንምትእትታው ንውሳነ ኮምሽን ዶብ ረጊጻቶ እያ። ንባዕላ ተሓጋጋዚት ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳይ ኣሜሪካ ኣብ ጉዳይ ኣፍሪቃ ዝነበረት ጀንዳይ ፍረዘር ነቲ ናይ መጨረሽታን ቀያዲን ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምብርዓን ምእንቲ ኣብ ጉዳይ ባድመ ረፈረንደም ክካየድ ሓሳብ ኣቕሪባ። እዚ ሓሳብ'ዚ ምስ ፈሸለ፡ ምምሕዳር ኣሜሪካ ብጥሪ 2004 ብመገዲ ዋና ጽሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነበር ኣቢሉ መተካእታ ኮምሽን ዶብ ዝኾነ እማመ መካኒዝም ኣቕሪቡ። ነዚ ንምትግባር ከኣ ካብ'ቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን በጺሐንኦ ዘለዋ ዕጹው መገዲ ንምውጻእ ብዝብል ምስምስ ንሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ካናዳ ነባር ኣልዮድ ወርሲ መዚዛ። እንተኾነ ግን ፍረ ኣየምጽአን። እዚ ናይ ኣሜሪካ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኢትዮጵያን ሜላ ንዝኾነ ዘደናግር ስለዘይነበረ ከኣ በርዒኑ።

ኣብ መጨረሽታ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሰንኪ ኢትዮጵያ ብሓገዝ ምምሕዳር ኣሜሪካ ምንጻጋ ዶብ ኣብ ባይታ ከመልክት ስለዘይከኣለ፡ ዶብ ብማንዛ (Virtual) ከመልክቶ ወሲኑ። በዚ ኸኣ ብ30 ሕዳር 2007 ኣብ ዘ-ሄግ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት'ቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝወጸ ውሳነ ኮምሽን ዶብ፡ ጉዳይ መስርሕ ምምልካት ዶብ ብመሰረት ዝተገብረ ንቑጣታትን መመኣዘኒን (Coordinates) ካርታታትን ብማንዛ ከም ዝተመልከተን እዚ ሰነድ'ዚ ድማ ሓደ ካብ'ቲ ወግዓዊ ሰነዳት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ኮይኑ ከምዘሎን ሓቢሩ። በዚ ኸኣ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓንሳብን ንሓዋሩን ተወዲኡ ከምዘሎ ኣረዲኡ። ብድሕሪ'ዚ ምምሕዳር ኣሜሪካን መንግስቲ ኢትዮጵያን ምስ ገለ ሃገራት ብምትሕብባር ንኤርትራ ብፖለቲካ ንምንጻል፡ ስማን መልክዓን ንምድዋንን ብቍጠባ ንምሕጻራን ወተሃደራዊ ዓቕማ ንምድኻምን ኣብ መጨረሽታ ከኣ ውሽጣዊ ሓድነታ ብምዝራግ ስርዓታ ንምቕያር መርትዖታት ዘይብሉ ናይ ሓሶት ክሲ ብምምስራት ኣብ ልዕሊኣ እገዳ ኣሕሊፎም። እቲ ሽዑ ዘቕረብዎ ክሲ፡ ኤርትራ

1-"ናብ ሶማል 2000 ወተሃደራት ኣእትያ።

2-"ናብ ሶማል ናይ ኣጽዋር ጽዕነት ብኣየርን ምድርን ልኢኻ።

3-"ኣብ ራስ-ዱሜራን ደሴት ዱሜራን ኣብ ልዕሊ ጂቡቲ ተጻብኦ ፈጺማ፡ ዝብል ነይሩ።



እዚ ውጹእ ናይ ሓሶት ክሲ'ዚ ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ ዋሽንግቶን ክህንድሶ ከሎ፡ ኣምባሳደር ሱዛን ራይስ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ኒውዮርክ ድማ ኣቕሪባቶ። ቅድሚኡ ግን ኣብ ለንደን፡ ፓሪስ፡ ኣዲስ ኣበባ፡ ካምፓላን ካልኦት ዋና ከተማታት ኣፍሪቃን ይጥጃእ ነይሩ። ብመገዲ "ተቆጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን" ናብ ባይቶ ጸጥታ ቀሪቡ። ባይቶ ጸጥታ ድማ ነዚ ዝተሰነዐ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ከይመርመረን ከየጻረየን ብ13 ታሕሳስ 2009 ኣንጻር ኤርትራ ብቁጽሪ 1907 ዝፍለጥ ኣብ ሻቡዓይ ምዕራፍ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተመርኮሰ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ወተሃደራውን መዳያት ዘጠቓለለ ዓማጽን ዘይፍትሓውን እገዳ ኣሕሊፉ። ባይቶ ጸጥታ ግን ነዚ እገዳ'ዚ ድሕሪ ትሽዓተ ዓመት ነዚ ኣንጻር ኤርትራ ዝቀንዐ ክሲ ዘረጋግጽ መርትዖታትን ጭብጢታትን ኣይረኸብኩን ብምባል'ዩ ብ14 ሕዳር 2018 ኣልዒሉዎ። እዚ ድማ ቁናን ሕጊ እዩ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ ስርዓት ወያነ ኣብ ከባቢታት ዶብ ወተሃደራዊ ተጻብኦታት ኣብ 2010፡ 2012፡ 2015 ካብ ምክያድ ኣይተቆጠበን። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ከኣ ኣብ ሰብን ንብረትን ገዚፍ ክሳራታት ኣናውረደሉ ንድሕሪት ይመልሶ ነይሩ። ሓይልታት ኢትዮጵያ ንሓይልታት ኤርትራ ናብ ኣጠቓላሊ ኲናት ንምእታው ኣብ ከባቢታት ዶብ ዘካይድዎ ዝነበሩ ወተሃደራዊ ተጻብኦታት ቆጺርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ኣይሰመረሎምን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ባይቶ ጸጥታን ተኸታተልቲ ምምሕዳራት ኣሜሪካን ብምሽራኽ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝፈጠርዎ ናይ ኣይሰላምን ኣይኲናትን ሃዋሁው ካብ 2000 ክሳብ 2018 ን18 ዓመታት'ዩ ቀጺሉ።

## ኣብ 2006 ኣብ ልዕሊ ሶማል ዝተፈጸመ ወራር

ኢትዮጵያ ኣብ 2006 ንሶማል ብምውራር ንዋና ከተማ መቓድሾ ሒዛታ። ንክልተ ዓመት ከኣ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ተቆጻጺራታ። ንሰራዊታ ብተቓወምቲ ሓይልታት ሶማል ከቢድ መጥቓዕቲ ምስ ወረዶ ከኣ'ያ ኣብ 2009 ስሒባ። ኣብዚ እቲ ኣገዳሲን ቀንዲን ክልተ ረቛሒታት ከኣ፦



## 1-ቀዳማይ ረቛሒ፦ ኢትዮጵያ ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ግሂሳ

**ንሶማል ብምውራር ንዋና ከተማ መቓድሾ ጐቢጣ ሒዛ።**

1-1፦ *መንግስቲ ኢትዮጵያ ንዓንቐጽ 2 ቁጽሪ 4 ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ግሂሱ። እቲ ዓንቐጽ ኣባል ሃገራት ኣብ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ሓይሊ ብምጥቃም ስግኣት ክፈጥራ ወይ ናይ ሓንቲ ሃገር ሰላም ወይ ፖለቲካዊ ናጽነት ክዘርጋ ምስ'ቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝብሎ መትከላት ዘይሳነ እዩ።* (5)

## 2 -ካልኣይ ረቛሒ፦ ኢትዮጵያ ንቻርተር ሕብረት ኣፍሪቃ ግሂሳ

*ኢትዮጵያ ነቲ ካብ መሰረታዊ ዓንቀጻቱ ነዚ ዝስዕብ ዝገልጽ ራብዓይ ዓንቀጽ ቻርተር ሕብረት ኣፍሪቃ ግሂሳቶ።*

2-1፦ *"ካብ መግዛእቲ ዝተወርሰ ዶብ ምኽባር።*

2-2፦ *"ኣብ መንጎ ኣባላት ሓይሊ ወይ ፈኸራ ምጥቓም ምኽልካል።*

2-3፦ *"ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ናይ ዝኾነት ሃገር ዘይምእታው።* (6)

## 3--ሳልሳይ ረቛሒ፦ ኢትዮጵያ ንቻርተር ውድብ ኢጋድ ግሂሳ

*መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ መሰረታዊ መትከላቱ ነዚ ዝስዕብ ዝገልጽ ቻርተር ውድብ ኢጋድ ግሂሱ።*

1-*ዞባዊ ሰላም፡ ሓድነትን ሉኣላውነትን ምኽባር።*

2-ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኣባል ሃገራት ዘይምእታው።
3-ኣብ መንጐ ሃገራትን ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሃገርን ንዘጋጥም ግርጭት ብሰላማዊ ኣገባብ ብዘተ ምፍታሕ።
4-ዞባዊ ጸጥታ፡ ሰላምን ርግኣትን ምዕቃብ። (7)

## ታሪኻውን ፖለቲካውን ስግንጢር (Paradox)

ልዕሊ ኩሉ ዘገርምን ዘደንጹን ኢትዮጵያ ኣባል ሰለስቲኡ ዓለማዊ፡ ክፍለ-ዓለምን ዞባውን ውድባት ክነሳ፡ ነቲ ባዕላ ብእኡ ክትሰርሕን ክትምእዘዝን ዘረጋገጸትሉን ዝኸተመትሉን ናይ ሰለስቲኡ ውድባት ቻርተራት ምግሃሳ እዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ንስርዓት እስላማዊ መጋባእያታት ብምውዳቕ ንዕኡ ዘገልግል ካልእ ስርዓት ንምትካል ብ2006 ንሶማል ብምውራር ንዋና ከተማ መቓድሾ ብምጉባጥ'ዩ ንዞባውን ኣህጉራውን ቻርተራት ግሂሱ። እቲ ዘተሓሳስብን ዘገርምን ከኣ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ውድብ ኢጋድን ንተጻብኦታትን ጕበጣን ኢትዮጵያ ኣስቀጦም ተዓዚቦምዎ ጥራሕ ዘይኮነ፡ መርገጺኦም ቀታሊ'ዩ ነይሩ። በዚ ኸኣ መትከላትን ዕላማታትን ናይ'ዘን ውድባት እዚኣተን ሕብሪ ኣብ ወረቐት ጥራሕ ኮይኑ ተሪፉ። ኤርትራ ነቲ ኣብ 2006 ዝተኻየደ ወራር ኢትዮጵያ ንሶማል ብጽኑዕ ኮኒናቶ እያ። ንኹሎም ወገናት ሶማል ንዝሓለፈ መሪር ኩነታትን ካልኣዊ ግርጭታትን ሰጊሮም፡ ኣብ ልዕሊ ሓድነትን መጻኢን ሶማል ውዲት ንዝፍጽሙ ሓይልታት ብቀዳምነት መንግስቲ ኢትዮጵያ ዕድል ንምኽላእ ውሽጣዊ ሓድነቶም ንኸሐይሉ ጻውዒት ኣመሓላሊፋ። "ግብረሽበራ ምምካት" ብዝብል ዘይቅኑዕ ምኽንያት ንዝፍጸም ናይ ኣሜሪካ ምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሶማል'ውን ኮኒና። ኢትዮጵያ ካብ ምምሕዳር ፕረዚደንት ጆርጅ ቡሽ ንእሽቶ ሓምላይ ምልክት እንተ ዘይትረክብ ነይራ፡ ሶማል ንምውራርን ንክልተ ዓመታት ምሉእ ንመቓድሾ ንምጉባጥን ድፍረት ኣይምረኸበትን ነይራ። ስለዚ ከኣ ዋሽንግቶን ንኢትዮጵያ ዝተፈላለየ ዓይነት ሓገዛት ገይራ እያ።

## ስርዓት ወያነን ናይ ወጻኢ ኪዳናቱን

ስርዓት ወያነ ነዞም ዝስዕቡ ዕላማታቱ ንምዕዋት ኣብ ናይ ኣሜሪካ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራውን ፋይናንሳውን ሓገዛት'ዩ ተመርኲሱ።
1-ኣብ ዓሌት ዝተመርኮሰ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ኣብ ኢትዮጵያ ምድልዳል።
2-ብዋጋ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ኣስፋሕፋሒ ኣጀንዳኡ ምትግባር።
3-ጸጥታን ርግኣትን ሶማል ምዝራግ።
4-ኣብ'ቲ ዞባ ናይ ኣሜሪካ ኣጀንዳ ምፍጻም።

ሀ- ስርዓት ወያነ ካብ'ቲ ኣብ 1991 ኣብ ስልጣን ዝመጸሉ ክሳብ መራሒኡ መለስ ዜናዊ ኣብ 2012 ዝመውት፡ ኣብ ኢትዮጵያ ብሓውን ዓረርን ናብ ስልጣን ንኽቅጽል ንናይ ኣሜሪካ ሓገዝ ብዝለዓለ'ዩ ዝጥቀመሉ ነይሩ።
ለ- ብዋጋ ኤርትራ ምስፍሕፋሕን ስርዓት ናይ ምቅያር ፖሊሲ ም'ኽታልን።
ሐ- ስርዓት ወያነ ናይ 15 ግንቦት 2005 ምርጫ ምስ ከሰረ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዋላ ሓንቲ መንበር'ውን ምስ ሰኣነ፡ ብዘይካ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ መላእ ክልላት ኢትዮጵያ ዝዓበየ ክሳራ ከም ዘጋጥሞ ምስ ፈለጠ፡ ፍኑው ግፍዒታትን ጃምላዊ ምእሳርን ኣካይዱ። ነቲ ኣደ መንበር ኮምሽን ሕብረት ኤውሮጳ ኣና ጀሚዝ ዘቃልዓቶ ምርጫታት ኢትዮጵያ'ውን ተምዒንዎ። ይኹም'ምበር ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ ንተቓወምቲ እትድግፍ ሻራዊትን ንመስርሕ ምርጫታት ዘካፍኣትን'ያ ብምባል ከኣ ሰጕጕዋ። በቲ ንምርጫታት ዝተገብረ ትምየና ተቓወምቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ኣካይዶም። ከም ውጽኢቱ ከኣ ዓሰርተታት ክቅተሉ ከለዉ፡ ኣምኣት ከኣ ቆሲሎም። ምስ'ዚ ኩሉ ግን እቲ ኣብ ኣፍሪቃን ዓለምን ንመስርሕ ደሞክራሲ ከም ዝሕግዝ ዝምካሕ ምምሕዳር ኣሜሪካ ብጩ'ቕ ኣይበለን። እኳ ድኣ ከምዛ ኣብ ኢትዮጵያ ገለ ነገር ዘይተፈጸመ ንስርዓት ወያነ ኣብ ምሕጋዝ'ዩ ቀጺሉ።
መ- ስርዓት ወያነ ምምሕዳር ኣሜሪካ "ግብረሽበራ ንምምካት" ብዝብል ምስምስ ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካውን ዜናውን ሓገዝ ምስ ኣበርከተሉ፡ ብ2006 ንሶማል ወሪሩ። ከም ዝፍለጥ ግን እቲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ከም "ግብረሽበራዊ ምንቅስቓስ" ዝገልጾ "ምንቅስቓስ ሸባብ" ቅድሚ ኢትዮጵያ ንሶማል ምውራራን ንሰፊሕ ከባቢታት እንኮላይ ዋና ከተማ መቓድሾ ምጉባጣን ኣብ ሶማል ህላወ ኣይነበሮን።

## ስርዓት ወያነ ንእስትራተጂ ኣሜሪካ የገልግል

ብኣንጻሩ ኢትዮጵያ ንኣጀንዳ ኣሜሪካ ኣብ ዞባ ቀርኒ-ኣፍሪቃን መላእ ኣፍሪቃን እያ ተገልግል።
1-ኣብ "ምምካት ግብረሽበራ" ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን መላእ ኣፍሪቃን ንናይ ኣሜሪካ ኣጀንዳ'ያ ት'ኽተል።
2-ንኣጀንዳ ኣሜሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ደቡብ ቀይሕ ባሕሪን ንምግልጋል ከኣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ምትእትታው ትፍጽም።
3-ብመገዲ ትካላት ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንፖሊስታት ኣሜሪካ ኣብ ኣፍሪቃ ዝሕግዝ ሎቢ ትፈጥር።

## 4- ብሄራዊ ስርዓት ሃይለማርያም ደሳለኝ ካብ 2012 ክሳብ 2018



ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ ኣብ 2012 ምስ ሞተ፡ ሃይለማርያም ደሳለኝ'ዩ ተኪኡዎ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ነታ ሃገር ባእታታት ወያነ ይመርሕዋ ስለዝነበሩ ከኣ ብዞባዊ ይኹን ውሽጣዊ መዳይ ክጥቐስ ዝከኣል ለውጢ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ቀዳማይ ሚኒስተር ከም ፕረዚደንት ሃገር ንሽሙ ጥራሕ'ዩ ነይሩ። ኣብ መጨረሽታ ከኣ መላእ ኢትዮጵያ ዝዓመመ ማዕበል ህዝባዊ ተቃውሞ ምስ ኣጋጠመ ሃይለማርያም ደሳለኝ ከይፈተወ ተቀሲቡ ብ15 ለካቲት 2018 ስልጣኑ ገዲፉ።

## 5-ዓሌታዊ ስርዓት ኣቢ ኣሕመድ ዓሊ 2018 - …



ዶ/ር ኣቢ ኣሕመድ ዓሊ ብ2 ሚያዝያ 2018 ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ምስ ሓዘ፡ ንውሽጣውን ግዳማውን ሽግራት ኢትዮጵያ ንምፍታሕ ዝዓለመን ካብ "ዜሮ ሽግር" ፖሊሲ ዝብገስ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት እንኮላይ ምስ ሶማል፡ ኤርትራን ምስሪን ዝጸንሐ ወጥሪታትን ቁርቁሳትን መደምደምታ ዝገብርን ሓድሽ ፖሊሲ ኢትዮጵያ

ከም ዘጽድቅ ኣዊጁ። እንተኾነ ግን ብግብሪ ኣብ'ቲ ንዓመታት ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ኢትዮጵያ ዝተዋህለለ ከቢድ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቍጠባዊ፡ ባህላውን ስነ-ኣእምራውን ሽግራት ዝሳቐ ኣቓውማ ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ ውሽጣዊ ግርጭታት'ዩ ወሊዑ። ኦሮሞ ዓቢ ተራ ዝጻወቱላ ዓሌታዊት ሃገረ ኩሽ ንምቛም ዝዓለመ ፖሊሲ ከኣ ተኸቲሉ። እዚ ድማ ኣፍደገ ባሕሪ ከይወነንካ ክረጋገጽ ስለዘይክኣል፡ ብዋጋ ሃገራዊ ሉኣላውነት ሶማል፡ ጂቡቲን ኤርትራን ንምትግባሩ ተንቀሳቒሱ። እዚ ኸኣ ኣብ'ቲ ብጠለብ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢ ኣሕመድን ካልኦት ጸለውቲ ውልቀ-ሰባት ኣብ ደሞክራስያዊ ውድብ ህዝቢ ኦሮሞን ኣብ ኦሮምያን ፌደራላዊ መንግስቲን ውሳነታት ክወስዱ ዝኽእሉ ሰባትን ዝተኻየደ ኣኼባ ዝወጸ ምስጢራዊ ሰነድ ዘረጋግጾ እዩ። [8]

ብግብራዊ መዳይ ኣቢ ኣሕመድ ነዚ ዝስዕብ ኢሉ።

1-ብ5 ሰነ 2018 ኢትዮጵያ ነቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝወጸ ውሳነ ዶብ ምሉእ ብምሉእ ከም እትቕበሎ ገሊጹ።

2-ብ9 ሰነ 2018 ናብ ምስሪ ብምኻድ፡ ብመገዲ ተለቭዥን ምስሪ ኣብ ዘመሓላለፎ ብዓይነቱ ናይ መጀመርያን ኣገራሚን ዝኾነ ፖለቲካዊ ፍጻመ፡ "ወላሂ፡ ወላሂ፡ ኣብ ልዕሊ ማይ ምስሪ ጉድኣት ኣይነውርድን ኢና" ክብል ምሒሉ።

3-ብ16 ሰነ 2018 ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ናብ መቓድሾ ዑደት ብምክያድ ምስ ፕረዚደንት ሶማል መሓመድ ዓብደላ መሓመድ ኣብ ዝኸተሞ ስምምዕ፡ ኢትዮጵያ ናብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሶማል እትገብሮ ምትእትታው ደው ከም ዘብሎን ኣብ ክሊ ሓድሕዳዊ ምክብባር ሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ፖለቲካዊ ናጽነትን ሃገራዊ ሓድነትን ክልቲአን ሃገራት ዝተመርኮሰ ሓድሽ ዝምድና ከም ዘቕውም ኣረጋጊጹ።

4-ብ5 መስከረም 2018 ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድ ምስ ፕረዚደንት ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ሶማል ነበር መሓመድ ዓብደላን ኣብ ዋና ከተማ ኤርትራ ኣስመራ ኣብዚ ዝስዕብ ጉዳያት ተሰማሚዑ።

4-1--ሰለስቲአን ሃገራት ንዕላማታት ህዝበን ዘገልግል ኣጠቓላሊ ምትሕግጋዝ ምሕያል።

4-2-ጥቡቕ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ጸጥታውን ዝምድናታት ምህናጽ።

4-3-ዞባዊ ሰላምን ጸጥታን ንምድልዳል ሰለስቲአን ሃገራት ተወሃሂደን ይሰርሓ።

4-4-ኣብ ክሊ'ዚ ስምምዕ ንዝካየድ ጻዕሪታት ንምውህሃድ ላዕለዋይ ናይ ሓባር ኮሚተ ምቛም።

መንግስቲ ኢትዮጵያ እዚ ስምምዕ'ዚ ካብ'ቲ ዝተኸተመሉ ዕለት ጀሚሩ ምስ ሓሙሽተ ፌደራላዊ ክልላት ሶማል ዝተፈላለየ ዕላማታት ዘለዎ ህላወኡ ንምድልዳል ተበጊሱ። ንሳተን ከኣ ሶማሊ-ላንድ፡ ቡንት-ላንድ፡ ቀልምዱቕ፡

ሄርሽበለን ጁባ ላንድን እየን። ምስ ዞባ በናድር ዝነበሮ ዝምድና ግን ምስ ካልኦት ዞባታት ብምውድዳር ኣመና ትሑት እዩ።

እዚ ስምምዕ እዚ ግን ከም ኩሎም ካልኦት ስምምዓት ኣብ ባይታ ኣይተተርጎመን። ምኽንያቱ ኢትዮጵያ ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ውድብ ኢጋድን ብምግሃስ፡ ንኩሉ ዝምድናታት ሃገራት ዓለም ዝገዝእ ኣህጉራዊ ውዕላትን ሕጊታትን ብምጥሓስ ብዋጋ ሃገራዊ ሉኣላውነት ሃገራት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብን ወተሃደራዊ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ንምቛምን ኣጀንዳ ስለዝነበራ።

## ኣቢ ኣመድን ሕልሚ ሕማም ኣፍደገ ባሕርን




ኣቢ ኣሕመድ ብ2 ሚያዝያ 2018 ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኮይኑ ምስ ተሾመ፡ ጉዳይ ኣፍደገ ባሕሪ ምርካብ ንኢትዮጵያ ናይ ህልውና ሕቶ ምዃኑ ገሊጹ። ስለዚ ከኣ ሓይሊ ባሕሪ ናይ ምህናጽ ፖሊሲ ተኸቲሉ። እዚ ግን ምንቅስቓስ ማያዊ መስመር ኣብ ቀላይ ጣና ንምሕላው ዘይኮነስ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንኢትዮጵያ ሓይሊ ባሕሪ ከም እትውንን ንምግባር እዩ። ነዚ ጉዳይ'ዚ ከኣ ጸኒሕና ክንርእዮ ኢና። ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ካብ ዝሓዘሉ ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ናብ ፈረንሳ ዑደት ብምክያድ ምስ ፕረዚደንት ኢማኑኤል ማክሮ ብምርኻብ ብዛዕባ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ኣካዳሚያውን ባህላውን ጉዳያት ተመያዪጡ። [9] ክልቲኦም ወገናት ከኣ ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ዝመጽእ ግዜ መደብ ኣውጺኦም ክትግብርዎ ተሰማሚዖም። ብልክዕ ከኣ ፕረዚደንት ኢማኑኤል ማክሮ ብ12 መጋቢት 2019 ናብ ኢትዮጵያ ዑደት ኣካይዱ። ኣብ'ቲ ዑደት ከኣ "ፈረንሳ

ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ዳግማይ ንምህናጽ ንኢትዮጵያ ከም እትሕግዝ ቃል ኣትያ።” [10]

በዚ ኸኣ ፈረንሳ መኮንናት ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ኣብ ፈረንሳን ኣብ’ታ ኣብ 1977 ናጽነታ ዝረኸበት ጂቡቲ ኣብ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከር ፈረንሳን ከተሰልጥን መደብ ኣውጺኣ። ኢትዮጵያ ገምገም ባሕሪ ስለዘይብላ ግን ብኸመይ፡ ካበይን መዓስን ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ንቊጠባዊ ረብሓታት ዘይኮነስ ንወተሃደራዊ ዕላማታት ዝውዕል ትረክብ ዝብል ጉዳይ ተላዒሉ። ምኽንያቱ ሕልሚ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ገምገም ባሕሪ ዘለዋን ምሉእ ብምሉእ እትቆጻጸሮን ኢምብራጦርያ ንምህናጽ ስለዝኾነ። እቲ ዕላማ ብመገዲ ንግዳዊ ስምምዕ ንንግዳዊ ኣቅሑት ኢትዮጵያ ማያዊ መስመር ንምርካብ ኣይኮነን። ኣብ’ቲ ርክብ ፕረዚደንት ማክሮን ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድን ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ሕጋውን ባይታ ዘይብሉ ብዛዕባ “ህላወ መሬት ብዘይ ዋና” ዝብል ሓሳብ መጺኡ። እቲ ቦታ ኣበይ ምዃኑ ግን ኣይገለጽዎን። እንተኾነ ግን ክልቲኦም ወገናት ካብዚ ንስርዓት ኣቢ ኣሕመድ ካብ ሱሩ ዝብንቁስን ንዞባ ከባርዕ ዝኽእልን ጽሉል ሓሳብ’ዚ ቀልጢፎም ስሒቦም። ድሕሪ ፈረንሳ ከኣ ሩስያ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ንምህናጽ ተሰማሚዓ። ብ18 ለካቲት 2022 መራሒ ሓይሊ ባሕሪ ሩስያ ኣብ ጸሊም ባሕሪ ዝነበረ ሜጀር ጀነራል ኣለክሳንደር ኢስትሪኮፍ ናብ ኢትዮጵያ ዑደት ኣካይዱ። ብዛዕባ ምስልጣን ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ኣመልኪቱ ከኣ ምስ ወተሃደራውያን ኣዘዝቲ ኢትዮጵያ ተመያዩጡ። [11]

ብ15 መጋቢት 2025 ምክትል ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ ሩስያ ኣድሚራል ፍላድሚር ፎሮቢይፍ ምስ ምክትል ኣዛዚ ስርሒታት ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ብርጋዴር ጀነራል ጀማል ቶፊሳ ስምምዕ ኸቲሙ። ብመሰረት’ቲ ስምምዕ ከኣ “ክልቲኦም ወገናት ድልውነት ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ንምምዕባልን ንምድልዳልን ሓባራዊ ናይ ባሕሪ ምትሕግጋዝ ንምሕያልን ተሰማሚዖም። [12] ኣብዚ ዝለዓል ዓቢ ሕቶ እምበኣር፡ ፈረንሳን ሩስያን ስለምንታይ’የን ነዛ ገምገም ባሕሪ ዘይብላ ኢትዮጵያ ሓይሊ ባሕሪ ክሃንጻላ ዝጣልዓ ዘለዋ? ዝብል’ዩ። ኣብ’ቲ ብዋጋ ሉኣላውነት ገማግም ባሕሪ ዘለወን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ “ብሰላም ይኹን ብኹናት” ንምስፍሕፋሕ ዘሎ እማመ ኢትዮጵያ ስለዝተመራስሓ ድዩ? ዋላስ ክልቲአን ፓሪስን ሞስኮን ናይ ገዛእ ርእሰን ኣጀንዳ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ስለዘለወን’ዩ? ዝመጽእ መዓልቲታት ዝምልሶ ሕቶ እዩ። እንተኾነ እቲ ርጉጽ ነገር እዚ ፖሊሲ’ዚ ንሰላምን ጸጥታን ርግኣትን ዞባና ናብ ወጥሪ ዘእቱ እዩ። እዚ ድማ ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጥሕስን ንዕላማታት ናይ’ቲ ፈረንሳን ሩስያን ከም ቀወምቲ ኣባላት ዘለውኦ ባይቶ ጸጥታ ዝግህስን እዩ።

ዝኾነ ኮይኑ ግን ሰለስተ መሰረታውያን ትዕዝብቲታት ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።
1-ድሕሪ ሓርነት ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ ብኣዝዩ ዓቢ ሓገዝ ንወደባት ዓሰብን ምጽዋዕን ትጥቀመሉ ነይራ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ'ቲ ዝረኸቦ ኣገልግሎት ቀረጽ ይኸፍል ኣይነበረን። እቲ ዝኸፍሎ ዝነበረ ብናይ ውሽጢ ባጤራ ኣዝዩ ውሑድ ጥራሕ'ዩ ነይሩ። ክሳብ ኢትዮጵያ ብ13 ግንቦት 1998 ብመገዲ ናይ ይምሰል ፓርላማኣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣጠቓላሊ ኲናት ትእውጅ ከኣ ብኸምኡ ይቅጽል ነይሩ።
2-እቲ ጉዳይ ብዛዕባ ምጥቃም ኢትዮጵያ ካብ ወደባት ሶማል፡ ኬንያ፡ ሱዳን፡ ኤርትራን ጂቡቲን ነይሩ እንተ ዝኸውን "ዳግመ ምህናጽ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ" ኣይመድለየን ነይሩ። ኢትዮጵያ ብናይ ጎረባብታ ሃገራት ወደባት ንንግዳዊ ስራሓት ክትግልገለሉ እንተ ዝኸውን ነይሩ፡ ከምቲ 44 ካብ ሃገራት ዓለም ካብኣተን 14 ሃገራት ኣፍሪቃ ዝርከባ ወደባት ዘይብለን ዝገብርኦ ክልተኣዊ ስምምዓት ምገበረት ነይራ። ከም ዝፍለጥ ሃገራት ጎረባብቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ናይ ተጻብኦ መርገጺ የብለንን። ኩሉ ዓይነት ሓገዝ ክገብራላ ከኣ ድልዋት እየን። ብኣንጻሩ ግን ንኢትዮጵያ ሉኣላዊ ገማግም ባሕረን ኣሕሊፈን ዝህባ ኣይኮናን።
3-መንግስቲ ኢትዮጵያ እቲ ብ1 መጋቢት 2018 ብዛዕባ ወደብ በርበራ ኣብ መንጎ ኣህጉራዊ ወደባት ዱባይን ሶማሊ-ላንድን ኢትዮጵያን ዝተበጽሐ "ናይ ሽርክነት ስምምዕ" ንሕማቕ ስራሕ መርሓ ጎደና'ዩ ኮይኑዎ። ብመሰረት'ዚ ስምምዕ'ዚ ኸኣ "ኣህጉራዊ ወደባት ዱባይ" 51 ሚኢታዊት ካብ ብጽሒት ወደብ በርበራ ክረክብ ከሎ፡ ኢትዮጵያ ከኣ 19 ሚኢታዊት ትረክብ። ሶማሊ-ላንድ ግን ካብ ወደብ ሶማል 30 ሚኢታዊት ጥራሕ'ያ ትውንን። [13] ነዚ ስምምዕ'ዚ ካብ'ቲ ምሉእ ብምሉእ ዝነጸጎ ፌደራላዊ መንግስቲ ሶማል ተሓቢኦም'ዮም ፈጺሞምዎ። ነዚ ዘረጋግጸልና ከኣ፦
3-1፦ ንፌደራላዊ መንግስቲ ሶማል ወኪሉ ብ2 መጋቢት 2018 መግለጺ ዘውጽኦ ሚኒስትሪ ወደባትን መጓዓዝያ ባሕሪን ሶማል ነዚ ዝስዕብ ኣብሪሁ።
ሀ- መንግስቲ ሶማል ኣካል ናይ'ዚ ናይ ወፍሪ ስምምዕ ተባሂሉ ዝጥቐስ ኣይኮነን።
ለ- እዚ ስምምዕ'ዚ ሉኣላውነትን ሓድነትን ሶማል ዝግህስ እዩ።
ሐ- መልእኽቲ ናይ'ዚ ስምምዕ'ዚ ንግዝያዊ ቅዋም ሶማል ብግልጺ ዝግህስ እዩ። [14]
3-2፦ መንግስቲ ሶማል ብ6 መጋቢት 2018 ብመገዲ ወኪሉ ኣቢሉ ናብ ጠቕላሊ ሰክረታርያ ማሕበር ሃገራት ዓረብ፡ ኣንጻር ኢማራት ዓረብ ጥርዓን ኣቕሪቡ። ቀንዲ ትሕዝቶ ናይ'ቲ መልእኽቲ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ።
ሀ- እዚ ስምምዕ'ዚ ንሃገራዊ ሉኣላውነት ፌደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል ዝጥሕስ እዩ።

ለ- እዚ ስምምዕ'ዚ ቅሉዕ ምትእትታው ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሶማል ዘመልክት ክኸውን ከሎ፡ ንሃገራዊ ሓድነት ዝጻባእ'ውን እዩ።
ሐ- እዚ ስምምዕ'ዚ ዋንነት ዘይብሉ ምስ መሰል ዘይብሉ ዝኸተሞ ስለዝኾነ ውዱቕ ምዃኑ መንግስቲ ሶማል ይገልጽ። [15]
4-ቀዋሚ ወኪል ሶማል ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብ27 መጋቢት 2018 ኣብ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ ነዚ ዝስዕብ ኢሉ።
4-1፦ "ፓርላማ ሶማል ነቲ ኣብ መንጐ ኣህጉራዊ ወደባት ዱባይን ሰበስልጣን ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብን (ሶማሊ-ላንድ) ዝተበጽሐ ስምምዕ ብሓደ ድምጺ ነጺጉዎ። መንግስቲ ድማ ብመሰረት ዓንቀጽ (1) ቅዋም ሃገር፡ ሓድነትን ሉኣላውነትን ሶማል ንምሕላው ኣድላዪ ስጉምቲታት ክወስድ ሓቲቱ።"
4-2፦ "ሶማል በቲ ሰበስልጣን ዞባ እንኮላይ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ (ሶማሊ-ላንድ) ዝወስድዎ ውሳነ ኣይምእዘዝን እዩ።"
4-3፦ "ኢማራት ዓረብ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ንኣህጉራዊ ሕጊ፡ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ውዕላት ኣህጉራዊ ዝምድናታትን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ብግልጺ ዝግህስ እዩ። ስለዚ ባይቶ ጸጥታ ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ንምህላው ብዝተዋህቦ ዕማም መሰረት ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስድን ንተግባራት ኢማራት ዓረብ ገደብ ከትሕዞን መንግስቲ ሶማል ይጽውዕ።" [16]
ምስዚ ኩሉ ግን ኢማራት ዓረብ ንመርገጺ ፌደራላዊ መንግስቲ ሶማል ዋጋ ከይሃበት ምስ ሰበስልጣን ሶማሊ-ላንድ ንዘለዋ ፕሮጀክት ኣብ ምትግባር'ያ ቀጺላ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ብወገኑ፡ ዝምድናኡ ምስ ሰበ-ስልጣን ዞባ ሃርጌሳ ንምድልዳል መዲቡ። ካብዚ ቀጺልና እምበኣር ንቀንዲ ፖለቲካዊ ፍጻመታት ነቕርብ።
1-ፕረዚደንት ሶማሊ-ላንድ ሙሳ መንግስቲ ኣቢ ኣሕመድ ብዝገበረሉ ዕድመ መሰረት ብ18 ጥሪ 2022 ናብ ኣዲስ ኣበባ ወግዓዊ ዑደት ኣካይዱ። ኢትዮጵያ ብወገና ብ26 ጥሪ 2022 ኣብ ሶማሊ-ላንድ ዝነበራ ዲፕሎማስያዊ ውክልና፡ ካብ ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳይ ናብ ደረጃ ኢምባሲ ክብ ኣቢላቶ። እዚ ኸኣ ብዙሕ ትርጉም ዘለዎ እዩ። [17]
2-መንግስቲ ኢትዮጵያ ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ብለካቲት 2023 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተቃንዐ መበል 34 ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ሶማሊ-ላንድ ካብ ፌደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል ምንጻላ ተፈላጥነት ምእንቲ ክረክብ ንሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያ ዒሳ ካይድ መሓመድ ምስ'ቶም ኣብ ኣኼባ ክሳተፉ ዝመጹ ሚኒስተራት ወጻኢ ጉዳያትን መራሕቲን ኣፍሪቃ ኣብ ሂልቶን ሆቴል ንኽራኸብ ባይታ ኣጣጢሑሉ እዩ። [18]

# መንግስቲ ኢትዮጵያ ናብ ባሕሪ ንምብጻሕ ዘቕርቦ “ምጉት”



ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድ ብ14 ጥቅምቲ 2023 ኣብ ፓርላማ ኢትዮጵያ ቀሪቡ፡ ኢትዮጵያ ከምቲ ንሱ ዝብሎ ብመገዲ መሬት ጎረባብቲ ሃገራት ጂቡቲ ወይ ሶማል ወይ ኤርትራ ኣቢላ ኣፍደገ ባሕሪ ክትውንን ዘኽእላ “ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ጂኦግራፊያዊ፡ ዲሞግራፊያውን ዓሌታውን”ዝበሎ ረቛሒታት ኣቕሪቡ። ካብዚ ቀጺልና እምበኣር ነቲ ዘቕረቦ ምጉት ነቕርብ። እዚ ግን ኣገዳስነት ስለዘለዎ ዘይኮነስ፡ የግዳስ ንጽሉል ኣእምሮ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያን ቻርተራት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ውድብ ኢጋድን ብምግሃስን ንዝምድናታት ሃገራት ዝገዝእ ኣህጉራዊ ሕጊታት ብምጥሓስን መሬት ጎረባብቱ ሃገራት ብምግባት ሕልሚታቱ ክዉን ንምግባር ዝኸተሎ ፖሊሲን ንምብራህ እዩ። ኣቢ ኣሕመድ ኣብ’ቲ 45 ደቒቕ ዝወሰደ መደረኡ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ።

1-“እቲ ዝያዳ ዘሕዝነንን ዘቀንዝወንን ብዛዕባ ቀይሕ ባሕሪ ዋላ ብደረጃ ፓርላማታት ምዝራብ ከም ሓራም ምቑጻሩ እዩ። ስለዚ ከኣ ሓደ ካብ’ቲ ፍቑድ ጉዳያት ክኸውን ወሲኑ።

2-“ቀይሕ ባሕሪን ፈለግ ናይልን መጻኢ ዕድል ኢትዮጵያ ዝውስኑ እዮም። ኣብ ነንሓድሕዶም ዝተኣሳሰሩ ዘይነጻጸሉ ስለዝኾኑ ከኣ ንልምዓት ይኹን ንጥፍኣት ኢትዮጵያ ወሰንቲ እዮም።

3-“ንኢትዮጵያ ማይ ፈለግ ናይል ከም ዘገድሳ፡ ማይ ባሕሪ ግን ከም ዘይምልከታ ጌርካ ምዝራብ ቅኑዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ባህሪ ከምኡ ስለዘይብል።

4-“ኢትዮጵያ ብማይ ዝተኸበት ደሴት’ኳ እንተኾነት፡ ግን ብጽምኢ ዝተጠቕዐት እያ። ሃገርና ብማይ ተኸቢባ እናሃለወት ስለምንታይ ንጸምእ? ብዙሕ ዝናብ፡ ትሕተ-ባይታዊ ማይ፡ ህንዳዊ ውቅያኖስን ቀይሕ ባሕሪን እናሃለወ ብማይ ተሓጺርና እንከሎና፡ ስለምንታይ’ዩ ሽግርና ማይ ኮይኑ?

5-“ብዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ 50 ሚልዮን’ዩ ነይሩ። ኣብ 2030 ግን 150 ሚልዮን ክበጽሕ እዩ። ስለዚ ከኣ 150 ሚልዮን ዝበጽሕ ህዝቢ ኣብ ዕጹው ጂኦግራፍ ክነብር ከኣ ኣይግባእን።

6-“ኩለን ጐረባብቲ ሃገራት ካብ ኢትዮጵያ ማይ ይረኽባ እየን። ጂቡቲ ከይተረፈት ብመስመር ማይ ይውሃባ እዩ። ኤርትራ ፈለግ ተከዘ ኣለዋ። ሱዳን ድማ ፈለግ ተከዘን ናይልን ይመጻ እዩ። ደቡብ ሱዳን ፈለግ ባሮ፡ ኬንያ ፈለግ ኦሞ፡ ሶማል ከኣ ፈለግ ዋቢ ሸበለን ጂናሊ ዳዋ ኣለወን። ንሕና ማይ  ዘይንህባ [ጐረቤት ሃገር] መን ኣላ? ኣብ ርእሲ’ዚ ኸኣ እንህቦ ማይ ጽሩይን ዝስተን እዩ። ንሕና ግን ዝህበና የብልናን። እወ ይግብኦም እዩ። ብቀጻሊ ኸኣ ክንህቦም ኢና። ንኢትዮጵያ ዋላ ሓንቲ ሊትሮ ማይ ትኸውን ትህብ ሃገር የላን። ጽሩይ ማይ ብቀጻሊ ክንህቦም ኢና። ኣምሳያኡ’ውን እንጠልቦ የለን። ሓቢርና ክንነብር እንተ ድኣ ኮይና፡ ብዛዕባ ሰላም’ውን ንሓስብ እንተ ኮይና፡ ናይ ግድን ምዕሩይነት ክንሕሉ ኣሎና። እዚ ሕጂ ዘሎ ፍትሓዊ ኣይኮነን። ፍትሓዊ እንተ ድኣ ዘይኮይኑ ድማ ናይ ግዜ ጥራይ’ዩ እምበር ግጭት ዘስዕብ እዩ።

7-“ንሕና 120 ሚልዮን ኢና። ሓይሊ’ውን ኣሎና። ሰራዊት ይኹን ሓይሊ ኣየር ንውንን ኢና። ሰባት ብምቅታል ግን ክንፈትሖ ኣይንደልን ኢና። ከምዚ ዓይነት ተግባር ክፍጸም የብሉን። ብኹናትን ሰባት ብምቅታልን ክኸውን የብሉን። ብዘተ ናብ ፍታሕ ክብጻሕ ይከኣል እዩ።

8-“ኣብ ዓለም ገማግም ባሕሪ ዘይብለን 44 ሃገራት ኣለዋ። ካብዘን ገማግም ባሕሪ ዘይብለን 44 ሃገራት ግን 120 ሚልዮን ዝበጽሕ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር የላን። ኣብ 2030 ብዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ 150 ሚልዮን ክበጽሕ እዩ። ስለዚ ከኣ ብጉዳይ ቀይሕ ባሕሪ ምዝራብ ተራ ነገር ኣይኮነን። እኳ ድኣ ምስ ህላወ ኢትዮጵያ ዝተኣሳሰር እዩ።

9-“መራሕቲ ሶማል፡ ጂቡቲ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዛዕባ’ዚ ሕጂ ዘሎ ሰላም ጥራሕ ዘይኮነ፡ እንኮላይ ብዛዕባ ነባሪ ሰላም ክዘራረቡ ኣለዎም። ሎሚ ጥራሕ ነንሓድሕድና ኣይንቃተል እምበር፡ ጽባሕ ደቅና ዋላ ይቃተሉ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ድቅና ጽባሕ ምእንቲ ከይቃተሉ ሎሚ ክንዘራረብ ኣሎና። ብመገዲ ወፍሪ ድዩ፡ ብብርኪ ድዩ፡ ዋላስ ብክራይ፡ እቲ ኣማራጺታት ብዙሕ’ዩ ጥራሕ ንዘራረብ። ነዚ ጉዳይ’ዚ ክንዘራረበሉ የብልናን ምባል ግን ጌጋ እዩ።

10-"እቲ ስምምዕ ከመይ’ዩ ብዘየገድስ፡ ክንሰማማዕ ንደሊ ኢና። ብዝሒ ህዝብና እናዛየደ ይኸይድ ኣሎ። ህልዊ ኩነታት ከኣ ክንጻወሮ ኣይንኽእልን ኢና። ጉዳይ ከይተፈትሐ ግዜ እናበልዐ ምስ ዝኸይድ፡ ካብ ቁጽጽርና ወጻኢ ዝኾነ ተርእዮ ክመጽእ ይኽእል እዩ። ክንዘራረበሉ ዘይብልና ከም ነውሪ እንተ ድኣ ወሲድናዮ ሓደገኛ ሳዕቤን ክህልዎ እዩ።

11-“ሎሚ ዘለዉ ዓበይቲ ፖለቲከኛታት፡ ብዝውሓደ ነዚ ጉዳይ’ዚ ክዘራረብሉ ኣለዎም። ምናልባት ደቅና ንኽቅጽልዎ ሕጂ ነቲ ጉዳይ ክንገድፎ ንኽእል ንኸውን፡ እንተኾነ ግን ቀሊል ጉዳይ ኣይኮነን። ትም ክንብል ይከኣል’ዩ፡ ግን ሓደገኛ ሳዕቤን ኣለዎ። ስለዚ ክንዘራረበሉ ኣሎና። እንተ ዘይኮይኑ ግን ህላወ ኢትዮጵያ ናብ ሓደጋ ክኣቱ እዩ። ኣስዒቡ፡ “ኢትዮጵያ ዓባይ ኣፍሪቃዊ ሓይሊ ክትከውን እናኽኣለት፡ ኣፍሪቃዊ ቦታኣ ንምሓዝ ናብ ወደባት ምብጻሕ ክትጽገም ኢያ። ምኽንያቱ ገምገም ባሕሪ ዘይብላ ሃገር ስለዝኾነት።

12-“ጉዳይ ዝኾነ ወደብ ንኢትዮጵያ ህጹጽ ኣይኮነን። ምዝርራብ እንተ ድኣ ተጀሚሩ ዝሓሸ ኣማራጺ ክመጽእ ይኽእል እዩ። “ዘይልዕ ኣብ ሶማሊ-ላንድ (ታሪኻዊ ሕቶ) ካብ ንግስነት ኢይፋት፡ ካልእ ምርጫ ከኣ እዛ ክሳብ ሕጂ ተገልግለና ዘላ ጂቡቲ፡ ኣዱሊስ ኣብ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ እትርከብ ኣተኩሮ ክግበረላ ይኽእል እዩ። ከምኡ’ውን ምጽዋዕን ዓሰብን ከም ምርጫ ክርአ ይከኣል። ምጽዋዕ ወይ ዓሰብ ክኸውን ግን ናይ ግድን ኣይኮነን። ንሕና ከነስተንፍሰሉ እንኽእል ኣፍደገ ጥራሕ ኢና ንደሊ ዘሎና።

13-“ከምኡ’ውን ምስ ኤርትራ ከም ኣብነት ፈደራላዊ ወይ ኮንፈደራላዊ ሓድነት ወይ ምልውዋጥ መሬት ዝብል ሓሳብ ኣቕሪቡ። [19]

ናይ ብሓቂ እዚ መግለጺ’ዚን ዝሓዞ ምጉትትን ዓይኒ ዝደፍን እዩ። ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ 2018 ጀሚሩ፡ ብመገዲ ሶማሊ ላንድ ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብ ክሰርሕ ጸኒሑ እዩ። ዞባ ሶማሊ-ላንድ ብወገና፡ ነቲ ዞባዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን ተፈላጥነት ዘይብሉ ምንጻላ ኣፍልጦ ንምርካብ ካብ ሉኣላዊ መሬት ሶማል ሕድገታት ክትገብር ድልውቲ እያ። በዚ ኸኣ ብዋጋ ሉኣላውነትን ሓድነትን ሶማል ኣብ መንጎ መሬት ዘይውንን መሰል ዘይብሉን ስምምዕ ተገይሩ። ሓደገኛነት ናይ’ዚ ስምምዕ’ዚ ኸኣ ንቓርተራት ኣህጉራዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ዞባውን ውድባት ዝግህስ ምዃኑ እዩ። ስለዚ ኸኣ ብኹለን ኣህጉራውያን ውድባት ብዘይዕቃበ ተኾኒኑ።

14- ድሕሪ 21 ኣዋርሕ ካብ’ቲ መግለጺ ዝተዋህበሉ፡ ንኢትዮጵያ ወናኒት ባሕሪ ዝገበረ ብዓል ዝና ታሪኽ ክኸውን ካብ ዘለዎ ክቱር ህርፋን ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድ ንኤርትራ፡ ጂቡቲን ሶማልን ከፈራርሕ ጀሚሩ። ነቲ ኢትዮጵያ ብዝኾነ ይኹን ይኹን ኣገባብ ዋናኒት ባሕሪ ንኽትኸውን ዘሕለፈቶ ውሳነ ክኽብሩ ድማ ሓቲቱዎም። ብ3 ሓምለ 2025 ኣብ ፓርላማ ኢትዮጵያ ኣብ ዘስምዖ መደረ ኸኣ “ኤርትራ ሉኣላዊት ሃገር እያ። ኣካል ኢትዮጵያ ክትከውን ድማ ኣይንደልን ኢና። ሉኣላዊት ሃገር ክትከውን’ውን መሰል ኣለዋ። ጂቡቲ’ውን ሉኣላዊት ሃገር ስለዝኾነት ግድን ክትክበር ዘለዋ እያ። ብዛዕባ’ዚ ዝኾነ ሕቶታት የብልናን። ኢትዮጵያ ሉኣላዊት ሃገር እያ። እንተኾነ ግን ወደብ ባሕሪ እንተ ድኣ

ዘይረኺባ ሃገር ክትከውን ኣይትኽእልን እያ። ነዚ ድማ ከኽብርዎ ኣለዎም። እዚኸ ብኸመይ'ዩ ክረጋገጽ? ብገንዘብ፡ መሬት ብምልውዋጥ፡ ዋላ ብዘተ?{20} ከም መርኣያ ቅሉዕ ፖለቲካዊ ምድንጋራቱ ድማ ነቲ ሕቶ ከይመለሰ ክፉት ገዲፉዎ።

ከምቲ ልሙድ ባህርያቱ ሓይሊ ክጥቀም'የ እናበለ ብግልጺ'ኳ እንተ ዘየፈራርሐ፡ ብዘይጠራጥር ምኽንያት ግን ብተዘዋዋሪ መገዲ ገሊጹዎ እዩ። ምኽንያቱ ኣቢ ኣሕመድ ኢትዮጵያ ወናኒት ገማግም ባሕሪ እንተ ዘይኮይና ሃገር ኣይትኸውንን'ያ ምባሉ ጥራሕ እኹል እዩ። ስለዚ እቲ ኣበሃህላ ኢትዮጵያ ትኸፍሎ ዋጋን ትኽተሎ ኣገባብን ብዘየገድስ ግድን ኣፍ-ደገ ባሕሪ ክትረክብ ኣለዋ። ኣብ ዓለም እንኮ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር ኢትዮጵያ ጥራሕ ኣይኮነትን። የግዳስ ኣብ ዓለም 44 ሃገራት ካብኣተን 16 ሃገራት ካብ ኣፍሪቃ ኣፍ-ደገ ባሕሪ የብለንን። ኣፍ-ደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ከምዚ ናይ ኢትዮጵያ ኣገልግሎት ባሕሪ ንምርካብ ንኩሉ ኣህጉራዊ ሕጊታትን ውዕላትን ዝጻረር ዘይሓላፍነታዊ ፖሊሲ ኣይክተላን እየን። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ ንሰላም ጐረባብተን ከየስግኣ፡ ወተሃደራዊ መዓስከር ከነቕውም ኢና ዝብል ቅድመ-ኩነት ከይገበራ ወደባት ጐረባብተን ንግዳዊ ንጥፈታት ከም ድላየን ይጥቀማሉ ኣለዋ። ስርዓት ኣቢ ኣሕመድ ግን ካብ 2018 ጀሚሩ ብዝኾነ ይኹን ኣገባብ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ንምርካብ ክሰርሕ ይርከብ። ስለዚ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ዞባ ሶማሊላንድ በይናዊ ስጉምቲ ብምውሳድ ኣብ 1991 ካብ ሶማል ዝወሰዶ ናይ ምንጽል ስጉምቲ ንሰለስተ ዕቑዳትን ፈረቓን ኣፍልጦ ስለዘሰኣነሉ፡ ሕጂ ብዝኾነ ዋጋ ዋላ ሉኣላዊ መሬት ሶማል ብምሃብ'ውን ይኹን ኣፍልጦ ንምርካብ ዝኽተሎ ፖሊሲ ምምዝማዙ ዘገርም ኣይኮነን። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ንኩሉ ሕጊታት ብምጥሓስ ብዋጋ ሉኣላዊ መሬት ሶማል ብሓደ ጥሪ 2024 ናይ "ምርድዳእ መዘክር" ኸቲሞም። ሓደገኛነት ናይ'ዚ ስምምዕ'ዚ ንኹሉ ዞባዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን ቻርተራት ዝግህስ ምዃኑ እዩ። ቀጺልና ከም እንርእዮ ድማ ብኩለን ውድባት ዓለም ተኾኒኑ።

## ምብርዓን ስምምዕ ጂቡቲ ---ምኽታም "ናይ ምርድዳእ መዘክር"

መንግስቲ ጂቡቲ ነቲ ኣብ መንጎ ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማልን ሰበ-ስልጣን ዞባ ሶማሊ-ላንድን ዘሎ ጸገማት ንምፍታሕ ዘካየዶ ዲፕሎማስያውን ፖለቲካውን ጻዕሪታት ካብ 28-29 ታሕሳስ 2023 ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን ፕረዚደንት ዞባ ሶማሊ-ላንድ ሙሳ ብሓይ ዓብዲን ኣብ ዋና ከተማ ጂቡቲ ኣኼባታት ድሕሪ ምክያዱ ብዝተበጽሐ ስምምዕ ተዛዚሙ። ኣብዞም ዝስዕቡ ሸሞንተ ነጥቢታት ከኣ ተሰማሚዖም።




1-“ክልቲኦም ወገናት ናብ ፍትሓውን ንጹህን ዘተ ንኽቅጽሉን ንስግኣታት ናይ ክልቲኦም ወገናት ብምቅባል ንምፍትሑ ክሰርሑን ንኽልቲኦም ናብ ዘዕግብ ፍታሕ ንኽበጽሑን ቃል ኣትዮም።
**2-“ምምዕባል ፍኖተ-ካርታ፦** ንመስርሕ ዘተ ዘገልግል ዝርዝርራዊ ፍኖተ-ካርታ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ከዳልዉ ተሰማሚዖም። ምናልባት'ውን እዚ ፍኖተ-ካርታ'ዚ መጻኢ ንምምይያጥን ጉዳያት ንምፍታሕን ከም መርሓ ጐደና ከገልግል ይኽእል እዩ።
**3-ንዝሓለፉ ስምምዓት ምሕጋዝ፦** ካብ 2012-2020 ኣብ ዝተፈላለያ ኣህጉራውያን ከተማታት ኣብ ዝተኻየዱ ኣኼባታት ዝተበጽሑ ስምምዓት ምሕጋዝን ንትግባረኦም ምምእዛዝን።
4-መንግስቲ ሶማል ነቲ ኣብ ሶማሊ-ላንድ (ሰሜናዊ ዞባ) ብዝሓለፈ ወተሃደራዊ መንግስቲ ዝተፈጸመ ዕንወትን ቅትለትን ክኣምነሉ ኣለዎ።
**5-ጸጥታዊ ብድሆታት፦** ክልቲኦም መንግስታት ጸጥታዊ ጉዳያት ብናጻን ብሓባርን ንምፍታሕ ይምእዘዙ። ምምካት ግብረሽበራን ንዝኽሰቱ ግጭታት ንምፍታሕን ፍሉይ ኣቓልቦ ይህብሉ።
**6-ዞባዊ ጻዕሪታት ሰላም፦** ነቲ ኣብ ሕሉፍ ታሪኻዊ ቁርቁሳት ዝተጐድአ ከባቢታትን ከተማታትን ሰላምን ርግኣትን ንምስፋን ምትብባዕ። እዚ ኸኣ ዘተ ንምቅጻል ምቹእ ሃዋሁው ዝፈጥር እዩ።
**7-ሰላማዊ መስርሕ ዘተ ምዕቃብ፦**ንኩነታት ዘተ ካብ ዝዕንቅፉ ስጉምቲታት ምቁጣብ። ክልቲኦም ወገናት ኽብሪ ናይት'ቲ መስርሕ ንምዕቃብ ይሰማምዑ። (21)

እዚ ስምምዕ'ዚ ኣብ ዝምድና መቓድሾን ሃርጌሳን ዓይነታዊ ዝላ ክበሃል ይከኣል። “ሃገራዊ ኣገልግሎት ዜና ሶማል” “ጉባኤ ጂቡቲ ንክልቲኦም ወገናት ጽቡቕ ምጅማር እዩ። ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ንጉዑዞ ሶማልን ሶማሊ-ላንድን ናብ

ሰላማውን ናይ ምትሕግጋዝን መጻኢ ብጽሞና ይከታተሎ ኣሎ። ውጽኢት እዚ ዘተ ከኣ፡ ንትርኢት ጂኦ-ፖለቲካ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዳግማይ ኣብ ምቛም ዓቕሚ ኣለዎ። ንግርጭታት ዞባ ኣብ ምፍታሕ ከኣ ጽቡቕ ኣብነት እዩ። [22]

እቲ ዘሕዝን ግን ብመሰረት'ቲ ኣብ መንጎ ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማልን ዞባ ሶማሊ-ላንድን ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣብ መላእ ሃገር ሃገራዊ ሓድነት ከረጋግጽ ዝነበረ ሕልሚ ሶማላውያን ሓደ መዓልቲ ጥራሕ'ዩ ቀጺሉ። ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ነገራት ካብ መሰረቱ ተለዊጡ። ፕረዚደንት ዞባ ሶማሊ-ላንድ ሙሳ ብሓይ ዓብዲ ብሓደ ጥሪ 2024 ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድ ኣብ ኣዲስ ኣበባ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ኸቲሙ። ብመሰረት'ቲ ስምምዕ ከኣ፡ ኢትዮጵያ ካብ ገማግም ባሕሪ ሶማል 20 ኪሎ ሜተር ንፍርቂ ክፍለ ዘመን ትካረ። ኣብኡ ወደብ ብምህናጽ ከኣ ንንግዳዊ ስራሓትን ወተሃደራዊ መዓስከርን ትጥቀመሉ። ሶማሊ-ላንድ ብወገና ካብዛ መደበር ቤት ጽሕፈት ሕብረት ኣፍሪቃ ዝኾነት ኢትዮጵያ ንምፍንጫላ ካብ ሃገረ ሶማል ኣፍልጦ ትረክብ። [23] እዚ ኸኣ ኣብ ታሪኽ ሕብረት ኣፍሪቃ (ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ነበር) ሓደገኛ ተርእዮ እዩ። ኣብ'ቲ ናይ ምፍርራም ኣጋጣሚ ፕረዚደንት ዞባ ሶማሊ-ላንድ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ "ኣብ መንጎ ሶማሊ-ላንድን ኢትዮጵያን ሓባራዊ ጥቅሚታት ዘረጋግጽ ስምምዕ ምኽታምና ኩርዓት ይስምዓኒ፡ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ን50 ዓመት ዝተኻረይዎ 20 ኪሎ ሜተር ናብ ባሕሪ ክበጽሑ መሰል ኣለዎም። ኢትዮጵያ ከኣ ንሪፓብሊክ ሶማሊ-ላንድ ብወግዒ ክትፈልጣ እያ። ቀዳመይቲ ሃገር ኣህጉራዊ ተፈላጥነት እትህበና ብምኳና ከኣ ፍሉይነት ኣለዎ" ክብል ገሊጹ። [24]
መልሲ ሶማል 'ንናይ ምርድዳእ መዘክር" ኢትዮጵያን ሶማሊ-ላንድን ብዙሕ ኣይደንጎየን። ብ2 ጥሪ 2024 ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማል ኣብ ቅዋም ሃገርን ውሳነ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ቁጽሪ 2625 ቻርተርሕብረት ኣፍሪቃን ተመርኲሱ እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዝነበሮ መግለጺ ኣውጺኡ።

## "ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማል"

1-"ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል፡ ነቲ ብ1 ጥሪ 2024 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝኸተሞ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ብትሪ ይኹንኖ። ሶማሊ-ላንድ ዘይንጸል ኣካል ሪፓብሊክ ሶማል ስለዝኾነ ብዘይ ተሳትፎን ፍቓድን ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማል ኣህጉራዊ ስምምዓት ክግበር ኣይክኣልን እዩ።
2-"ኣካይዳ ኢትዮጵያ ኣብ'ቲ ዞባ ንጥዑይን ሰላማውን ርጉእን ዝምድናታት ብድሆታት ዝፈጥር፡ ንናጽነት፡ ሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ሶማል ዝግህስ እዩ።

3-“ናይ ምርድዳእን ሽርክነትን ምትሕግጋዝን መዘክር” ውዱቕን ዘይቕቡልን ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ሕጋዊ መሰረት’ውን የብሉን።
4-“ኢትዮጵያ ንሉኣላውነትን ናጽነትን መሬታዊ ሓድነትን ሶማል ዝትንክፍ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ክትሰርሕ የብላን። ሶማል ከኣ ሕጋዊ መልሲ ክትህበሉ መሰል ኣለዋ።
5-“ስጉምቲታት ኢትዮጵያ ተጻባኢን ንሉኣላውነት ሶማልን መሬታዊ ሓድነቱን ዝትንክፍን እዩ።
6-ሶማል “ሉኣላውነትን ሃገራዊ ክብሪን ንምሕላው ክትከላኸል ግድድቲን ድልውቲን እያ።
7-“ናብ ባይቶ ጸጥታ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ውድብ ምትሕግጋዝ እስላም፡ ማሕበር ሃገራት ዓረብ፡ ኢጋድ፡ ሰላምን ርግኣትን ዞባናን ዓለምን ዝምልከቶም ኣህጉራውያን መሻርኽቲን ብመሰረት ንውድባቶም ዝገዝእ ሕጊታትን ሓላፍነቶምን ንመሰል ሶማል ኣብ ሓድነት መሬቱ ክሕግዙን ኢትዮጵያ ናብ ኣህጉራዊ ሕጊ ንኽትምለስ ጸቕጢታት ክገብሩላን ጻውዒት ተቕርብ።
8-“ባይቶ ጸጥታን ሕብረት ኣፍሪቃን ነቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሉኣላውነትን ሓድነትን ሶማል ዝፈጸመቶ ግህሰትን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ትፍጽሞ ዘላ ምትእትታውን ንምምይያጥ ህጹጽ ኣኼባ ከካይድ ሓቲታ።
8-“ከም መልሰ-ተግባር ናይ’ቲ ኢትዮጵያ ዝወሰደቶ ስጉምቲ፡ ሶማል ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዝርከብ ኣምባሳደራ ንምምይያጥ ብህጹጽ ጸዊዓቶ። [25]

## መልሰ-ተግባር ኢትዮጵያ ንመግለጺ መንግስቲ ሶማል

መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ብ3 ጥሪ 2024 ዝወጸ መግለጺ ፌደራላዊ መንግስቲ ሶማል ዝሃቦ መልሲ፡ ኣብ ታሪኻውን ፖለቲካውን ሕጋውን ሓሶታትን ምድንጋራትን ዝተመርኮሰ’ዩ ነይሩ። ካብዚ ቀጺልና እምበኣር ንቀንዲ ትሕዝቶኡ ነቕርብ።
1-“ናይ ምርድዳእ መዘክር” ሰፊሕ ናይ ምትሕግጋዝ መዳያት ኣብ ማሕበራዊ፡ ቊጠባዊ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ዘጠቓለለ እዩ።
2-“ሶማሊ-ላንድ ብ26 ሰነ 1960 ናጽነታ ተጐናጺፋ። ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልቲ ከኣ ምስታ ካብ ኢጣልያ ናጻ ዝወጸት መቓድሾ ሰሚራ። ኣብ 1991 ሶማሊ-ላንድ ናጽነታ ኣዊጃ። ክሳብ ሕጂ ግን ምሉእ ኣፍልጦ ኣይረኸበትን። ምስ’ዚ ኩሉ ግን ወደብ ንምልማዕ ስምምዓት ገይራ።
3-“ናይ ምርድዳእ መዘክር” ተኸቲሙ። ብኡኡ መሰረት ከኣ፡ ኢትዮጵያ ካብ ናይ ወደብ በርበራ 19 ሚኢታዊት ብጽሒት ክህልዋ እዩ። ከም ዝፍለጥ ካልኦት ሃገራት

በዚ መገዲ'ዚ ዝኸዳ'ውን ኣለዋ። ይኹን'ምበር ዝኾነ ይኹን ጥርዓን ወይ ምዕዝምዛም ኣይሰማዕናን።
4-"ናይ ምርድዳእ መዘክር" ዝተኸተመሉ ቀንዲ ምኽንያት ኢትዮጵያ ወተሃደራዊ መዓስከር ንምቛምን ኣፍደገ ባሕሪ ምእንቲ ክትረክብን እዩ።
5-"ናይ ምርድዳእ መዘክር" ንሶማሊ-ላንድ ካብ ካልኦት ሃገራት ዘይረኸበቶ ሓገዛትን ሽርክነትን ንኽትረክብ ይሕግዛ እዩ። ከምኡ'ውን ናያ ሶማሊ-ላንድ ናይ ቅድም ጠለባት ዝምልስ እዩ። ብዘይካ'ዚ ኸኣ ኣብ መገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ብርኪ ክህልዋ እዩ። ኣብ'ቲ ሶማሊ ላንድ ኣፍልጦ ንምርካብ እተካይዶ ጻዕሪ ደጋፊ መርገጺ ክትረክብ ትኽእል እያ።
6-"ኣብ ጥንታዊ፡ ማእከላይን ዘመናውን ታሪኽ ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ነይሩዋ። ብሰንኪ ናይ ቀረባን ርሑቕን ሕልኽላኻት ግን ኣፍደገ ባሕሪ ኸሲርና። ኣብ መጨረሽታ ከኣ ብሰንኪ ናይ ውሽጣውን ወጻኢን ሽግራት ንሰለስተ ዕቑዳት ቀጻሊ ኲናት ሓድሕድ ተወሊዑ። ድሕሪ መጨረሽታ ኲናት ሓድሕድ ከኣ ብሰንኪ ታሪኻውን ሕጋውን ጌጋታት ኢትዮጵያ ንዝሓለፈ 30 ዓመታት ዕጽውቲ ሃገር ኮይና።
7-"ሓድሽ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብመሪሕነት ኣቢ ኣሕመድ ኢትዮጵያ ዘተኣማምን ኣፍደገ ባሕሪ ንኽትረክብ ጻዕሪታት ኣካይዱ። እዚ ኸኣ ነቲ ዝጸንሐ ታሪኻዊ ምቁራጽ ንምእራምን ሞራላዊ ውድቐት ህዝቢ ኢትዮጵያ ንምፍዋስን እዩ።
8-"ናይ ምርድዳእ መዘክር" ነቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝቀጸለ ሻቕሎት ኢትዮጵያውያን ንምፍታሕ ዕድል ዝፈጥር እዩ።
9-"ናይ ምርድዳእ መዘክር" ንዝኾነ ወገን ወይ ሃገር ኣይጐድእን እዩ። [26]

## ዞባዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን መልሰ ተግባር "ንናይ ምርድዳእ መዘክር"

መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዛዕባ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ዘቕረቦ "ምኽንያታት" ብዞባዊ፡ ክፍለዓለማውን ኣህጉራውን መዳይ ዋላ ንሓደ ዘዕግብ ኣይኮነን። ንመሬታዊ ሓድነትን ሰላምን ርግኣትን ሶማል ዝድግፍ መርገጺታት'ዩ ፈሲሱዎ። ካብዚ ቀጺልና እምበኣር መርገጺታት ናይዘን ውድባት እዚኣተን ነቕርብ።

### 1-ባይቶ ጸጥታ

ዋና ጸሓፊ ኣንቶንዮ ጉቴሬስ ብ11 ጥሪ 2024 ምስ ፕረዚደንት ፌደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ርክባት ከምዘካየደ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓቢሩ። ብጉዳይ'ቲ ኣብ መንጐ ፌደራላዊት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያን (ሶማሊ-ላንድን) ዝተኸረመ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ንዘሎ ሻቕሎት

ሶማል ተመያዲጦም። “ባይቶ ጸጥታ ንሉኣላውነትን ሰላምን መሬታዊ ሓድነትን ሶማል ከም ዘኽብር ብተደጋጋሚ ከም ዝገለጸ” ኣረጋጊጹሎም። [27]

## 2-ሕብረት ኣፍሪቃ

ሕብረት ኣፍሪቃ እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዝነበሮ መግለጺ ካብ ኣዲስ ኣበባ ኣውጺኡ።
1-“ኣቦ መንበር ኮምሽን ሕብረት ኣፍሪቃ ሙሳ ፈኪ መሓመድ፡ ነቲ ብሰንኪ ኣብ መንግ ኢትዮጵያን ዞባ ሶማል (ሶማሊ-ላንድን) ዝተኸተመ ናይ ምርድዳእ መዘክር ዝተፈጥረ ወጥሪ ብቀረባ ይከታተሎ እዩ።
2-“ኣቦ መንበር ኮምሽን ሕብረት ኣፍሪቃ ሙሳ ፈኪ መሓመድ ናይ ኩለን ኣባል ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃ እንኮላይ ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል ሉኣላውነትን ዞባዊ ሰላምን ክኸበር ኣገዳሲ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።” (28)

## 3-ውድብ ምትሕግጋዝ እስላም

ጠቕላሊ ሰክረታርያ ውድብ ምትሕግጋዝ እስላም ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ምድግጋፉ ምስ ፈደራላዊ ሪፓብሊክ ሶማል ብምርግጋጽ፡ ሉኣላውነትን ሓድነት መሬትን ሶማል ክኸበር ኣገዳሲ ምዃኑ ሓቢሩ። ትሕዝቶ መግለጺኡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።
1-“ብመሰረት ቻርተር ውድብ ምትሕግጋዝ እስላምን ኣህጉራዊ ሕጊን ሉኣላውነት ኣባል ሃገራት ክኸበር ካብ ዘለዎ ተገዳስነት ተበጊሱ፡ ኣብ መንግ ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያን “ሶማሊ-ላንድን” ብሓደ ጥሪ 2024 “ናይ ሽርክነትን ምትሕግጋዝን ምርድዳእ” ምስ ተኸተመ፡ ጠቕላሊ ሰክረታርያ ውድብ ምትሕግጋዝ እስላም ንዝኾነ ሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ሶማል ዝግህስ ስራሕ ከም ዝኹንኖ ኣረጋጊጹ።
2-“ጠቕላሊ ሰክረታርያ ውድብ እስላማዊ ምትሕግጋዝ ምስ ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል ምድግጋፉ የሕድስ። ሉኣላውነታን ዞባዊ ሰላማን ክኸበር ብጽኑዕ ድማ ሓቢሩ። [29]

## 4-ማሕበር ሃገራት ዓረብ

ባይቶ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ብ17 ጥሪ 2024 ኣብ ካይሮ ኣብ ዘካየዶ ዘይስሩዕ ኣኼባ “ንፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል ኣንጻር ኣሉኣላውነታን መሬታዊ ሓድነታን ኣብ ዝገጥማ ተጻብኦ ንምሕጋዛ ዘኽእል ውሳነ ቁጽሪ 8988 ኣሕሊፉ። እቲ ካብ’ቲ ብእንግሊዘኛ ዝተጻሕፈ ዝተወሰደ ውሳነኡ፡ እዚ ዝስዕብ 11 ነጥቢታት ዝሓቆፈ እዩ።

## ባይቶ ማሕበር ሃገራት ዓረብ

1-ጸጥታን ርግኣትን ሓድነትን ሶማል ይሕግዝ።
2-ንመርገጺ ሶማል ምሉእ ብምሉእ ይሕግዝን ምስኡ ይደጋገፍን። “ናይ ምርድዳእ መዘክር” ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማሊ-ላንድን ዝተፈረመ ውዱቕ፡ ስሩዝ፡ ዘይቅቡልን ንመትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሕስን ንሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ሶማል ዝግህስን እዩ።
3-ንውሽጣዊ ኩነታት ሶማል ብምምዝማዝ ንምንጻል ዝግበር ፈተነታትን ሉኣላውነት ሶማል ምግሃስን ብትሪ ይኹንኖ።
4-ነቲ ኣንጻር ሉኣላውነት ሶማልን ሓድነት መሬታን ዝቀንዐ ቅሉዕ ተጻብኦ ዘካየደ ሓይሊ ናብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ንምቕራብ ዝካየድ ጻዕሪታት መንግስቲ ሶማል ይሕግዝ።
5-ኣብ ወሽመጥ ዓደን፡ ገማግም ባሕሪ ሶማልን ቀይሕ ባሕሪን ሓድሽ ጂኦ-ፖለቲካዊ ክውንነት ንምፍጣር ዝካየድ ፈተነታት ብትሪ ይነጽጎ። ምኽንያቱ ከምዚ ዓይነት ተግባር ንጸጥታ ዓረባዊ ዓለምን ንማያዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪን ወሽመጥ ዓደንን ናብ ስግኣት ዘውድቕ ስለዝኾነ።
6-ብመሰረት ቻርተር ማሕበር ሃገራት ዓረብን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን “ሶማሊ-ላንድ” ዘይትፍለ ኣካል ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል’ያ ዝብል ዓረባዊ መርገጺ ደጊሙ ይገልጽ።
7-ኢትዮጵያ በዚ ዝወሰደቶ ስጉምቲታት ንዝምድናታት ሰናይ ጉርብትና ግምት ከይሃበት ንጸጥታን ርግኣትን ዞባ ትህውኽን ሰላምን ጸጥታን ዞባ ናብ ስግኣት ተውድቕን ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ማሕበር ሃገራት ዓረብን ትግህስን ከም ዘላ የረጋግጽ።
8-ንሓድነትን ሉኣላውነትን ሶማል መሬታዊ ሓድነቱን ንምሕጋዝን ነቲ ንኣህጉራውን ዞባውን ሰላምን ጸጥታን ናብ ስግኣት ዘውድቕ “ናይ ምርድዳእ መዘክር” ከም ዘይሕጋውን ውዱቕን ሰነድ መጠን ንምንጻጉን እታ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ኣባል ዘላ ዓረባዊት ሃገር ምስ ናይ ሃገረ ሶማል ጻዕሪታት ተወሃሂዳ ክትሰርሕ ይሓትት።
9-ባይቶ ኣምባሳደራት ዓረብ ኣብ ኒውዮርክ፡ ጀነቫ፡ ቬና፡ ብሮክሰል፡ ኣዲስ ኣበባ፡ ዋሽንግቶን፡ ለንደን፡ ፓሪስ፡ ፔኪንን ሞስኮን “ናይ ምርድዳእ መዘክር” ኣብ ዞባውን ዓለማውን ሰላምን ጸጥታን ዘውርዶ ጉድኣት ንዝምልከቶም ሚኒስተራትን ኣህጉራውያን ውድባትን ንምብራህ ኣድላዪ ስጉምቲታት ይወስድ።ናብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ
10-ዋና ጽሓፊ ባይቶ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ነዚ ውሳነ’ዚ ዝትግብርን ብዛዕባ’ዚ ጉዳይ’ዚ ምስ ዝምልከቶም ዞባውያንን ኣህጉራውያንን መሻርኽቲ ዝማኸርን ናይ ስራሕ ጉጅለ የቕውም።

11-ዋና ጽሓፊ ብይቶ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ነዚ ውሳነ'ዚ ናብ ኩለን ኣባል ሃገራት ባይቶ ጸጥታን ሕብረት ኣፍሪቃን ይዝርግሕን ንትግባረኡ ይከታተልን። ኣብ ዝመጽእ ኣኼባ ባይቶ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ከኣ ብዛዕባኡ ጸብጻብ የቕርብ። [30]

## 5-ውድብ ኢጋድ

ውድብ ኢጋድ ብ18 ጥሪ 2024 ናይ ኣባላቱ መራሕቲ ኣኼባ ኣብ ኡጋንዳ - ኢንተበ ኣካይዱ። ነዚ ዝስዕብ ከኣ ኣብ'ቲ ዘውጽኦ መግለጺ ዘርዚሩ።

## ውድብ ኢጋድ

1-"በዚ ኣብ መጨረሽታ ግዜ ኣብ ዝምድና ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያን ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማልን ዝተፈጥረ ምዕባለታት ኣመና ከም ዘሻቀሎ ይገልጽ።

2-"ሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል ክኽበር ዝእዝዝ መሰረታዊ መትከላት ድማ የረጋግጽ።

3-"ዝኾነ ስጉምቲ ድማ ናይ ግድን ኣብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ መሰረታውያን መትከላት ክምርኮስ ኣለዎ። ከምኡውን ዝኾነ ስምምዕ ናይ ግድን ብፍቓድን ኣፍልጦን ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማል ክኸውን ኣለዎ። [31]

እቲ ዘገርም ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድ፡ ኣብ'ቲ መንግስቱ ምስ ዞባ ሶማሊ-ላንድ ዝኸተሞ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ንምምይያጥ ዝተጋብአ መራሕቲ ኢጋድ ኣይተሳተፈን። ምኽንያት ዘይምስታፉ ኸኣ ነቲ ንመሰረታዊ ቻርተር ውድብ ኢጋድ ዝግህስ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ዘይሕጋዊ ምዃኑ ብውድብ ኢጋድ ውሳነ ከይወጽእ ኢትዮጵያ ዘካየደቶ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ጻዕሪታት ስለዝፈሸለ እዩ።

## 6-ሕብረት ኤውሮጳ

ኣፈኛ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ዘውጽኦ ሓጺር መግለጺ፡ "ሕብረት ኤውሮጳ ሓድነትን ሉኣላውነትን ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል ብመሰረት ቅዋምን ቻርተር ሕብረት ኣፍሪቃን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ክኽበር ኣገዳሲ ምዃኑ የዘኻኽር። እዚ ጉዳይ'ዚ ከኣ ኣብ መላእ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ርግኣትን ንምስፋን መሰረታዊ እዩ። [32]

## 7-ጉጅለ ሸውዓተ

ሚኒስተራት ወጻኢ ጉዳይ ሃገራት "ጉጅለ ሸውዓተ" ብ14 ሚያዝያ 2024 ዘውጽእዎ መግለጺ እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ነይሩዎ። ብዛዕባ'ቲ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ዞባ ሶማሊ-ላንድን ዝተበጽሐ ብጥሪ 2024 ዝተኣወጀ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ዘሎና ሻቕሎት ንገልጽ። ንኩሉ ዓይነታት ወጥሪ ንምዕጋት ድማ መንግስቲ ኢትዮጵያን መንግስቲ ፈደራላዊት ሶማልን ንኩሉ ናይ ዘተ መስመራት ክፉት ክገብርዎ ነተባብዕ። ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊን ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዝተገልጸ መትከላት ዞባዊ ሉኣላውነትን ሰላምን ኣብ ክሊ ሕብረት ኣፍሪቃ ብመገዲ ክልተኣዊ ርክባት ምስ ዞባውያን መሻርኽቲ ምስራሕ እዩ። [33]

## መልሰ ተግባር መንግስቲ ኢትዮጵያ

ኣብ ክሊ መልሰ-ተግባር ዞባዊ፡ ክፍለዓለማውን ኣህጉራውን ብሓደ ወገን፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ በቲ መንግስቲ ሶማል ዘቕረቦ ጻውዒት ባይቶ ጸጥታ ንጉዳይ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ከይመያየጠሉ ብዘለዎ ስግኣት በቲ ካልእ ሸነኽ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ብ9 ጥሪ 2024 [217] "ብባይቶ እስላማዊ ምትሕግጋዝ" ብመገዲ ቀዋሚ ወኪል ማውሪታንያ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ሰይዲ መሓመድ ለቕዚፍ ናብ ባይቶ ጸጥታ ድሕሪ ምቕራቡ፡ ከምኡ ድማ ብ12 ጥሪ 2024 [34] "ማሕበር ሃገራት ዓረብ" ብመገዲ ቀዋሚ ወኪል ባሕሬን ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ጀማል ፋርስ ኣልረዊዒ ናብ ባይቶ ጸጥታ መልእኽቲ ኣቕሪቡ። (35)

"ባይቶ እስላማዊ ምትሕግጋዝን" "ማሕበር ሃገራት ዓረብን" ነቲ ንሉኣላውነት ሶማልን ሓድነት መሬቱን ዝግህስ ተግባር ዝነጸገሉ መግለጺ፡ ሓድነት ጸጥታን ርግኣትን ሶማል ንምዕቃብ ምስ ሶማል ምድግጋፉ ገሊጹ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ብወገኑ፡ ብመገዲ ቀዋሚ ወኪሉ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ተስፉይ ይልማ ሳቡ ኣቢሉ ናብ ባይቶ ጸጥታ መልእኽቲ ሰዲዱ። ነቲ ቀንዲ ትሕዝቶኡ ድማ ነቕርብ።

1-"ናይ ምርድዳእ መዘክር" ምስ ሶማሊ-ላንድ ብመገዲ ሓባራዊ ምርድዳእ፡ ማዕረ ምውሳእን ሰላማዊ ስራሕን መዳያት ምትሕግጋዝ እነደልድለሉ ክሊ እዩ።

2-"ኢትዮጵያ ምስ ሶማሊ ላንድ ምስ ኣህጉራዊ ተግባራትን መዓቀኒታትን ዝሳነ ጥንታዊ ዝምድና ኣለዋ።

3-"ናይ ምርድዳእ መዘክር" ብዙሕ ናይ ምትሕግጋዝ መዳያት ዘጠቓልለ እዩ። ከም መዳያት ባሕሪ፡ ንግዲ፡ ወፍሪ፡ ሕርሻ፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ጽዓትን ትሕተ-ቕርጺን ክጥቀስ ይከኣል። እዚ ኸኣ ምስ ሶማሊ-ላንድ ንምቕጻል ክልተኣዊ ዝምድና ኣቀሙ።

4-“ናይ ምርድዳእ መዘክር” ብመሰረት ኣህጉራዊ መዓቀኒታት ንክልቲኦም ወገናት ኣብ ቅቡል ንግዳዊ መሰረት ዝቆመ ንኢትዮጵያ ከኣ ኣፍደገ ባሕሪ ዘውሕስ እዩ።
5-“ኢትዮጵያ ሓንቲ ካብ መስረቲ ሃገራት ስለዝኾነት ብቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ምእዝዝቲ እያ።
6-“ኢትዮጵያ ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ብግሉጽነት’ያ ትዋሳእ። ነዚ ጉዳይ’ዚ ኸኣ ንጎረባብቲ ሃገራት እንኮላይ ንፌደራላዊ መንግስቲ ሶማል ሓቢራ።
7-“ናይ ምርድዳእ መዘክር” ዞባዊ ሰላምን ቍጠባዊ ምትሕግጋዝን ምውህሃድን ዘሐይል እዩ።
8-ኢትዮጵያ ምስ ልኡኽ ሕብረት ኣፍሪቃ ክትዛተ ድልውቲ እያ። ስለዚ እዚ ጉዳይ’ዚ “ናይ ምርድዳእ መዘክር”ብባይቶ ጸጥታ ክዝረበሉ የብሉን። [36] ምኽንያቱ፦
8-1፦ በዚ ኣገባብ’ዚ “ንጉዳይ ኣፍሪቃ ብኣፍሪቃውያን ምፍታሕ” ኣብ ዝብል ኣምር ተሓቢኡ ንባይቶ ጸጥታ መገዲ ንምዕጻው እዩ።
8-2፦ ኣብ ልዕሊ ውሳነ ልኡኽ ሕብረት ኣፍሪቃ ጽልዋ ከተሕድር ትኽእል እያ።
8-3፦ ኢትዮጵያ ቤት ጽሕፍት ሕብረት ኣፍሪቃ ስለዝኾነት ብዝተፈላለየ ኣገባባት ክትጸልዎ ትኽእል እያ። ብኸመይ ትጸልዎ’ውን ትፈልጥ እያ።
8-4፦ ብጉዳይ ናይ ምርድዳእ መዘክር ዝወጽእ ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ክትቆጻጸሮ ኣይትኽእልን እያ። ምኽንያቱ ካብኡ ክትወጽእ ኣጸጋሚ፡ ክትክሕዶ ኣሸጋሪ፡ ካብኡ ክትሃድም ዝተሓላለኸ ስለዝኾነ። ብዘይካ’ዚ እውን ንኢትዮጵያ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ሕጋውን እስትራተጂያውን መዳያት ሓደገኛ ሳዕቤን ኣለዎ።

## መልሲ ሶማል ንመልእኽቲ ኢትዮጵያ

ቀዋሚ ወኪል ሶማል ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ኣቡበከር ዳህር ዑስማን ብ29 ጥሪ 2024 ንኣቦ መንበር ባይቶ ጸጥታ እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዝነበሮ መልእኽቲ ኣረኪቡ።
1-“ወኪል ኢትዮጵያ ንኣቦ መንበር ባይቶ ጸጥታ ዘረከቦ መልእኽቲ ምስ’ቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብጉዳይ’ቲ ምስ ተፈንጫሊ ጉጅለ ኣብ ሰሜናዊ ሶማል “ሶማሊ-ላንድ” ዝኸተሞ ዘይሕጋዊ “ናይ ምርድዳእ መዘክር” ብዝምልከት ብ3 ጥሪ 2024 ዝሃቦ መግለጺ ብቐጥታ ዝገራጮን ኣደናጋሪ ሓበሬታ ዝሓዘን እዩ። እዚ ኸኣ ኣብ ሶማል ነባሪ ወተሃደራዊ መዓስከር ንምቛምን “ንናጽነት” ተፈንጫሊ ጉጅለ ብወግዒ ምፍላጥን ንዘሎ ዕላማ ኢትዮጵያ ካብ ባይቶ ጸጥታ ንምሕባእ እዩ።
2-“መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ዝኸተሞ ዘይሕጋዊ “ናይ ምርድዳእ መዘክር” “ምስ ሓደ ዞባ ናይ ፌደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል ክልተኣዊ ቍጠባዊ ምትሕግጋዝ

ንምሕያልን ብመሰረት ንግዳዊ ንጥፈታት ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብን'ዩ ክብል ምግላጹ፡ ብሓደ ወገን ናይ'ቲ ዘይሕጋዊ ስምምዑ ሕጋውነት ንምርካብ በቲ ካልእ ድማ ንሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ሰላምን ሶማል ንምግሃስ ንዘሎ ሓቀኛ ዕላማኡ ንምኽዋል ዘቅረቦ ኣደናጋሪ ፍሹል ፈተነ እዩ።

3-"ኢትዮጵያ ነቲ ዝሃበቶ መግለጺን ኣንጻር ሶማል ዝወሰደቶ ኣስፋሕፋሒ ተግባራትን ንፌደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማል ይኹን ንካልኦት ጐረባብቲ ሃገራት ብግሉጽነት ሓቢረ'የ ምባላ፡ ነቲ ናብ ክልተኣዊ ምትሕግጋዝ ዘብጽሕ ቅኑዕ መስርሕ ብፍላጥ ከም ዝጎሰየቶን ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን መዓቀኒታት ሰናይ ጉርብትናን ከም ዝግሃሰት'ዩ ዘርኢ።

4-"መንግስቲ ሶማል ነቲ ኢትዮጵያ ዞባዊ ሰላም ንምድልዳልን ቀጥባዊ ምትሕግጋዝን ምምልላእን ንምርግጋጽን ኣብ ትሕቲ ዝብል ሽፋን ንናይ ሶማል ዞባ ንምጉባጥ ዝወሰደቶ ዘይሕጋዊ ፈተነታት ብትሪ ይኹንን ይነጽጎን።

5-"መንግስቲ ሶማል፡ ንኢትዮጵያ ብመሰረታዊ መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊን ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ክትምእዘዝ ግቡኣ ምኻኑ ከዘኻኽራ ይፈቱ።

6-"ከምዚ ዝኣመሰለ ስጉምቲ ንዞባዊ ርግኣት ብኣሉታ ዝጸሉ ምኻኑ ከኣ መንግስቲ ሶማል የጠንቕቕ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ንናጻን ሉኣላውነትን ሃገራት ዝግህስ ብምኻኑ ኣብ ኣህጉራዊ ስርዓት ሓደገኛ ተርእዮ እዩ። [37]

## መርገጺ ባይቶ ጸጥታ

ባይቶ ጸጥታ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ፌደራላዊ መንግስቲ ሶማልን ዝወልዖ ሽግር ንምምይያጥ ብ29 ጥሪ 2024 - 44 - ዕጹው ኣኼባ ኣካይዱ። ክሳብ ሕጂ ግን ብዛዕባ'ዚ ኣገዳሲን ተኣፋፍን ሓደገኛ ሳዕቤን ዘለዎን ምናልባት'ውን ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ክኽተልኦ ዝኽእላን ጉዳይ'ዚ እንታይ ውሳነ ሓሊፉ ዝፍለጥ ነገር የለን። ይኹን'ምበር ኣብ ከምዚ ፍሉይን ህጹጽን ጉዳይ ከምቲ ኩሉ ግዜ ዘጋጥም፡ ሶማልን ኢትዮጵያን ናይ ዕጹው መጋባእያ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ክህልወን ይኽእል እዩ።

## ፕረዚደንት ሶማልን ኣፍደገ ባሕሪ ንኢትዮጵያን




ፕረዚደንት ሶማል ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ኣብ'ቲ ኣብ ለካቲት 2024 ኣብ ኢትዮጵያ ዝተቓንዐ መበል 37 ኣኼባ መራሕቲ ሕብረት ኣፍሪቃ ተሳቲፉ። መርገጺ ሃገሩ ኣብ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ንምብራህ ከኣ ነቲ ኣጋጣሚ ተጠቒሙ ብ18 ለካቲት 2024 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጋዜጣዊ መግለጺ ሂቡ። ብኣባላት ጸጥታ ኢትዮጵያ ጸቕጢታትን ዕንቅፋታትን ይግበረሉ ከም ዝነበረ ከኣ ኣረዲኡ። ፕረዚደንት ሶማል ነዚ ዝስዕብ ኣብሪሁ፡

1-"ገማግም ባሕሪ ዘለወን ሓሙሽተ ሃገራት ጐረባብቲ ኢትዮጵያ ኣለዋ። እንተኾነ ግን ኢትዮጵያ ብመገዲ ክልተኣዊ ስምምዕ ኣፍደገ ባሕሪ ክትረክብ ኣይትደልን እያ። የግዳስ ገምገም ባሕሪ ምእንቲ ክህልዋ መሬት ናይ ካልኦት ሃገራት ክትግብት'ያ ትደሊ።

2-"ኢትዮጵያ ናብ ባሕሪ ሶማል ክትበጽሕ ድሌት እንተ ድኣ ሃልዩዋ፡ ንሕና ብሓጐስ ኢና ንቕበሎ። እንተኾነ ግን ኢትዮጵያ ከምቲ ኡጋንዳ ናብ ባሕሪ ኬንያ ንምብጻሕ እትኽተሎ ኣገባብን ብሩንዲን ርዋንዳን ናብ ባሕሪ ታንዛንያ ንምብጻሕ ዘለወን ዓቕሚን ኢትዮጵያ ድማ ከምኣታተን ክትከውን ኢና ንደሊ። ብሓጺሩ ከምዚ ሕጂ ኢትዮጵያ ኣብ ጂቡቲ ትኽተሎ ዘላ ኣገባብ ማለት እዩ።

3-"ነተን ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ካብኣተን 16 ሃገራት ኣፍሪቃ ብኸመይ ናብ ኣፍደገ ባሕሪ ይበጽሓ ዝውስን ብዙሕ ውዕላት ኣሎ። ገለ ካብኡ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ክጥቐስ ይከኣል።

4-"ኩለን ዕጹዋት ሃገራት ናብ ኣፍደገ ባሕሪ ንምብጻሕ፡ መሬት ናይ ካልኦት ሃገራት ምጉባጥ ናብ ዝብል ፖሊሲ ኣይከዳን እየን።

5-"ኢትዮጵያ ምስ ዞባ ሶማሊ-ላንድ ዝኸተመቶ ስምምዕ ንገለ ክፋል መሬት ሶማል ናብ ኢትዮጵያ ዝሕውስን ኣብ ዶብ ሶማል ለውጢ ዝፈጥርን እዩ።

6-"ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድ፡ ኢትዮጵያ ብሰላማዊ ኣገባብ ወይ ብሓይሊ ኣፍደገ ባሕሪ ክትረክብ'ያ ከም ዝበለ ከኣ ኣብ ማዕከናት ዜና ሰሚዐ ነይረ። እንታይ ማለቱ ምዃኑ ሓቲተዮ ነይረ። ካብኡ ግን መልሲ ኣይረኸብኩን።

ንሕና ኵናት ኣይንደልን ኢና፡ ንሶማል ከነጥቅዕ እውን መደብ የብልናን” ክብል መሊሱለይ።
7-“ብመዓር ዝተሸፈነ ትርጉም ዘይብሉ ናይ ኣቢ ኣሕመድ ዘረባ ብዘየገድስ፡ እቲ ዘገድስ ናይ ኢትዮጵያ ተግባር እዩ። ዓበይቲ ኢትዮጵያውያን ወተሃደራዊ መኮንናት ኣብ መሬት ሶማል ኣለዉ። ናብ ኢትዮጵያ ንምጽንባር ባይታ የጣጥሑ ኣለዉ።
8-“ኢትዮጵያ ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝገበረቶ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ናብ ሶማል ሓይሊ ክትሰድድ ትኽእል እያ። እቲ ውጽኢት እንታይ ነይሩ ከኣ ትፈልጥ እያ። በዚ ዝሰዓበ ከኣ ኢትዮጵያ ሕጉስቲ'ያ ዝብል እምነት የብልናን።
9-“ሓንቲ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር ዞባ ከይዳ ስምምዕ ክትፍርም፡ ብእኡ ኸኣ ኣፍደገ ባሕሪን መዓስከር ሓይሊ ባሕሪን ክትረክብ ብኸመይ ኣገባብ!?
10-“ካብ መሬትና ስድሪ'ውን ትኹን ንኢትዮጵያ ኣይንገድፈላን ኢና። ዋላ ዘመናት ዝሓትት'ውን ይኹን።
11-“እንኮ እነካይዶ ውግእ ኣንጻር “ሽባብ” እዩ። ኢትዮጵያ “ናይ ምርድዳእ መዘክር” ብምፍራማ ግን “ምንቅስቓስ ሽባብ” ንመሬት ሶማል ንከላኸል ኣሎና ኢሎም ንኽዛረቡ ዕድል ፈጢራተሎም። ምንቅስቓስ ሽባብ ካብ'ቲ “ናይ ምርድዳእ መዘክር” ዝተኸተመሉ ዕለት ካብ 6-8 ሽሕ መንእሰያት ከሰልፉ ከም ዝኸኣሉ እሙናት ምንጪታት ሓቢሮሙና ኣለዉ።
ፕዚደንት ሶማል ብዝርዝር ከም ዝገለጾ፡ ብኣባላት ጸጥታ ኢትዮጵያ ኣብ ሆቴልን ኣብ መእተዊ ኣፍደገ ቤት ጽሕፈት ሕብረት ኣፍሪቃን ጸቕጢታትን ምፍርራሕን ኣጋጢሙዎ እዩ። እቲ ዕላማ ኸኣ ኣብ ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃ ምእንቲ ከይሳተፍ እዩ። እዚ ተግባር'ዚ ካብ ስነ-ምግባር ወጻኢ ዘይሓላፍነታውን ዘይዲፕሎማስያውን ስጉምቲ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ምስ ኣህጉራዊ ውዕላትን ቻርተራትን ቀንዲ ካብኡ ቻርተር ናይ'ቲ ኢትዮጵያ እተኣንግዶ ሕብረት ኣፍሪቃን ዝገራጮ እዩ። [38]

## መንጐኝነት ቱርኪ ኣብ ዕጹው መገዲ

መንግስቲ ቱርኪ ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ ባሕሪን ህንዳዊ ውቅያኖስን ብዘለዎ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ጂኦ-እስትራተጂያውን ኣጀንዳን ብመሰረት ምስ መቓድሾን ኣዲስ ኣበባን ዘለዎ ፍሉይ ዝምድናን ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ሃገራት “ናይ ምርድዳእ መዘክር” ዘባርዖ ሽግር ንምቁጽጻር ናይ መንጐኝነት ተበግሶ ወሲዱ። ከም ዝፍለጥ ቱርኪ ምስ ኢትዮጵያን ሶማልን ጽቡቕ ዝምድና ኣለዋ። ኣብ ክልቲኤን ሃገራት'ውን ረብሓታት ኣለዋ። ቱርኪ ኣብ ኢትዮጵያ ናብ ጽላታት ህንጻ፡ ናይ ሕክምናን መግቢን ፋብሪካታት ወፍሪታት ዘካይዳ 200 ኩባንያታት

ኣለዋ። [39] ከምኡ'ውን ምስ ሶማል ወተሃደራዊ፡ ጸጥታውን ቍጠባውን ዕምቆት ዘለዎ ዝምድና ኣለዋ። ቱርኪ ካብ መሬታ ወጻኢ እቲ ዝዓበየ ወተሃደራዊ መዓስከር ካብ 2017 ጀሚሩ ንሓደ ዕቁድ ምሉእ ዝቀጸለ ኣብ ሶማል'ዩ ዘሎ። ሚኒስተር ምክልኻል ቱርኪ ይሽር ጎለር ምስ መዘናኡ ሶማላዊ ዓብደልቓድር መሓመድ ኑር ብ9 ለካቲት 2024 "ናይ ምክልኻልን ቍጠባን ምትሕግጋዝ ስምምዕ" ኸቲሙ። ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ እቲ ቱርካዊ ሚኒስተር "እዚ ስምምዕ'ዚ ንክልተኣዊ ወተሃደራዊ ዝምድናታትና ኣብ ምምዕባል ዝዓበየ ኣበርክቶ ከም ዝገብር እምነት ኣሎኒ" ክብል ገሊጹ። [40] ኣብ ርእሲ'ዚ ኸኣ ሚኒስተር ጽዓትን ባርያዊ ጸጋን ቱርኪ ኣላብ ኣርሰላን ቤርግዳር ብ25 ጥቅምቲ 2024፡ ኣብ መንጎ ኩባንያ ነዳዲ ቱርኪን (TPAQ) ጨንፈር ፐትሮልዩም ሶማልን ብዝተገብረ ሓድሽ ስምምዕ መሰረት፡ ካብ ዓረባዊት ሃገር ጋዝን ነዳዲን ምውጻእ ክጅመር እዩ። [41] ኣብ ውሽጢ'ዚ ኩነታት'ዚ ከኣ ቱርኪ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማልን ብደረጃ ሚኒስተራት ብሓደ ሓምለን ብ10 ነሓሰን 2024 ዘይቐጥታዊ ዘተ ኣኣንጊዳ። ብ17 መስከረም ክካየድ ዝተመደበ ሳልሳይ ዙር ዘተ ግን ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ብዝተኸሰተ ገፌሕ ፍልልይ ንዘይተወሰነ ግዜ ተመሓላሊፉ። "ናይ ምርድድኣ መዘክር" ውዱቕን ስሩዝን ዝብል መንግስቲ ሶማል፡ ኢትዮጵያ ነዚ ምስ ሰበ-ስልጣን ሶማሊ-ላንድ ዝኸተመቶ ስምምዕ ግድን ክትስርዞ ከም ዘለዋ'ዩ ዘተሓሳስብ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን ኣብ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ጸኒዑ ይርከብ። ክስርዞ'ውን ኣይደልን እዩ። እንተ መርገጺ መንጐኛ ቱርኪ ኣብ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ዘደናግር ዘይብሉ ንጹር እዩ። ምኽንያቱ፦

1-"ብ4 ጥሪ 2024 ፕረዚደንት ቱርኪ ረጀብ ጠይብ ኤርዶጋን ምስ መዘናኡ ሶማላዊ ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ናይ ተለፎን ዝርርብ ኣካይዱ። ኣብ'ቲ ርክብ "ፕረዚደንት ቱርኪ እቲ ኣብ መንጎ ሶማልን ኢትዮጵያን ዝተፈጥረ ወጥሪ ብመሰረት ሓድነት መሬት ሶማል ክፍታሕ ከም ዘለዎ ብጽኑዕ ከም ዝገለጸ ፕረዚደንታዊ መርበብ ሓበሬታ ቱርኪ ሓቢሩ። [42]

2-"ኣፈኛ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳይ ቱርኪ ኣመንጆ ኪትሲሊ ብ4 ጥሪ 2024 ብጉዳይ'ቲ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማሊ-ላንድን ዝተኸተመ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "እቲ ብዘይኣፍልጦ መንግስቲ ሶማል ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሶማሊ-ላንድን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብ1 ጥሪ 2024 ዝተኸተመ ናይ ምርድዳእ ሽርክነትን ምትሕግጋዝን መዘክር ኣመና ኣሻቒሉና፡ ብሓድነትን ሉኣላውነትን መሬታዊ ሰላምን ፌደራላዊ ሪፓብሊክ ሶማል ከም እንምእዘዝ ድማ ከም ብሓድሽ ነረጋግጽ፡ እዚ መርገጺ'ዚ ሓደ ካብ ጠለባት ኣህጉራዊ ሕጊ ምዃኑ'ውን ንሕብር" ክብል ገሊጹ። [43]

መንግኸንነት ቱርኪ ኣብዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ መሰረታውያን ነጥቢታት ከም ዘተኩር ኣብ ፓርላማ ሶማል ምክትልን ኣባልን ኮሚተ ወጻኢ መሓመድ ኣድም ገሊጹ።
1-ንዘተ ዝምችእ ሓባራዊ ባይታ ንምፍጣር ኣብ መንግ ሶማልን ኢትዮጵያን ወጥሪ ደው ምባል።
2-ነቲ ሽግር ንምእላይ ክልቲኦም ወገናት ብዲፕሎማስያዊ ፍታሕ ይምእዘዙ።
3-ሶማል ኣብ ጉዳይ ሉኣላውነታን መሬታዊ ሓድነታን ንዘለዋ ስግኣት ምእላይ።
4-ሶማል ብመሰረት መሰላ ንኢትዮጵያ ናብ ኣፍደገ ባሕሪ ንኽትበጽሕ ፈቒዳ።
5-ኢትዮጵያ ብወግዓዊ ኣገባብ ናብ ኣፍደገ ባሕሪ ክትበጽሕ እምበር፡ ብመገዲ ዞባ ሶማሊ-ላንድ ኣይፍቐዳን እዩ። [44] ይኹን'ምበር መንግኸንነት ቱርኪ ናብ ዕዉው መገዲ በጺሑ ኣሎ።

# ተበግሶ ጂቡቲ ንኣጀንዳ ኢትዮጵያ የቃልዕ

መንግስቲ ጂቡቲ ብሓደ እምኒ ልዕሊ ክልተ ኣዕዋፍ ንምህራም ኣብ ዝገበሮ ፈተነ፡ ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ ሰሜን ጂቡቲ ዝርከብ ካብ ዶብ ኢትዮጵያ ካብ 100 ኪሎ ሜተር ዘይሓልፍ ወደብ ታጁራ ክትጥቐመሉ ፈቒዱ። እዚ ወደብ'ዚ ንስራሕ ድልዋ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ካብ'ቲ ወደብ ክሳብ ዶብ ኢትዮጵያ ዘሎ ጽርግያ ኸኣ ብቐጥራን ዝተለበጠ እዩ። ኢትዮጵያ ኣብ እዋን ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ፡ ንወደብ ታጁራ ከምቲ ናይ ፕሮጀክት ፖርት-ሱዳን-መቀለ ክልል ትግራይ ክግልገለሉ ይውጥን ከም ዝነበረ ይፍለጥ።
ብ31 ነሓሰ 2024 ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ጂቡቲ መሓመድ ዓሊ ዮሱፍ ምስ “ድምጺ-ኣሜሪካ” ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ፡ ኢትዮጵያ ንወደብ ታጁራ ንኽትግልገለሉ ሃገሩ ዘቕረቦ ሓሳብ ብክልቲኦን ሃገራት ሓባራዊ ምምሕዳር ክህልዎ ዝብል እዩ። ናይ ጂቡቲ ሓሳብ ሰለስተ ቀንዲ ነጥቢታት ዝሓዘ እዩ።
1-“ጂቡቲ ሓድሽ ወደብ ከተረክብ ድልውቲ እያ። ናይ ብሓቂ ሓድሽ ዝተሃንጸ ወደብ እዩ። ናብ ሰሜናዊ ዶብ ጂቡቲ ዝወስድ ሓድሽ ጽርግያ'ውን ኣለዎ። እዚ መስመር'ዚ ኸኣ ወጻኢታት መጓዓዝያ ንምንካይ ንኢትዮጵያ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ።
2-“ከምኡውን ጂቡቲ ነቲ ወደብ ምስ ኢትዮጵያ ብሓባር ንምምሕዳሩ ድልውቲ እያ።
3-“ጂቡቲ ኣቕሪባቶ ዘላ ጠለብ ወተሃደራዊ መዓስከር ክትምስርተሉ ዘፍቕድ ኣይኮነን።
ኣስዒቡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ጂቡቲ፡ “ካብ ኢትዮጵያ ንቅበሎ ዘሎና መልሲ እወታዊ እዩ። ንሳቶም ነቲ ተክኒካዊ መዳይ የጽንዑ ኣለዉ። ናይ መጨረሽታ መልክዑ ንምትሓዝ ድሕሪ ገለ መዓልታት ወይ ሰሙናት ከም እንደገና ከም

እንራኸብ ከኣ ርጉጽ እዩ። ንምትሕግጋዝ ከመይ ይሕግዘና ከኣ ክንርኢ ኢና። [45]

መንግስቲ ኢትዮጵያ ክሳብ ሎሚ ነቲ ጂቡቲ ዘቕረበቶ ሓሳብ ውዱእ መልሲ ኣይሃበሉን። ከም ዝፍለጥ ንወደብ ታጁራ ብመገዲ ሓባራዊ ምሕደራ ንኽትጥቀመሉ ክትቅበል ትኽእል እያ። እንተኾነ ግን ንንግዳዊ ንጥፈታትን ንመዓስከር ሓይሊ ባሕሪን ዝውዕል ወደብ ናይ ምርካብ ዘለዋ ውሳነ ትገድፎ ኣይኮነትን። ጂቡቲ ንኢትዮጵያ ዘቕረበቶ ወደብ ናይ ምጥቃም መሰል ግን መሬታ ክሳብ ምግዳፍ ዘጠቓልል ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ወተሃደራዊ መዓስከር ከተቕውም ዝፍቐደላ ኣይኮነን። እዚ ማለት ከኣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ኢጋድን ንዝምድና ሃገራት ዝገዝእ ኣህጉራዊ ሕጊታትን ውዕላትን ብምፍራስን መሬት ካልእ ሃገር ከም ሶማል ብምጉባጥ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ሉኣላውነት ኢትዮጵያ ዝኸውን ኣፍደገ ባሕሪ ክሳብ ዘይረኸበት ሕቶ "ህላወ" ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድ ገና ፍታሕ ኣይረኸበን ማለት እዩ።

# ኣዋጅ ኣንካራ




ንሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ሶማል ዝድግፍ ዞባዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን መግለጺታት ምስ ወሓዘ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ መጨረሽታ ኣብ ጸቢብ ዓንኬል ስለዝኣተወ፡ ብ11 ታሕሳስ 2024 ነቲ ምስ ዞባ ሶማሊ-ላንድ ዝተበጽሐ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ዝስርዝ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን መስራቲ ሕጊ ሕብረት ኣፍሪቃን ምስ መንግስቲ ሶማል ሓባራዊ ስምምዕ ዘንጸፈ መግለጺ ክፍርም ተገዲዱ። ነቲ መግለጺ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ፕረዚደንት ቱርኪ ረጀብ ጠይብ ኤርዶጋን ብወገን ኢትዮጵያ ቀዳማይ

ሚኒስተር ዶ/ር ኣቢ ኣሕመድ፡ ብወገን ሶማል ከኣ ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ከቲሞምሉ።
ትሕዝቶ ናይ'ቲ ሓባራዊ መግለጺ ክልቲኦም መንግስታት ነዚ ዝስዕብ ከኽብሩ ይእዝዝ።
1-ሉኣላውነት ክልቲኣን ሃገራት።
2-ሃገራዊ ሓድነት ክልቲኣን ሃገራት።
3-ናጽነት ክልቲኣን ሃገራት።
4-መሬታዊ ሓድነት ክልቲኣን ሃገራት።
5-ኣብ ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን መስራቲ ሕጊ ሕብረት ኣፍሪቃን ዝተጠቕሰ መትከላት።
6-ክልቲኦም ወገናት ኣብ ክሊ ምኽባር መሬታዊ ሓድነት፡ ኢትዮጵያ መስመር ባሕሪ ምግልጋልን ብዛዕባ ክህሉ ዝኽእል ዝተፈላለየ ረብሓታትን ኣጽዲቆም።
7-ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ሉኣላውነት መንግስቲ ሶማል ነባሪ ጽጥታ ብዘለዎ ናብ ባሕሪ ብዛዕባ ትበጽሓሉ መገዲ ብሓባር ክሰርሑን ቅድሚ መጨረሽታ ለካቲት 2025 ድማ ተክኒካዊ ዘተታት ክጅምርን ክልቲኦም ወገናት ተሰማሚዖም። [46]
እዚ ስምምዕ'ዚ ብግብሪ እንተ ድኣ ሰሪሑ፡ እዞም ዝስዕቡ 4 ረቛሒታት ክኽስቱ እዮም።
1-እቲ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ዞባ ሶማሊ-ላንድን ብሓደ ጥሪ 2024 ዝተኸተመ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ምስራዝ።
2-ኢትዮጵያ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊን ምስኡ ዝተኣሳሰርን ንንግዳዊ ንጥፈታት ጥራሕ ዝውዕል ብመገዲ ሉኣላዊ መሬት ሶማል መስመር ባሕሪ ክትረክብ እያ።
3-ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ ገማግም ባሕሪ ሶማል መደበር ሓይሊ ባሕሪ ንምቛም ዘውጽኣቶ እማመ ትስርዞ።
4-ኢትዮጵያ ንሉኣላውነት ሶማልን መሬታዊ ሓድነታን ተኽብር።

## ፖሊሲ ኣቢ ኣሕመድ ኤርትራ ብዝምልከት

1-ኢትዮጵያ ነቲ ብ13 ሚያዝያ 2002 ዝወጸ ናይ መጨረሽታን ቀያዲን ውሳነ ኮምሽን ዶብ ንክልተ ዕቁዳት ምሉእ ክትነጽጎ ጸኒሓ እያ። ኣቢ ኣሕመድ ብ27 መጋቢት 2018 ናብ ስልጣን ምስ መጸ እውን ነቲ ንባድመ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ምዃኑ ዘረጋገጸ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኣይተቀበሎን። መንግስቲ ኢትዮጵያ በዛ ዓዲ እዚኣ ኣመኽንዩ'ዩ ብ13 ግንቦት 1998 ኣንጻር ኤርትራ ኣጠቓላሊ ኲናት ኣዊጁ። ኣቢ ኣሕመድ ኣብ ቅድሚ ፓርላማ ኢትዮጵያ ብ2 ሚያዝያ 2018 ኣብ ዘስምዖ በኹሪ መደረኡ "ሶማላውያን፡ ሲዳማውያን፡ ቤንሻንጉላውያን፡ ጋቤላውያን፡

ጉራጌውያን፡ ዓፋራውያን፡ ካምፓታውያን፡ ሃረራውያንን ካልኦትን ህዝብታት ኢትዮጵያ “ባድመ ቅድሚ ምትሓዛ ክንመውት ኣሎና” እናበሉ ሞይቶም” ክብል ገሊጹ። [47]
2-ሓይልታት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ብ4 ሕዳር 2020፡ ነቲ ኣብ ሰሜናዊ ዶብ ምስ ኤርትራ ዓሪዱ ዝነበረ ፌደራላዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣጥቂዑ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝገበሮ ናይ ተለቭዥን ርክብ ከም ዝገለጾ፡ ካብ 5-6 ሽሕ ዝበጽሑ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ናብ መሬት ኤርትራ ኣትዮም። [48]



ድሕሪ ዓሰርተ መዓልቲ ናይ’ቲ መጥቃዕቲ ማለት ብ14 ሕዳር ሓይልታት ወያነ 13 ሮኬታት ናብ ዋና ከተማ ኣስመራ ወንጪፎም። ፕረዚደንት ኤርትራ በዚ ጉዳይ’ዚ ኣመልኪቱ “ኣብ ኤርትራ ክህረም ተሓርዩ ዝነበረ ዒላማታት ልዕሊ 100 ከም ዝበጽሕ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣሎና” ክብል ገሊጹ። [49] መልሰ ተግባር ኤርትራ ንመጥቃዕቲ ወያነ ከኣ ኣይደንጎየን። ምስ ፌደራላዊ ሓይልታት ኢትዮጵያ ብምውህሃድ ከኣ ተፈጺሙ። በዚ ጉዳይ’ዚ ኣመልኪቱ ፕረዚደንት ኤርትራ፡ “ንነፍስና ክንከላኸል ተገዲድና ኢና ኣቲናዮ። ካልእ ኣማራጺ ከኣ ኣይነበረናን” ክብል ኣብሪሁ። [50] እንተኾነ ግን እቲ ዝዓበየ ሃንደበትነት ነቲ ንመጥቃዕቲ ሓይልታት ወያነ ዝከላኸል ዝነበረ ሓይልታት ኤርትራ፡ ካብ’ቲ ካብ ዋና ከተማ ክልል ትግራይ መቐለ ዝዘለቀ ፌደራላዊ ሓይልታት ኢትዮጵያ’ዩ መጺኡዎ። ንኤርትራ ከይሓበረን ከይተወሃሃደን ስሒቡ። በዚ መዳይ’ዚ ኣመልኪቱ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ “ዘይተጸበናዮ ውሳነ ምዝላቕ ሓይልታት ፌደራላዊ መንግስቲ ካብ መቐለ ብሰንኪ ዝተፈላለየ ናይ ወጻኢ ጸቕጢታት ዝተኸሰተ እዩ። እዚ ኸኣ ንወያነ ካልእ ዓንዳሪ ስጉምቲ ገስጋስ ናብ ኣዲስ ኣበባ ንኽወስድ ደሪኹዎ። [51]
3-ብኣንጻር ናይ’ቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድ ዝበሎ፡ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ኣብ 1962 ብዘይ ሕጋዊ መገዲ ምስ ጸንበረታ እንተ ዘይኮይኑ ናብ ባሕሪ በጺሓ ኣይትፈልጥን እያ። እዚ ኸኣ ድሕሪ’ቲ ኣብ 1952 ዝተፈጸመ

ፌደራላዊ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያን ፍትሓዊ ርእሰ ውሳነ መሰል ህዝቢ ኤርትራ 1950 ምግሃሱን እዩ።
4-ብኣዘራርባ ኣቢ ኣሕመድ ናጽነት ኤርትራ "ብናይ ደገ ውዲት" ዝተፈጸመ እዩ። እዚ መርገጺ'ዚ ከኣ ጉጉይ ታሪኽ ብምቅራብ ሓቂታት ንምትምያን ዝግበር ፈተነ እዩ። "ኣብ 1950 ዝተፈጸመ "ታሪኻዊ ውዲት" ግዳዩ ህዝብን መሬትን ኤርትራ ምንባሩ ኹሉ ኩሉ ታሪኻዊ ሓቂታትን መርትዖታትን ብንጹር ዘረጋግጾ እዩ። እቲ ዕላማ ድማ ኤርትራ ከም ኩለን ግዝኣታት ኢጣልያ ዝነበራ ሶማልን ሊብያን ናጽነታ ንኸይትረክብ እዩ። እዚ እስትራተጂያዊ ረብሓ ኣሜሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ቀርኒ ኣፍሪቃን ንምግልጋል ተባሂሉ ዝተፈጸመ እዩ። ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ እዚ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ሕጋውን ውዲት ብኣሜሪካ ተኣሊሙ። ኣብዚ ውዲት'ዚ ፕረዚደንት ፍራንክሊን ሩዝቬልት፡ ፕረዚደንት ሃሪ ትሩማን፡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኣሜሪካ ጆን ፎስተር ዳላስ፡ ሓዉ ሓላፊ ክፍሊ CIA ዝነበረ ኣሊን ዳላስ፡ ናይ ሕጊን ፖለቲካን ኣማኻሪ ሃይለ ስላሰ ጆን ስበንሰር፡ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳሩ ሒዙ ዝነበረ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ውንስቶን ቸርችልን ኸዳሚኦም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ መስፍናዊ ሃይለ ስላሰን ተሳቲፎም። ኣብ ትሕቲ ጽላል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከኣ ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከም እትቑረን ተገይሩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኣሜሪካ ዝነበረ ጆን ፎስተር ዳላስ፡ "ብሕጋዊ መዳይ ርእይቶ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ግድን ኣብ ግምት ክኣቱ ነይሩዎ። እንተኾነ ግን እስትራተጂያዊ ረብሓ ኣሜሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ኣገዳስነት ኣህጉራዊ ሰላምን ምስ መሓዛና ኢትዮጵያ ክንቆርና ኣገዲዱ" ክብል ኣብ 1952 ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተኣሚኑ። [52]
5-ኣቢ ኣሕመድ ዘቕረቦ ሳልሳይ ታሪኻዊ ጌጋ ከኣ ንሓርነታዊ ኲናት ኤርትራ "ኲናት ሓድሕድ" ምባሉ እዩ። ከም ዝፍለጥ ኣቢ ኣሕመድ ስልጣን ኣዲስ ኣበባ ቅድሚ ምሓዙ ይኹን ድሕሪኡ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ውግኣት "ኲናት ሓድሕድ" እዩ። እቲ ካብ 1961 ክሳብ 1991 ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኻየደ ውግኣት ግን ኣብ መንጐ ብምዕራባውን ምብራቓውን ደምበታት እትሕገዝ ገዛኢት ሃገርን ኢጣልያ ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ምስ ተሳዕረት ብውድብ ሕቡራት ሃገራት መሰሉ ዝተመንዝዐን ምእንቲ ናጽነቱን ሓርነቱን ንፍርቂ ክፍለ ዘመን ዝተቃለሰ ግዙእ ህዝብን ዝካየድ ዝነበረ ሓርነታዊ ኲናት እዩ።
6-ድሕሪ'ቲ ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ዘካየድዎ መግዛእታዊ ውግኣትን ኣብ መላእ ኤርትራ ዝተኸተልዎ ናይ ዝባደመ መሬት ፖሊሲን ኣንጻር ንጹህ ህዝቢ ዝፈጸምዎ ኣረሜናዊ ገበናትን ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ክኽሕሱ ይትረፍ፡ ንህዝቢ ኤርትራ'ውን ይቕሬታ ኣይሓተቱን። ካብዚ

ዝኸፍአ ከኣ፡ እዚ ሕጂ ዘሎ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ሕጋውን ሓቂታት ብምትምያን ኑቲ ካብ ኢትዮጵያ ዝተፈልየ ናጻ ኤርትራዊ መንነት ኣብ ምኽሓድ ኣሰር ናይ'ቶም ዝሓለፉ መስፍናውን ወተሃደራውን ስርዓታት ኢትዮጵያ ይኸተል ምህላዉ እዩ። ሰውራ ኤርትራ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ስዒሩ፡ ኣብ 1993 ብውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራውያን ውድባትን ዝተመርሐ ናጻን ርትዓውን ረፈረንደም ብምክያድ ህዝቢ ኤርትራ 99.8% እወ ንናጽነት ብምድማጽ ታሪኻውን ፖለቲካውን ሕጋውን ድምጹ ኣስሚዑ ክነሱ፡ ንናጽነት ኤርትራ "ታሪኻዊ ጌጋን ናይ ወጻኢ ውዲትን" ነይሩ ምባሉ ግርንቢጥ እዩ።

7-ፕረዚደንት ኢትዮጵያ ዝነበረ ሙላቱ ተሾመ ወርቁ ብፍቓድ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብ17 ለካቲት 2025 ኣብ ኤለክትሮኒካዊ መርበብ ኢትዮጵያ ዘይኮነስ፡ ኣብ ናይ ቐጠር ተለቭዥን "ኣልጀዚራ" ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኤርትራ ኣብ ግርጭታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓበይቲ ቀላያትን ተጨማሊቓ እያ" ክብል ገሊጹ። ኣስዒቡ ኸኣ፡ ኣብ መንጎ ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዝተኸተመ ስምምዕ ፕሪቶርያ "ንኢትዮጵያ ዓወት፡ ንኤርትራ ከኣ ውድቐት'ዩ ነይሩ" ክብል ኣረዲኡ። [53]




እዚ ንታሪኻውን ፖለቲካውን ሓቂታት ንምጥዋይ፡ ብፕረዚደንት ኢትዮጵያ ነበር ዝተገብረ ፈተነ ዋላ ንሓደ ዘደናግር ኣይኮነን። ታሪኽ ከም ዝምስክሮ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱን ናጻ ካብ ዝወጸትሉ ዕለት ኣብ ጐረባብታ ሃገራት ካብ ዝርከቡ ስርዓታት ብዙሕ ብድሆታትን ተጻብኦታትን በጺሑዋ እዩ። ብኣንጻሩ ግን ኤርትራ ተመሳሳሊ ግብረ መልሲ ኣይሃበትን። ብኣንጻሩ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ጅቡቲ፡ ሶማል፡ ሱዳንን የመንን ዝተኸሰተ ሽግራት ንምፍታሕን ንዝተወልዐ ሓዊ ንምጥፋእን ተበግሶታት ወሲዳ። እቲ ብ2 ሕዳር 2022 ዝተኸተመ ስምምዕ ፕሪቶርያ ብዝምልከት ግን ስምምዕ ኢትዮጵያውያን ስለዝኾነ ብቀረባ ይኹን ብርሑቕ ንኤርትራ ዝምልከት ኣይኮነን። ፕረዚደንት ኢትዮጵያ ነበር ከኣ

ነዚ ሓቂ'ዚ ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጦ እዩ። ከምኡውን ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ሰላምን ርግኣትን ንምስፋን ኤርትራ ሰውራን መንግስቲን ዝተጻወትዎ ተራ ፕረዚደንት ኢትዮጵያ ነበር ዝዝንግዖ ኣይመስለንን። እንተኾነ ግን ንቅሉዕ ምኽንያታት ሓቂታት ንምጥዋይ'ዩ ፈቲኑ። እዚ ድማ ዝያዳ ዘቃልዖ እምበር ዝሓብኦ ኣይኮነን።
8- ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኢትዮጵያ ጆደዎን ጢሜቴዎስ ብ20 ሰነ 2025 ኣብ ብርክት ዝበሉ ሚኒስተራት ወጻኢ ሓደ ካብኦም ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኣሜሪካ ማርኮ ሮብዮ ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ ንኤርትራ ብምኽሳስ፡ "ንሉኣላውነት ኢትዮጵያ ብምግሃስ ተደጋጋሚ ንዕቀት ዝመልኦ ናይ ምፍርራሕ ስጉምቲ ትወስድ ኣላ"ክብል ኺሲሱ። ስርዓት ኤርትራ ንሉኣላውነት ኢትዮጵያን መሬታዊ ሓድነታን ክኽብርን ሰራዊቱ ካብ መሬት ኢትዮጵያ ንኸውጽእን ጸዊዑ። [54] ናይቲ ዘቕረቦ ክሲ ጭቡጥ መርትዖ ግን ኣየቕረበን። ከም ዝፍለጥ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብ13 ሚያዝያ 2002 ብኮምሽን ምምልካት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ መጨረሽታን ቀያዲን ብዝኾነ ኣገባብ ተሓንጺጹ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ሰራዊቱ ኣብ ሉኣላዊ መሬቱ ከም ዘሎን ናይ ኢትዮጵያ ጥርዓን ድማ መሰረት ዘይብሉ ውጹእ ሓሶት ምዃኑ ብተደጋጋሚ ገሊጹ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ብዛዕባ'ቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝለኣኾ መልእኽቲታት ኣመልኪቱ ብ26 ሰነ 2025 ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መልሲ፡ መልእኽቲታት ኢትዮጵያ ነቲ "ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚሩ ዝዳለወሉ ዘሎ ኲናት ሓገዝ ንምርካብ፡ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ንምድንጋር ዝጥቀመሉ ዘሎ ቅሉዕ ሜላ እዩ" ክብል ገሊጹዎ። ኣስዒቡ ከኣ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ተቆጻጺሩ ዘሉ ሰልፊ ብልጽግና ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓመት ዘይምኽኑይ መግለጺታት ክህብ ከምዝጸንሐ ብምጥቃስ፡ "እንተ ኸኢሉ ንወደባት ኤርትራ ብሕጋዊ መልክዕ ንምቁጽጻር፡ እንተ ዘይኮኑ ድማ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ንምሓዝ" ወተሃደራዊ ፈኸራታትን ምፍርራሕን ይጥቀም ዘሎ ኣረዲኡ። እቲ ስርዓት ካብ ምዝራብ ሓሊፉ ኣብ ሽመተ ኣጽዋርን ኣዕናዊ ተግባራትን ተጸሚዱ ኣሎ። እዚ ናይ ኢትዮጵያ ምጉብዕባዕን ፈኸራታትን ንሉኣላውነት ኤርትራን ሰላማዊ መሬታን ከምኡ ድማ ንዞባዊ ርግኣታ ሓደገኛ'ኳ እንተኾነ፡ ኤርትራ ግን ልዑል ነብሰ ምግታእ ክትገብር'ያ መሪጻ። » (55)

9 -ብዙሓት ተቃወምቲ ሓይልታትን ኢትዮጵያውያን ተመራመርቲን መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ'ቲ ብኩሉ መኣዝን ከቢቡዎን ናብ ሓደገኛ ኣንፈት ዝመርሓን ዘሎ ውሽጣዊ ሽግራት ኢትዮጵያ ንምህዳም ምስ ኤርትራ ሽግራት ኣብ ምምሃዝ'ዩ ዝርከብ ክብሉ ይገልጹ ኣለዉ። እቲ ኩነታት ከምዚ ዝተገልጸ እንተ ድኣ ኮይኑ ብሓዊ ምጽዋት እዩ።

10 -ኣባላታ ጸጥታ ኢትዮጵያ፡ ኣንጻር ኣባላት ዲፕሎማስያውያን ልኡኻት ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ ገበናት ይፍጽሙ ኣለዉ። በዚ ድማ ንዲፕሎማስያዊ ዝምድና ዝገዝእ ስምምዕ ቬና ብቅሉዕ ይግህሱ ኣለዉ።
11-ክፍሊ ጸጥታ ኢትዮጵያ ኣንጻር'ቶም ምስ ፖሊሲ ሃገሮም ዘደናገጹን ዝድግፉ ኤርትራውያን ዜጋታት ግፍዒታት ይፍጽሙ ኣለዉ።
12-መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቶም ናይ መንነት ሽግር ዘለዎምን ብናይ ስልጣን ሕማም ዝሳቐዩን ተመኩሮ ሰውራ ኤርትራ ዝተፍኦም ጉጅለታት ዝሓረረ መጻወቲ ካርታ ኣሎና ስለዝበሉዎ ጥራሕ ሓቀኑፉዎም ይርከብ።

# ስርዓት ኣቢ ኣሕመድ - - - ንዝኸተመሉ ስምምዓት ዘየኽብር!!



ኣቢ ኣሕመድ ስልጣን ኢትዮጵያ ካብ ዝተቆጻጸረሉ 2018 ጀሚሩ፡ ኤርትራ፡ ሶማል ኢትዮጵያን ብ5 መስከረም 2018 ኣብ ኣስመራ፡ ብ10 ሕዳር 2018 ኣብ ባህርዳር፡ ብ26 ጥሪ 2020 ድማ ኣብ ኣስመራ ብድምር ሰለስተ ስምምዓት ኸቲመን ኣለዋ።

**1-ስምምዕ ኣስመራ** - 2018
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ሶማል ነበር መሓመድ ዓብደላ መሓመድን ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድን ኣብ ዋና ከተማ ኤርትራ ብ5 መስከረም 2018 ኣብዘን ዝስዕባ ክልተ ቀንዲ መሰረታውያን ነጥቢታት ዘተኮረ ስምምዕ ኸቲሞም።
ሀ- ናጽነት፡ ሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ሰለስቲኣን ሃገራቶም ምኽባር።
ለ- ዞባዊ ጸጥታን ሰላምን ንምድልዳል ሰለስቲኣን ሃገራት ተወሃሂደን ይሰርሓ። [56]

**2-ስምምዕ ባህርዳር** - 2018

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ሶማል መሓመድ ዓብደላ መሓመድን ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድን ብ10 ሕዳር 2018 ኣብ ባህርዳር ስምምዕ ኸቲሞም። ሉኣላውነት ሶማልን መሬታዊ ሓድነቱን ፖለቲካዊ ናጽነቱን ከም ዘኽብሩ ድማ ኣረጋጊጾም። ንህዝቢ ሶማልን ፌደራላዊ መንግስቲ ሶማል ምስ ኩሉ ትካላቱን ከም ዝሕግዙ ድማ ቃል ኣትዮም። [57]

**3-ስምምዕ ኣስመራ** - 2020

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ሶማል ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድን ብ26 ጥሪ 2020 ኣብ ርእሲ'ቲ ካልእ ጉዳያት ብተወሳኺ ኣብዚ ዝስዕብ ንዕኦም ጥራሕ ዘገድስ ክልተ መሰረታዊ ነጥቢታት ዘተኮረ ስምምዕ ኸቲሞም።

ሀ- 'ሰለስቲኦም መራሕቲ በቲ ኣብ መስከረም 2018 ዝኸተምዎ ሰለስተ ስምምዓት ይምእዘዙ። ኣብ ተግባር ውጽኢት ዘምጽአ ሓባራዊ ጻዕሮም ኸኣ ገምጊሞም።

ለ- "ሰለስቲኦም መራሕቲ ናይ 2020ን ድሕሪኡ ዘሎን ሓባራዊ ናይ ስራሕ ውጥን ኣጽዲቆም። ኣብ ቀንዲ ክልተ ዕላማታት ዘተኮረ ከኣ ነይሩ። ንሱ ኸኣ፦ ሰላምን ጸጥታን ርግኣትን ምድልዳልን ቍጠባውን ማሕበራውን ልምዓት ምድንፋዕን። ኣድማዒ ዞባዊ ምትሕግጋዝ ንምሕያል ከኣ ሓባራዊ ጻዕሪ ከካይዱ ተሰማሚዮም። [58]

እንተኾነ ግን ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድን ስርዓቱን ነዚ ምስ ኤርትራን ሶማልን ዝኸተምዎ ሰለስተ ስምምዓት ኣየኽበርዎን። ንኣብነት

1-ስርዓት ኣቢ ኣሕመድ ብዋጋ ፌደራላዊ መንግስቲ ሶማል እቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ምስ ዞባዊ መንግስቲ ሶማሊ-ላንድ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ስምምዕ ብምኽታም ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሶማል ምትእትታው ፈጺሙ እዩ።

2-መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ዞባዊ መንግስቲ ሶማሊ-ላንድ "ናይ ምርድዳእ መዘክር" ብምኽታም ንሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ሶማል ግሂሱ። ምስ ዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን ውዕላትን ሕጊታትን ፍጹም ብዝጻረር ኣገባብ ከኣ ንፌደራላዊ መንግስቲ ሶማል ጎስዩ።

3-ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድ ኣቀዲምና ከም ዝጠቐስናዮ፡ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝርከባ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ እንኮላይ ኤርትራ ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብ ሓይሊ ክጥቀም እየ እናበለ ከፈራርሕ ይርከብ። ዋላ'ኳ ሓሳቡ ብምቅያር ንኤርትራ ኣየፈራርሕን እየ እንተ በለ፡ ብስእሊን ድምጺን ተሰኒዱ ዘሎ መግለጺታቱ ግን ብኣንጻሩ እዩ። ከም ዝፍለጥ ሃገራት ዞባና ብፍላይ ከኣ ሶማልን ኤርትራን በቲ ከም ነፋሒቶ ዝለዋወጥ ፖሊሲታት ኣቢ ኣሕመድ ብዙሕ ግዜ ተሳቕየን እየን። ካብዚ ክንርድኦ እንኽእል ድማ ስርዓት ኣቢ ኣሕመድ፡

1-ብቲ ዝኸተሞ ስምምዓት ኣይምእዘዝን ኣየኽብርን እዩ። ናይ'ዚ ኣብነት ከኣ ነቲ ምስ ሶማልን ኤርትራን ዝፈረሞ ሰለስተ ስምምዓት ምግሃሱ እዩ።
2-ብቲ ኣብዚ ዝስዕብ ዝተመስረተ ኣህጉራዊ ሕጊታትን ውዕላትን ኣይምእዘዝን ኣየኽብርን እዩ።
2-1፦ ኣብ መንጐ ሃገራት ዝኸተም ውዕላትን ስምምዓትን ምኽባር።
2-2፦ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገራት ዘይምእታው።
2-3፦ ኣብ መንጐ ሃገራት ሓይሊ ዘይምጥቓምን ብሓይሊ ዘይምፍርራሕን።
3-ነዚ ዝስዕብ ዝገልጽ ቻርተራት ውድብ ኢጋድ፡ ውድብ ሕብረት ኣፍሪቃን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣየኽብርን እዩ።
3-1፦ ሉኣላውነት ሃገራት ምኽባር።
3-2፦ መሬታዊ ሓድነት ሃገራት ምኽባር።
3-3፦ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገራት ዘይምእታው።
3-4፦ ኣብ መንጐ ሃገራት ንዝኸሰት ፍልልያት ብሓይሊ ዘይምፍታሕ።

ብሓጺሩ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ከምቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢ ኣሕመድ ዝበሎ፡ ብውሕዱ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስን ቀይሕ ባሕሪን ኣፍደገ ንምርካብ "ብኲናት ይኹን ብሰላም" ኣስፋሕፋሒ ኣጀንዳኡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምርግጋጽ'ዩ ዝደሊ። ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለየ ምኽንያታት ካልእ ዕላማታት ንምርግጋጽ ኣብ መጻኢ ነዚ ኣስፋሕፋሒ ፖሊስታት ክኽተል ይኽእል እዩ። ዝኾነ ኮይኑ እዚ ኣስፋሕፋሒ ናይ ኢትዮጵያ ኣጀንዳ ኣብ ባይታ ናይ ምትግባሩ ወተሃደራዊ ዓቕሚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዘየገድስ፡ ንኹሉ ክፍለዓለማውን ኣህጉራውን ቻርተራትን ውዕላትን ብቕሉዕ ዝግህስን ንፖሊሲ ስርዓት ኣቢ ኣሕመድ ብልክዕ ዘንጸባርቕን እዩ።

## ስርዓት ኣቢ ኣሕመድን ናይ ወጻኢ ኪዳናቱን

1-ካብ'ቲ ኣብ 1990 ኣብ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝተጸንበረሉን ኣብ ክፍሊ ወተሃደራዊ ስለያ ዝሰርሓሉን እዋን ጀሚሩ ኣብ ኢትዮጵያን ዞባን ከም ናይ ኣሜሪካ መሳርሒ'ዩ ዝፍለጥ።
2-ኣቢ ኣሕመድ ሽልማት ኖቤል ክረክብ ዝኸኣለ ናይ ኣጋጣሚ ወይ ነቲ ኤርትራ ብቐጥታ ብ13 ሚያዝያ 2003 ዝተቐበለቶ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ድሕሪ 16 ዓመት ብ2018 ስለዝተቀበሎ'ውን ኣይኮነን።
3-ብ26 መስከረም 2022 ዝተዘርግሐ ምስ "ዛንዮ ዮርከር" ኣብ ዝገበሮ ዝርርብ ኣቢ ኣሕመድ "ኣብ ኲናት ዒራቕ ምስ (ኣሜሪካውያን) ኮይነ ተዋጊአ። ካብዚ ቦታ'ዚ ኸኣ ናብ ወኪል ሃገራዊ ድሕነት ብዛዕባ ሱዳን፡ የመንን ሶማልን ስለያዊ ሓበሬታ እልእኽ ነይረ። ወኪል ሃገራዊ ድሕነት ይፈልጠኒ እዩ። [59]

4-ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢ ኣሕመድ “ኣነ ምእንቲ ኣሜሪካ ክዋጋእን ክመውትን ድልዊ እየ” ኢሉ። (60) እዚ መግለጺ'ዚ ካብ ዝኾነ መግለጺን መብርሂን ንላዕሊ እዩ።

***መደምደምታ***

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ብሕጽር ዝበለ ምድምዳም ዝከኣል፡ ፖሊሲ ኢትዮጵያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ካብ መስፍናዊ ዘመን ሃይለስላሴ ክሳብ ዘመነ ዓሌታዊ ስርዓት ኣቢ ኣሕመድ ዓሊ ኣብ ሸውዓተ መሰረታዊ ባህርያት ዝተመርኮሰ ምዃኑ፡ ማለት፣

1-ጎረባብቲ ሃገራት ምውራር
2- ናይ ምስፍሕፋሕ ፖሊሲ ምኽታል።
3 --ብሰላም ወይ ብሓይሊ ፖሊሲ ውሁብ ኩነት ምፍጣር።
4 -ሉኣላውነት ሃገራት ቀርኒ-ኣፍሪቃ ምግሃስ።
5-ካብ መግዛእቲ ዝተወርሰ ኣህጉራዊ ዶብ ዘይምኽባር።
6-ኣህጉራዊ ውዕላትን ሕጊታትን ምጥሓስ።
7-ናይ ወጻኢ ሓይልታት ኣጀንዳ ምትግባር።

ኣብ መጨረሽታካብ 1930 ክሳብ ሎሚ 2025 ኣብ ኢትዮጵያ ዝተወራረሱ ስርዓታት ኣብ ክንዲ ናይ ዘይግነት፡ ምዕሩይ ልምዓትን ማሕበራዊ ፍትሒን ሃገር ዝሃንጹ፡ መስፍናዊ፡ ምልካዊ ወተሃደራውን ብሄራዊን ዓሌታውን ስርዓታት'ዮም ክኽተሉ ጸኒሖም። እዚ ኸኣ ህዝብታት ኢትዮጵያ ናብ መወዳእታ ዘይብሉ ዓሌታውን ብሄራውን ግርጭታት ሸሚሙዎ ፡ ቁጠባኣ ኣዕነወ፡ ጥሜት ፈጢሩ ፡ ዕዳ ኣዋህሊሉ፡ ገንዘብ ህዝቢ ኣባኺኑ፡ ንሓድነት ናይ'ታ ሃገር ብምድኻም ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ኢትዮጵያ ዘይርጉእ ኩነታት ፈጢሩ። ንፍሉይ ጉጅለ እንተ ዘይኮይኑ ንረብሓ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘገልግል ስርዓት ኣይመጸን። ኣብ ርእሲ'ዚ ኸኣ ንርግኣትን ሰላምን ጸጥታን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝዘርግን ንናይ ወጻኢ ሓይልታት ረብሓታት ብፍላይ ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ዘገልግል ኮይኑ።

መስከረም 2025

# መወከሲ

1- Minister Osman Saleh gave briefing to Diplomatic community.

www.ECSS online

March 19, 2025

2 -ጋዜጣዊ መግለጺ ኢትዮጵያ፡ ኲናት ንምውላዕን
ርትዓዊ ንምምሳሉን ሰበብ ሃሰው ትብል
ሚኒስትሪ ዜና June 26,2025

3 – ንዞባዊ ሰላምን ኣህጉራዊ ሕግን ንሓደጋ ዘቃልዕ ዕንደራ!
"ኤርትራዊ ሰነድ"
16 መስከረም 2025
www.Eritrea:ecss-online.

4 -Which Way to the sea, Please? By Nuraddin Farah
Horn of Africa — Journal October/December 1978 Volume 1,
Number 4, Pgs 31-36 Republished by Wardheer News March 4, 2015

5 - United Nations Charter

https://www.un.org/en/about-us/un-charter

6 - Constitutive Act of the African Union

https://au.int/sites/default/files/pages/34873-file-constitutiveact_en.pd

7 – Agreement Establishing the Inter-Governmental Authorithy on Development Assembly of Heads of State and Government. Nairobi, 21 March 1996.

file:///C:/Users/noune/Downloads/1996_AGREEMENT%20ESTABLISHING%20IGAD%20(1).pd

8 -Transcript of a meeting called by PM of Ethiopia and the influential members of OPDO leadership that are in decision making of the Oromia and federal government.

9 - Visite du Premier ministre Ethiopia a Paris le 29 Octobre 2018 ambafrance.org

10 - Ethiopie ; Les Ambitions Maritimes d'un Etat Enclave.
Ministere des Armees
https;//www.defense.gouv.fr
Breves marines
N0 224
Juin 2019

11 - Russian Navy delegation witness Ethiopia's effort to build modern navy.
February 18, 2022
Addis Standard

12 - Ethiopia, Russia agree to jointly explore naval cooperation
March 15, 2025
Addis Stabdard

13 - ሽርክነታዊ ስምምዕ ኣብ መንገ “ኣህጉራዊ ወደባት ዱባይን” “ሶማሊ-ላንድን” ኢትዮጵያን ኣብ ወደብ በርበራ።
ኣገልግሎት ዜና ኢማራት ዓረብ
1 መጋቢት 2018

14 - Federal Republic of Somalia
Ministry of Port and Marine Transport
Media Release
2nd March 2018

15 - መደረ ወኪል ሶማል ኣብ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ኣብ ካይሮ
6 መጋቢት 2018

16 - UNSOM renewal statement by Abukar Osman. Somalia Permanent Representative at UN
27 March 2018

17 - Ethiopia upgrades its consular on Somaliland to ambassador.
27 Jan 2022.
https;/hiiraan.com/

18 - “We are buffer zone for Ethiopia”
February 25, 2023
https;// www. Thereporterethiopia.com

19 - ከጠብታ ውሃ እስከ ባሕር ውሃ
https;//www. Youtube.com/watch?v=8nIKFOIF2Tw

20 — በቀይ ባህር ዙሪያ ጠ/ሚ ዐቢይ አሕመድ ETV
July 3, 2025

21 - Historic Dialogue Initiated Between Somalia and Sommaliland with Djibouti as Mediator.
Somali National News Agency

22 - Op.Cit

23 - Memorandum of understanding (MOU) of cooperation and partnership Betweem Somaliland and Ethiopia
January 1st 2024
Addis Ababa, Ethiopia.

24 - For Immediate Release
The Republic of Somaliland Government signs Memorandum of Understanding (MOU) with Federal Democratic Republic of Ethiopia For Seaport Access in Exchange for International Recog

Jan 03, 2024
Somaliland, Ministry of Foreign affairs and International Cooperation

25 - Resolution by the federal Government of Somalia Regarding Ethiopia’s Breach Somalia Sovereignty.
The federal Republic of Somalia.
02/01/2024

26 - A memorandum of Understanding (MOU) for Partneship and Cooperation has been signed between the Federal Democratic Republic of Ethiopia and Somaliland.
FDRE Government Cummunication Service.
January 3, 2024, Addis Ababa.

27 - Readout of the Secretary- General’s phone call with H.E.Mr.
Hassan Sheikh Mohamud, President of the Federal Republic of Somalia
Antonio Guterres, Secretary General.
10 January 2024, ttp;/www.un.org/s

28 - The Chairperson of the African Union Commission calls for mutual respect Between Ethiopia and Somalia https;au.int/es/43422
January 4, 2024

29 - ጠቕላሊ ሰክረታርያ ውድብ እስላማዊ ምትሕግጋዝ ምስ ፌደራላዊ ሪፓብሊክ ሶማል ዘለዎ
ምድግጋፍ ይገልጽ። ሉኣላውነታን መሬታዊ ሓድነታን ክኽበር ድማ ብጽኑዕ ይሕብር።
ዕለት 04/01/2024
https;//www.oic-oci.org/

30 - Resolution 8988 issued by Extraordinary Session of the Council of the League of Arab States at Ministerial Level on Support of the Federal Republic of Somalia Addressing Aggression against Sovereignty and Territorial Integrity.

Cairo, January 1, 2024.

31 - Communique of the 42nd Extraordinary Assembly of IGAD Heads of States and Government
January 18, 2024
https;//igad.int/communique-of-the-42nd —extraordinary-assembly-of-igad-heads-of-states-and-government

32 - Ethiopia/Somalia; Statement by the Spokespeson on the territorial Integrity of the Federal Republic of Somalia.
02/01/2024
https;//www.eeas.europa.eu/eeas/ethiopiasomalia-statement spokesperson-territorial-integrity-federal-republic-somalia-en

33 - G7 foreign ministers statement
April 14, 2024
https;//www.state.gov/g7-italy-2024-foreign-ministers-statement-on-addressing-global-challenges-fostering-partnerships

34 - መልእኽቲ ጠቕላሊ ሰክረታርያ ባይቶ ምትሕግጋዝ እስላም ናብ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ
9 ጥሪ 2024
S/2024/35 UNSC

35 - መልእኽቲ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ናብ ባይቶ ጸጥታ
12 ጥሪ 2024
A/78/716-S/2024/57

36 - Consultations on the situation between Ethiopia and Somalia under the "Peace and Security in Africa" Agenda Item 28 January, 2024
www.securitycouncilreport.org.

37 - Identical letters dated 29 January 2024 from the permanent Representative of Somalia to the United Nationb addressed to the Secretary General and

The president of the Security Council.
Security Council, S/2024/10929 January 2024.

38 - Somalia President Press Conference of 19 February 2024 in Addis Ababa.
Video’s link; https;//x.com/i/status/1758903836926779429

39 - ብ200 ኲባንያታት - - ቱርኪ ዝለዓለ ናይ ወፍሪ ሓይሊ ኣብ ኢትዮጵያ
3 ጥሪ 2024
https;//www.aa.com.tr/ar

40 - ቱርኪን ሶማልን ናይ ምክልኻልን ቍጠባን ምትሕግጋዝ ስምምዕ ይኽትማ።
9 ለካቲት 2024
https;//www.aa.com.tr/ar

41 - ቱርኪን ሶማልን ናይ ነዳዲን ጋዝን ምዕዳን ሓድሽ ስምምዕ ሓድሽ ስምምዕ ይኽትማ።
25 ጥቅምቲ 2024
https;//www.aa.com.tr/ar

42 - መርበብ ኤክስ ፕረዚደንታዊ ቱርኪ - 84
X@tcbest.ar

43 - 4 January 2024, Statement of the Spokesperson of the Ministry of foreign Affairs Mr. Oncu Keceli, in Response to a Questioin Regarding the Memorandum of Understanding 2024g signed between Ethiopia and Somaliland on January 1, 2024
https;//www.mfa.gov.tr/

44 - መንጐኝነት ቱርኪ ኣብ መንጐ ኢትዮጵያን ሶማልን ይዕወትዶ?
ተለቭዥንን ኣልጀዚራ
24 መስከረም 2024

45 - Djibouti offers Port to defuse Ethiopia-Somalia tension

August 31, 2024
By Harun Maruf
https;//www.voanews.com

46 - Communique, Ankara Declaration
December 11, 2024

47 - Abiy Ahmed first speech as prime minister
April 2, 2018
https;//youtube/JzUhUVRGaZA

48 - ቃለ መሕትት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ እስትራተጂያዊ ማእከል መጽናዕቲታት ኤርትራ።
January 15, 2022
www.ecss-online

49 - ካብ ናይ ቅድም መወከሲ

50 - ካብ ናይ ቅድም መወከሲ

51 - ካብ ናይ ቅድም መወከሲ

52 - The UN and US archives

53 - To avoid another conflict in the Horn of Africa, now is the time to act.
https;//.www.aljazeera.com/
Published On 17 Feb. 2025January

54 - Federal Democratic Republic of Ethiopia, Ministry of Foreign Affairs.
Ethiopian Minister of Foreign Affairs letter to the Secretary of State of USA.
20 June 2025

55 - ጋዜጣዊ መግለጺ

**ኢትዮጵያ፡ ኩናት ንምውላዕን ርትዓዊ ንምምሳሉን ሰበብ ሃሰው ትብል**

**ሚኒስትሪ ዜና**

June 26,2025

Eritrea: ecss-online.com

56 - Joint Declaration on comprehensive Cooperation Between Ethiopia, and Somalia and Eritrea.
Asmara, Eritrea September 6,2018

57 - Joint statement on the Bahr Dar Meeting Between the leaders of Ethiipia, Somalia and Eritrea.
Bahr Dar, 10 November 2018

58 - Heads of State and Government Meeting Between Eritrea, Ethiopia and Somalia Joint Communique
Issued in Asmara, Eritrea on 26 January 2020

59 - Did a Nobel Peace Laureate Stoke a Civil War?
The New Yorker
The palace Gates Is the Prime Minister of Ethiopia rebuilding his Country or tearing it apart?
By Jon Lee Anderson
September 26, 2022

60 - ibid